
መዓልታዊ ሾብዓተ
ጸሎት
ሰዓታት

መጽሓፍ፡- መዓልታዊ ሾብዓተ ጸሎት ሰዓታት
ኣቐራብን ተርጓሚን፡- ኣባ ቢጂሚ ኣል ኣንባ ቢሾይ
ብሓልዮት፡- ሃገረ ስብከት ቡሔራ ግብጺ
ቤትማኅተም፡- ቤት ማሕተም ገዳም ሰማእት ሚናስ ኣብ ማርዩጥ ግብጺ።
1ይ ሕታም፡- 2001
Registed No. :- 5162 / 2001
I.S.B.N. :- 977 - 5809 - 06 - 1



ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ሺኖዳ-፫ይ
መበል 117 ፓፕ መንበረ ማርቆስን
ፓትሪያረክ እስክንድርያን



ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ-፩ይ
ቀዳማይ ፓትሪያርክ ኤርትራ



ብፁዕ ወቅዱስ ሜትሮፖሊታን ባኾምዮስ
ጳጳስ ሃገረስብከት ቡሔራን ተኸተልትኣን
ናይ ግብጺ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን

ናይ ምስጋና ጸሎት፥ ንኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ምሥጢራዊ መልክዓ እዩ። እዚ ናይ ጸሎት ምስጋና እዚ ነዛ ጥንታዊት ቤተ ክርስቲያን፥ ካብ ቅድም ኣትኂዙ ሥርዓታን ቅዋማን ኮይኑ ይግልገለሉ ኣሎ። እቲ ዓሚቍ ናይ ጸሎት ምሥጢር ከኣ፥ ነቲ ካብኡ ብንጽሕና ዝካፈል ኣማኒ፥ ኣብ ዓለም ብናይ ሰማያዊ ሕይወት ከምዝመላለስ ይገብሮ።

መጽሓፍ ቅዱስ፥ እቲ ዝተገልጸልና ቃል ኣምላኽ ኮይኑ፥ ንኹሉ ክርስቲያን ብመንፈሳዊ ጉዕዞ ዝመርሕን፥ መሠረት ሕይወት ንድኅነትን እዩ። ብፍላይ ድማ መዝሙር ነቢይ ዳዊት፥ እቲ ቀንዲ ናይ ምስጋና መጽሓፍ እዩ። ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ መዝሙር ዳዊት ብዙኅ ይጠቅስ ነበረ። ከምኡውን ኣቦታትና ቅዱሳን ሓዋርያት። ስለዚ፥ መዝሙር ዳዊት፥ ናይ ጸሎት



መምህርን መምሃርን ኮነ። ሓዋርያ ጳውሎስ ውን (1ይ ቆሮ.14፥26) "ምስ እትእከቡ ነፍሲ ወከፍኩም መመዝሙሩ ኣለዎ" ይብል። ናይ እስክንድርያ ኣቦታት፥ ነዚ ሓቂ እዚ ምርኳስ ብምግባር፥ እዛ ንድኅነት ደቃ እትግደስ ደቃ ኣብ ምድሪ ከለዉ ብሰማያዊ ሕይወት ኪመላለሱ እትጽዕር ናይ ሓዋርያ ቅዱስ ማርቆስ ቤተ-ክርስትያን፥ ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞኣ፥ መዝሙር ዳዊት ዘለዎ መጽሓፈ ጸሎት ከምዘድሊ ተገንዘበት። ብመሰረት እቲ ነቢይ ዳዊት (መዝ. 119፥184)" ስለ ጽድቂ ፍርድኻ ኣብ መዓልቲ ሸውዓተ ሳዕ ኣመስግነካ ኣሎኹ" ዝበሎ። ኣቦታትና ነዚ ብምስትውዓል፥ "መዓልታዊ ሸውዓተ ጸሎት ሰዓታት" "AGPIA" ብዝብል ስያሜ መጽሓፍ ጸሎት ኣዳለዉ።

እታ ፍቕርቲ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፥ ብኃላፍነት ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ

ፊልጶስ-፩ይ ፓትሪያርክ ኤርትራን ኤጲስቆጶሳትን፥ ንዝለዓለ መንፈሳዊ ትምህርቲ ካህናትን ዲያቆናትን ናባና ምስ ለኣኸት፥ ብኢድ ውፉይን ናይ ዘመንና ልዑል መምህርን ዝኾኑ፥ ቅዱስ ኣቦና ሺኖዳ-፫ይ ፓፕ መንበረ ሓዋርያ ቅዱስ ማርቆስን፥ ናይ እስክንድርያ ፓትሪያርክን፥ ይማሃሩ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፥ እዚ መጽሓፈ ጸሎት ሸውዓተ ሰዓታት ንኦርቶዶክስ ምእመናን ኤርትራ፥ መንፈሳዊ ዕብየትን ምጽንናዕን ከውህብ ከምዝኽእል ብምስትብሃልን ኣድላይነቱ ብምርዳእን፥ ብመንፈሳዊ ቅንኢ ተደሪኸ ነዚ መጽሓፍ ጸሎት እዚ፥ ንኣባ ቢጂሚ ኣል ኣንባ ቢሾይ፥ ካብ ዓረብኛ ናብ ትግርኛ ቋንቋ ንኽትርጉሞ ኣዘዝኩ።

እዚ መጽሓፍ ጸሎት እዚ ንናይ ግብጽን ኤርትራን ኦርቶዶክስ መእመናን፥ ኣገባብ መጸልይኦም ኪኾኖም ኣብ ገዛኦም ብውልቂ ይኹን ብሥድራቤት፥ ኣብ መንፈሳውያን



ጉባዔታትን ኣብያተ ትምህርቲ ሰንበትን፥ ኪጽልይዎ ከለው ንመንፈሳዊ ሕይወቶም ልዕል ከብሎም ከምዝኽእልን፥ ብተወሳኺ፥ ንክልተ ኣኀት ግብጽን ኤርትራን ኣብያተ ክርስቲያን ሓድነተን ዘደልድልን፥ ብሓደ ልቢ ንልዑል ፈጣሪ ጸሎት የቕርባ ምህላወንን ዘረጋግጽን ናይ ሓባር ሥርዓት ቤተክርስቲያንን ኣምልኾትን ዘመልክትውን እዩ። ብኡኣቢሉ ድማ፥ ሕዝቢ መዝሙር ዳዊት ንኽጽንዕ ኣፍደገ ኪኸፍተሉ እዩ።

ከምቲ መምህርናን ኣቦናን ፓትርያሪክ ቅዱስ ሺኖዳ-፫ይ "መዝሙር ኣጽንዓዮ እሞ መዝሙር ከጽንዓካ እዩ" ዝበልዎ ክርስትና ሕይወትና ኪጸንዕ ዝኽእል ብጸሎት እዩ። ነዚ መዝሙራት ዘለዎ መጽሓፈ ጸሎት እዚ ዚጽሊ ነፍሲወከፍ ኣማኒ፥ ኣብ ቤተክርስቲያን ይኹን ኣብ ሥራሕ ዓርኪ፥ ኣብ መገሻ ከአ መሰነይታ ኪኾኖ እዩ።

እቶም ካብ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ቤተክር ስቲያን ንመንፈሳዊ ትምህርቲ ዝመጹ ቀዳሞት ተማሃሮ ደቅና፡-

ቀሺ ወልደ ሚካኤል ፍስሃየ

ቀሺ ሃብተማርያም ክብረኣብ

ቀሺ ገብረመድህን ገብረጊዮርጊስ

ቀሺ ሳሙኤል ጸጋይ

ቀሺ ታደሰ ዘርኦ

ቀሺ ቃለኣብ ገብረሥላሴ

ቀሺ ሓጎስ ዳኛም

ዲያቆን ሠመረኣብ ወልደ ገብሪኤል

ትምህርቲ ብዓወት ዛዚሞም ናብ ወላዲት ሃገሮም ምስ ተመልሱ፣ ነቲ ካብ ናይ እስ ክንድርያ ኣቦታት ዝተማሃርዎ ትምህርቲ ኣብ



ተግባር ብምውዓል፣ ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ንኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስቲያን፣ ኣብ ጸሎት ዝተመሥረተ ሓድነት ልቢ ዝሓንፅ መንፈሳዊ ሥራሕ ክፍጽሙ እትስፎ።

እዚ መንፈሳዊ ሕይወት ዝህብ መጽሓፍ ጸሎት እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገዛ፣ ኣብ ኵሉ መንፈሳዊ ኣብያተትምህርትን ኣብያተክርስ ቲያንን ተኣታትዩ፣ መእመናን ንክርስቶስ፣ ክርስቶስ ንመእመናን ሓደ ኽገብር ዘሎኒ ልባዊ ትምኒተይ እገልጽ።

ብኣማላድነት ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም፣ ብጸሎት ቅዱሳን መላእኽ ትን ጻድቃንን፣ ብጸሎት ሓዋርያ ቅዱስ ማርቆስን፣ ብጸሎት ፍቁር ኣቦና ቅዱስ ሺኖዳ-፫ይ፣ ፖፕ መንበረ ሓዋርያ ቅዱስ ማርቆስን ፓትርያርክ እስክንድርያን፣ ብጸሎት ፍቁር ኣቦና

**ቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ-፩ይ ፓትርያርክ ኤርትራን፥ ብጸሎት ኩሎም ጳጳሳትን ኤጲስቆጶሳትን**

**ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና ክብርን ምስ ጋናን ውዳሴን ግርማን ሎምን ንዘለዓ ለም ዓለምን ኣሜን።**

ሜትሮፖሊታን ጡኾምዮስ

ጳጳስ ግብጽ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ሃገረስብከት ቡሔራንI ታሕሪርንI ማጥሩሕን፥ ሓሙሽተ ምዕራብ ዓድታትን።



ልደት ጐታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ

ዕለት 07/01/2001 ካይሮ ግብጺ።



እዚ መጽሓፍ ጸሎት እዚ፥ ብውልቂ ኮነ ብሓበራ ንምጽላይ፥ ዘገልግል መንፈሳዊ መጽሓፍ እዩ።

## ሀ፡- ውልቃዊ ጸሎት

"፩" ንበይንኻ ኣብ እትጽልየሉ እዋን፥ ብምስትንታን ናብ ኣምላኽ ክትጽሊ ምእንቲ ክትክእልሲ፥ ብሑት ቦታ የሃሉኻ። ኣናብባ ጸሎትካ መልክዕ ዜማ ዝንዘን ትሕት ዝበለን ይኹን።

"፪" ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ እትጽልየሉ ግዜ ንምብራቕ ገጽካ ርእ፥ ብፍርሃት እግዚ ኣብሔርውን ደው በል። ደው ኢልካ ክትጽሊ ዘይክኣለካ እንተኮይኑ፥ ንምብራቕ ገጽካ እና ረአኻ ብሥነ-ሥርዓት ኮፍ ኢልካ ጸሊ።

"፫" በዓለ-እግዚኣብሔርንI ቀዳመ-ሰንበትን፥ እንተዘይኮይኑ ንናይ ንግሆI ሣልሰይቲI ሻዱሸይትን ታሽዓይትን ሰዓታት ጸሎት፥

ኣብ ነፍሲ ወከፈን ሓደ ጊዜ እናሰገድካ ጸልየን።

“፬” ስም እግዚኣብሔር ኣብ እትጽዋዓሉን፥ ጸሎት ኣብ እትጅምረሉን፥ ኪርያላይሶን ኣብ እትብለሉን፥ ኣብ እትሰግደሉን እዋን፥ ብትእ ምርተ መስቀል፥ ማለት በጻብዕትኻ ካብ ግን ባርካ ናብ ኣፍ-ልብኻ፥ ካብኡ ናብ ጸጋማይን የማናይን መንኮብካ፥ ኣማዕትብ።

“፭” ንግሆ ቅድሚ ዝኾነ ስራሕ ምጅማርካ፥ ናይ ንጉሆ ጸሎት ብተርታ ጸሊ።

ካብኡ፥ ቅድሚ ፍርቂ-መዓልቲ ዘሎ ግዜ፥ ካብ ሣልሰይቲ ሰዓት፥ ክሳዕ ታስዓይቲ ሰዓት ዘለዋ ጸሎት ጸልየን። ካብ ሰዓት ሠለስተ ክሳዕ ዕራርቦ ዘሎ ግዜ ኸኣ፥ ካብ ናይ ሰዓት ዓሰርተውሓደ፥ ክሳዕ ጸሎት ሓለዋ ጸልየን። ቅድሚ ምድቃስካ ኸኣ፥ ናይ ፍርቂ ለይቲ ጸሎት ጸሊ። እንተ ተኻእለካ፥ ማለት ግዜኻ



ዘፍቅደልካ እንተ ኾይኑ፥ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት በቢሰዓቱ ክትጽልዮ ጽቡቕ እዩ።

“፮” ንነፍሲ ወከፍ ሰዓት ጸሎት፥ ብመእተዊ ጸሎት ጀሚርካ፥ ብመዕጸዊ ጸሎት ተዛዘሞ። እንተድኣ ክልተ ወይ ሠለስተ ጸሎታት ብሓንሳእ ክትጽልሊ ኮይንካ፥ ሓንሳእ ብመእተዊ ጸሎት ጀሚርካ እተን ክተብጽሐን እትደሊ ጸሎታት ጸሊኻ፥ ብሓበራ መዕጸዊ ጸሎት ኣብጽሕ።

“፯” ፈለማይካ ኮይኑ፥ ንባባት መዝሙር ዳዊት እንተ ነዊሑካ፥ ንመጀመርያ ሠለስተ መዛሙራት ጥራይ ውሰድ፥ ድኅሪ ሓደ ወርኂ እንደገና ሠለስተ መዛሙራት ወሰኽለን፥ ከምኡ እናገበርካ ኩለን መዛሙራት ጸልየን።

“፰” ነዚ መዓልታዊ ጸሎት ሰዓታት እዚ፥ ብዝይካ ኣብ ሰሙነ ሕማማት፥ ሙሉእ ዓመት ክትጽልዮ ትኽእል።

## ለ፥-ማሕበራዊ ጸሎት

እዚ መዓልታዊ ጸሎት ሰዓታት እዚ፥ ኣብ ሰድራቤትን፥ ዝተፋላለየ ኣኼባታትን፥ ጉባዔታትን፥ ከምኡ ኸኣ፥ ኣብያተክርስቲያንን፥ ገዳማትን ክጽለየሉ ዝከኣል እዩ። ከምቲ ትእዛዝ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስን ሥርዓት ቤተ-ክርስቲያንናን፥ ብዕድመ ንዝዓብየካ፥ ብክህነታዊ ደረጃ ንዝቅድመካ፥ ሰብ እተኸብሮን ቀዳምነት እትህቦን፥ ከምኡ ድማ ኣብ ዝግበር ናይ ሓባር ጸሎት፥ መዓርገ ክህነት ዘለዎ ሰብ ምስ ዝርከብ፥ ንሱ ነቲ ጸሎት ይምራሓዮ።

"፩" ኣብ ሰድራቤት ምስ ዝኾውን፥ ኣቦ ይምራሕ፥ ምስ ዘይርከብ፥ ክመርሕ ዝኽእል ወዲ ይምራሕ፥ ምስ ዘይርከብ ወይ ዘይኽእል እንተድኣ ኮይኑ፥ ኣደ ትምራሕ፥ ምስዘይ ትርከብ፥ ክትመርሕ እትኽእል ጓል፥ ትምራሕ።



"፪" ኣብ ኣኼባታትን ጉባዔታትን፥ ኣወዳትን ኣዋልድን ተፍላልዮም ንምብራኽ ገጾም እናረአዩ ደው ይበሉ፥ በቲ ኣገባብ ክኣ መእተዊ ጸሎት ብቱሑት ድምጺ፥ ወይ ክኣ ኵሎም ብሓደ ድምጺ ብሓባር ብዓውታ ይጸልዩ። ካህን ምስ ዘይርከብ ዲያቆን ይምራሕ፥ ዲያቆን ምስ ዘይርከብ ብክመርሖ ዝኽእል ምእመን ይመራሕ።

ካብዚ ቐጺሉ መራሒ ጸሎት "ኣብዛ ብርኽቲ መዓልቲ እዚኣ ንክርስቶስ ንጉሠይን ኣምላኸይን ናይ ........ ጸሎት ሰዓት ምስጋና ኣቕርበሉ። ኃጢኣተይ ክኃድገለይ ክኣ እልምኖ።" ኢሉ መዛሙራት ንምጽላይ ይጅምር። ብድኅሪ እዚ፥ እቶም ንጸሎት ዝመጹ ልዕሊ ክልተ እንተ ኮይኖም፥ ንነፍሲ ወከፎም መዝሙር ይዓድሎም። ኵሉ ኸኣ ዝዝተዓደሎ መዝሙር ብትሑት ድምጺ ይጽሊ። እቲ መራሒ ጸሎት ክኣ ቀዳመይትን መወዳእታን መዝሙር ይጽሊ። ምስ ወድአ፥ መእተው

ጸሎት ወንጌል ብዓውታ ይብል፥ እቲ ከንብብ ዝተኣዘዘ ኣብ ቅድሚት ወጺኡ ገጹ ንምብራቕ ኣቢሉ ብዓውታ ነቲ ናይቲ ዝተ መደቦ ሰዓት ወንጌል ይጸሊ። ምስ ወድአ ሓንሳእ ይሰግድ፥ ንድኅሪት ተመሊሱ ነቲ መራሒ ጸሎት ካህን እንተ ኮይኑ ኢድ ይነሥእ፥ እንተዘይ ኮይኑ ኸኣ ተመሊሱ ኣብ ስፍርኡ ደው ይብል።

ካብዚ ቐጺሉ፥ እቲ ጸሎት ዝመርሕ ዓው ኢሉ፥ "ምስጋና ንኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ሎምን ኩሉ ሳዕን ኣሜን። ኦ ክርስ ቶስ ኣምላኽና ምስ ኄር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፥ ሎምን ኩሉ ሳዕን ንሰግደልካ ኣሎና። ኣሜን።" ይበል።

እቲ መራሒ ጸሎት፥ እተን ናይ መጀመ ርያ ሠለስተ ክፍልታት ጸሎት ዓው ኢሉ ይጸሊ፥ እተን ካልኦት ክፍልታት ከኣ ንጸለ ይቲ ምስተዓደላ ብልዑል ድምጺ ብሓበራ ይጽለያ። ስብሓትን ይእዜኒን ብዜማ በል።



እተን ኣርበዓን ሓደን ኪርያላይሶን ከኣ ጸለይቲ እናተቐባበሉ በዚ ኸምዚ ይጽለያ፦ እቲ መራሒ ጸሎት ሓንሳእ "ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና ኀድገልና" ኢሉ ሠለስተ ግዜ ኪርያላይሶን ይበል፥ መእመናን ከኣ ሠለስተ ግዜ ኪርያላይሶን ብምባል ይቕበ ልዎ። ብኸምዚ መራሒ ጸሎት ሸውዓተ ግዜ ሠለስተI ተመራሕቲ ከኣ ሸዱሸተ ግዜ ሠለስተ ምስ ኣብጽሑ፥ ቀጺሎም ናይ መወ ዳእታ ክልተ ግዜ ኪርያላይሶን ጥራይ ይብሉ። ብድኅሪ እዚ፥ ጸሎታት ነፍሲ ወከፍ ሰዓታት ጸሎት ብውልቂ ብቱሑት ድምጺ፥ ወይ ብ ሓባር ብዓውታ ምጽላይ ይካኣል።

"፫" ኣብ ማኅበራዊ ጸሎት ከኣ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ናይ መወዳእታ መሳናበቲ በረኸትን ኣብ ሰማይ እትነብር ኣቦናን ብምውሃብ ይፍጸም፦

## ናይ መወዳእታ በረኸት

<u>ሕዝቢ</u>፥- ኣሜን ሃሌ ሉያ ምስጋና ንኣቦን ንወድን ንመንፈስ ቅዱስን ሎምን ኩሉ ሳዕን ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን።

ኦ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፥ እነሆ ብዓቢ ድምፂ ከምዚ እናበልና ነመስግነካ ኣሎና። ንዓይኒ ማያትን ዝናማትንI ነዝርእትንI ነታኽልትንI ንዕምባባታትንI ንፍረታትንI ንንፋሳትንI ባርኸልና።

ኦ ጐይታ ምሕረትካን ሰላምካን ንሕዝብኻ ዕርድን መከላኸልን ይኹኑዎም።

ኦ ጐይታ ኣድኅነና ምሕረትካውን ኣውርደልና።

ኦ ጐይታ መሓረና፥ ኦ ጐይታ መሓረና፥ ኦ ጐይታ ባርኸና ኣሜን።

<u>ካህን</u>፥- <u>ኣብቅድሚት ወፂኡ ገጹ ንሕዝቢ ኣቢሉ ብኸምዚ ተጻሒፉ ዘሎ ይባርኽ፥</u> ኦ ኣምላኽ



ራኅርኃልናI ባርኸናI ገጽካ ኣብርሃልናI ምሕረትካውን ኣብ ልዕሌና ኣውርድ። ኦ ጐይታ ሕዝብኻ ኣድኅን ርስትኻ ባርኽ። ንዘለ ዓለም ኣስዮምን ልዕል ኣብሎምን። ንኽብሪ ኣመንትኻ ልዕል ኣብሎ። ብኃይሊ እቲ ወሃብ ሕይወት መስቀልካ፥ ብጸሎትን ምሕፅንታን እቶም ኩሉ ጊዜ ምእንታና መሥዋዕቲ ዘቕር ቡልካ፥ ብጸሎት ኣዴናን ንግሥትናን ቅድስት ድንግል ወላዲት ኣምላኽ፥ ብጸሎት ቅዱሳን መላእኽትን ሊቃነ-መላእኽትን፥ ብጸሎት ኣቦ ታትን ነቢያትን ሓዋርያትን ሰማዕታትን፥ ከምኡውን ብጸሎት ኩሎም እቶም ብሠናይ ተግባራቶም ዘሥመሩኻ ቅዱሳን ባርኸና።

<u>ካህን</u>፥- ክርስቶስ ጐይታና እዩ።

<u>ሕዝቢ</u>፥- ኣሜን እወ ብሓቂ።

<u>ካህን</u>፥- <u>ንምብራኽ ገጹ እናረኣየ ኸኣ፥-</u> ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና፥ ንጉሥ ሰላም፥ ሰላምካ ሃበና ሰላምካ ኣጽንዓልና፥ ኃጢኣትናውን

ንደገልና። ኃይልንI ግርማንI ክብርንI በረኸትንI ንዘለዓለም ናትካ እዩ እሞ ኣሜን።

ኦ ጐይታ ብቑዓት ግበረና ከምዚ ኢልና ክንጽሊ፡- ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና..።

ሕዝቢ፡- ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና... ።

ካህን፡- ገጹ ናብ ሕዝቢ ኣቢሉ ብሠላም የሰናብቶም፡- ፍቕሪ እግዚአብሔር ኣቦን፥ ጸጋ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስን፥ ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኵልኻትኩም ይኹን። ብሰላም ኪዱ፥ ሰላም ጐይታናውን ምሳኻትኩም ይኹን።

ሕዝቢ፡- ኣሜን ምሳኻውን ይኹን።

ካህን ምስ ዘይህሉ ግን ብሓበራ እቲ ሕዝቢ ኸብሎ ተምልኪትሉ ዘሎ ኢሉም ብኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ጸሎቶም ይዓጽው።

"፩" ኣብ ገዳማት ንጸሎት ኣብ ዝእከብሉ ግዜ፥ ነፍሲ ወከፍ መነኮስ፥ ኣብ መጸልይ



ቦታ ምስ ተረኽበ፥ ኣበምኔት ናይቲ ገዳም ኤጲስቆጶስ እንተ ኾይኑ፥ በደሉ ንኽኃድገሉ እናሓተተ ሓንሳእ ርእሱ ናብኡ የድንን። ንቶም ንጸሎት ዝመጹ ኣቦታት-መነኮሳትን ኣርድእቲ ኣኀዋቱንውን በደሉ ንኽኀድግሉ እናሓተተ፥ ኢድ ይነሥእ። ብድኅሪ እዚ ከከም ዕብየቶም ደው ይብሉ። ከምቲ ሥርዓት ከኣ፥ እቲ ጸሎት ብኣበምኔት ይመራሕ፥ ምስ ዘይርክብ እቲ ብክህነት ዝዓበየ ይመርሕ፥ ከምቲ ንሓደ ምንኣእ ዝተጀመረ፥ ብኸምኡ ድማ ይፍጸም።

ኣብ ገዳማት ብሓበራ ንመዓልቲ ሠለስተ ግዜ ይጽልይወን፥ ንሰን ከኣ ጸሎት ፍርቂ ለይቲ ኣብ ግዜ ሰብሓታትI ናይ ንግሆ ጸሎት ድማ ቅድሚ ጸሎተ ዕጣንI ጸም እንተ ዘይኮይኑ ናይ ሣልሰይትንI ሻዱሸይትን ቅድሚ ቅዳሴ፥ ጾም እንተ ኾይኑ ኸኣ ናይ ተስዓይቲ ሰዓት ይውሰኾ። እቲ ዝተረረፈ ኸኣ ቅድሚ ጸሎተ ሠርክ ይጽለ።

# መግለጺ

ክቡራት ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ አኅዋት! ነቲ ነዚ ቅዱስ ተግባር እዚ ንምስላጥ እብዚ ቅዱስ አገልግሎት ዝጸዋዓኒ አምላኽ ኣቦታትና ዓቢይ ምስጋና እናቕረብኩ፥ ኣብ ጸሎትኩም ምእንቲ ኅድገት ኃጢኣተይን ድኅነት ነፍሰይን ናብቲ መፍቀር ሰብ መድኅኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ክትልምኑለይ እላቦ።

እዚ መጽሓፍ ጸሎት ካብ ዓረብኛ ናብ ትግርኛ ቋንቋ ክትርጐም ዘበገሱን፥ መንፈሳዊን ንዋታውን ሓገዞም ዘወፈዩን ብፁዕ ሜትሮፖሊታን ኣቦና ጩምዮስ እዮም። እዞም ኣቦ እዚኦም፥ ናይ ክህነታዊ አገልግሎትን ምሕደራ ቤተክርስቲያንን መምህር ኮይኖም ንናይ መንፈሳዊ ትምህርቲ ተማሃሮ ኤርትራውያን ኣብ ካይሮ ብዓቢይ ፍቕሪ ዝመሃሩ እዮም። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሠላሳን ሱሳን ሚእትን ዓስቦም ይሃቦም፥ ኣሜን።



ከም ኡውን ነዞም ብፍቕሪ ቤተክስቲያኖምን ሕዝቦምን ተደሪኾም ኣብ ቃላት ምምዕራይ ዓቢይ ጻዕሪ ዘካየዱ ክቡራን ተማሃሮ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኤርትራውያን፥ ኣምላኽ ነቢይ ዳዊት ኣብ ምእታዎምን ምውፃኦምን ኵሉ ግዜ ምስኦም ይኹን፥ ኣሜን።

፩,- ኣብዚ መጽሓፍ ጸሎት ተጻሒፉ ዘሎ መዝሙራት፥ ኣብ ግዕዝ መዝሙር ዳዊት ዝተሞርኰሰ እዩ። ምስ ትንቢታት ጐይታና ኢየሱስን ምስቲ ንድኅነትና ኢሉ ዝተሳቐዮን ሞይቱ ዝተንሣኦን ምእንቲ ክሳማምዕ ዝተመርጸ መዛሙራት እየን ተጻሒፈን ዘለዋ።

፪,- ወንጌላትን፥ ክፍልታት ጸሎታትን፥ ናይ ንስሓ ጸሎትን፥ ካብ ናይ ግብጺ ቤተክስቲያን ዓረብኛ ኣግብያ (መጽሓፍ መዓልታዊ ሸውዓተ ጸሎት ሰዓታት) ዝተተርጐመ እዩ።

፫,- ናይ ወንጌላት ኣተረጓጉማን ዘይቤኡን ምስ እዚ መጽሓፈ ጸሎት ሕመረት መልእኽቱ ንኽሰማማዕ ምእንቲ፡= ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ግዕዝን ዓረብኛን መሠረት ገይሩ ተጻሒፈ።

፬,- ኣብ እዚ ጦኸሪ ኅታም መጽሓፈ ጸሎት እዚ፥ ናይ ቃላት ጌጋን ምዝንባላት ግስን ኪህሉ ስለ ዝኽእል፥ ኣንበብቲ ጌጋታተይ ኣሪሞም ከንብቡ ብኣኽብሮት ኣዘኻኽር። ኣብ መጨረሽታ ሓናፂ ርኢቶኹምን መኣረምታ ኹምን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩለይ ብትሕትና እላቦ።

www.agpia90@.hotmail.com

ተርጓሚ

ኣባ ቢጂሚ ኣል ኣንባ ቢሾይ።



# ትኅዝቶ

| ኣርእስቲ | ገጽ |
|---|---|
| መእተዊ | 6-12 |
| መምርሒ | 13-23 |
| መግለጺ | 24-26 |
| ትኅዝቶ | 27 |
| መእተዊ ጸሎት ሰዓታት | 28-33 |
| ናይ ንግሆ ጸሎት | 34-74 |
| ጸሎት ሣልሰይቲ ሰዓት | 75-97 |
| ጸሎት ሻድሸይቲ ሰዓት | 98-119 |
| ጸሎት ታስዓይቲ ሰዓት | 120-140 |
| ናይ ምሸት ጸሎት | 141-156 |
| ናይ ድቃስ ጸሎት | 157-177 |
| ናይ ሓለዋ ጸሎት | 178-186 |
| ጸሎታት ፍርቂ ለይቲ | 187-240 |

## መእተዊ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ሰዓታት

ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኣሜን።

ኦ ጐይታ መሓረና፥ ኦ ጐይታ መሓረና፥ ኦ ጐይታ ባርኸና፥ ኣሜን።

ክብሪ ንኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ሎምን ኩሉ ሳዕን ንዘለዓለምን ኣሜን።

ኦ ጐይታ ብቕዓት ግበረና ብምስጋና ከምዚ ኢልና ክንጽሊ፦

## ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ስምካ ይቀደስ፥ መንግሥትኻ ትምጻእ፥ ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማያት ከምኡውን ኣብ ምድሪ ይኹን፥ ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና፥ ንሕና ንዝበደሉና በደሎም ከም ዝኃደግናሎም



ኃደልና ኀደገልና፥ ካብ ክፉእ ኣድኅነና እምበር ኣብ ፈተና ኣይተእትወና፥ መንግሥት ን ኃይልን ክብርን ንዘለዓለም ናትካ እዩ እሞ ኣሜን።

## ናይ ምስጋና ጸሎት

ንገባሬ ሠናያትን መሓርን ኣምላኽ፥ ኣቡኡ ንጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ። ሰቲሩናን ረዲኡናን፥ ዓቂቡናን ተቐ ቢሉናን፥ ራኅሪኁልናን ደጊፉናን ክሳዕ እዛ ትዓት እዚኣውን ኣብጺሑና እዩ እሞ ነመስ ግን ኣሎና።

ሕጂውን ንዕኡ በዛ ቕድስቲ ዕለት እዚ ኣን፥ ብኹሉ ዘመን ሕይወትናን ብፍጹም ኣም ኪዕቅበና ኻኹሉ ዝመልኽ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ንለምኖ። ኦ ጐይታና እግዚኣብ ሔር፥ ኩሉ እትመልኽ ኣቦኡ ንጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፥

ልዕሊ ኩሉ ኩነታትን፤ ምእንቲ ኩሉ ኩነታትን፤ ኣብ ውሽጢ ኩሉ ኩነታትን ነመስግነካ ኣሎና።

ስለ ዝሰተርካናን ዝረዳእካናን ዘዕቆብካናን፤ ናብኻውን ስለ ዝተቐበልካናን። ስለ ዝራኀራኀ ካልናን ዝደገፍካናን፤ ክሳዕ እዛ ሰዓት እዚኣ እውን ስለ ዘብጻሕካናን ነመስግነካ ኣሎና።

ኦ መፍቀር-ሰብ ካብቲ ሠናያትካ ንሓትትን ንልምንን ኣሎና፤ ነዛ ቅድስቲ ዕለት እዚኣን፤ ኩሉ ዘመን ሕይወትናን፤ ንዓኻ ብምፍራህ ብፍጹም ሰላም ክንፍጽሞ ሃበና። ኩሉ ቅንኣትን፤ ኩሉ ፈተናን፤ ኩሉ ግብረ-ሰይጣንን፤ ምኽሪ ክፉኣት ሰባትን፤ ኀቡእን ግሁድን ዝኾነ ምልዓል ጸላእን፤ ኦ ጐይታ ካባይ ኣርሕቕ፥ ካብ ኩሉ ሕዝብኻውን ኣርሕቕ፥ ካብዚ ቅዱስ ቦታኻ እዚውን ኣርሕቕ።

ኩሉ ሠናያትን ዘድሊ ነገርን ዓድለና። ምኽንያቱ ንስኻ ኢኻ ተመንን ዕንቅርቢትን



ኩሉ ኃይሊ ጸላእን ክንረግጽ፥ ሥልጣን ዝሃብካና። ካብ ኩሉ ክፉእ ኣድኅነና ባል ኃና እምበር፥ ናብ ፈተና ኣይተእትወና።

በቲ ሓደ ወድኻ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ምእንቲ ፍቕሪ ሰብ ኢሉ ብዝገበሮ ጸጋን ምሕረትን፥ ምስኡ ማዕረ ምስ ዝኾነ ወሃቢ ሕይወት መንፈስ ቅዱስን፥ ክብርን ግርማን ውዳሴን ኣምልኾን ብኅብረት ምስኡ ናትካ እዩ። ሎምን ኩሉ ሳዕን ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን።

## ናይ ንስሓ መዝሙር 51

ኦ ኣምላኽ ከምቲ ዓቢይ ምሕረትካ ምሓረኒ፥ ከም ብዝኂ ርኅራኄኻ ኣበሳይ ደምስስ። ካብ ኣበሳይ ኣጸቢቕካ ሕጸበኒ፥ ካብ ኃጢኣተይውን ኣንጽሓኒ። ኣነ ኣበሳይ ስለ ዝፈልጦ፥ ኃጢኣተይ ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድመይ እዩ። ንኣኻ ንበይንኻ ጥራይ በደልኩ፥ ኣብ


ቅድሚኻውን እከይ ገበርኩ። ብቃላትካ ቅኑዕ ኮትከውን፥ እንተ ፈረድካውን ከትመልኽ። እነሆ ብእከይ ተጠነስኩ፥ እኖይ ከአ ብኃጢኣት ወለደትኒ። ንሸኻ ኸአ ንዝጋረድካዮን፥ ንስውር-ጥበብካን፥ ስለ ዝገለጽካለይ ንሓቂ ፈቲኻ። ብስምዕዛ ትነጽገኒ እሞ እነጽሕ፥ ትሓጽበኒ እሞ ካብ በረድ እጽዕዱ። ባህታን ሓጐስን ተስምዓኒ እሞ፥ እተን ዱርቁማት ኣዕጽምተይ ይሕጐሳ። ንገጽካ ካብ ኃጢኣተይ ከውሎ፥ ንብዘሎ ኣበሳይውን ደምስሶ። ኦ ኣምላኸ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ፥ ቅኑዕ መንፈስ ከአ ኣብ ውሽጠይ ሓድስ።

ካብ ቅድሚ ገጽካ ኣይትደርብየኒ፥ ቅዱስ መንፈስካውን ኣይተግድፈኒ። ሓጐስ ምድኃንካ ሃበኒ፥ ብዝመርሓኒ መንፈስውን ደግፈኒ፥ ሽዑ መገድኻ ንገበነኛታት ኽምህሮም እየ፥ እቶም መናፍቓን ከአ ናባኻ ኽምለሱ እዮም።

ኦ ኣምላኽ ኣምላኸ ምድኃነይ፥ ካብ ዕዳ ደም ኣናግፈኒ፥ ልሳነይውን ብጽድቅኻ



ኽትሕጐስ እያ። ኦ ጐይታየ ኣፈይ ምስጋናኻ ክነግርሲ፥ ከናፍረይ ክፈት። ምሥዋዕቲ ባህ ኣየብልካን እዩ፥ ንመሥዋዕቲ ምሕራርውን ኣይትብህጎን ኢኻ፥ እትብህጎ እንተትኸውን ጥና መቕረብኩልካ ነይረ። መሥዋዕቲ እግዚኣብሔር ትሑት መንፈስ እዩ። ኣምላኸ ንትሑትን ለዋህን ልቢ ኣይንዕቆን እዩ። ኦ ጐይታ ንጽዮን ብሓጎስካ ሠናይ ግበረላ፥ መካበብያታት ኢየሩሳሌም ይነደቓ። ሽዑ ኸመሥዋዕቲ ጽድቂ፥ ብዝሓርር መሥዋዕትን ቍርባንን ባህ ኪብለካ እዩ፥ ኣብ መሠውዒኻውን ኣራሑ ከቕርቡልካ እዮም። ሃሌ ሉያ።



ንዑ ንስገድ ንዑ ንሕተት ንክርስቶስ አምላኽና፥

ንዑ ንስገድ ንዑ ንለምን ካብ ክርስቶስ ንጉሥና፥

ንዑ ንስገድ ንዑ ንማህለል ናብ ክርስቶስ መድኃንና።

ኦ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ቃል እግዚአብሔር አምላኽና፥ ብኣማላድነት ቅድስት ድንግል ማርያምን ኵሎም ቅዱሳንካን፥ ሠናይ ምጅማር ክንጅምር ፍቐደልና። ከም ፍቓድካ ክሳዕ ዘለዓለም መሓረና።

ኦ ጐይታ ለይቲ ብድኅን ኃሊፉ እያ እሞ፥ ነመስግነካ ኣሎና። ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ኸኣ፥ ብዘይ ኃጢኣት ክትሕልወናን ክትረድኣናን ንልምነካ ኣሎና።



## መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ኤፌሶን

## ምዕራፍ 4፥1-5።

ደጊም ኣነ እሡር ኣብ ጐይታ፥ ከምቲ
እተጸዋዕኩምሉ ጽውዓ ብቑዓት ኴንኩም
ክትመላለሱ፥ እልምነኩም ኣሎኹ። ብኹሉ
ትሕትና-ልብን ለውሃትን፤ ብትዕግስትን፤ ኣብ
ኈሓድሕድኩም ብፍቕሪ እናተጻወርኩም፥ ከም
ቲ ብሓንቲ ተስፋ፥ ብሓደ ጐይታ፤ ብሓንቲ
እምነት፤ ብሓንቲ ጥምቀት፤ እተጸዋዕኩም፥
ምእንቲ ሓደ ሥጋን ሓደ መንፈስን ክትኮኑ።
ኆቲ ኅብረት መንፈስ በቲ ፍጹም ሠናይ መእ
ሠር ገርኩም ክትሕልውዎ ተቓዳደሙ።

## ካብ እምነት ቤተ ክርስቲያን

እቲ ኣብ ኹሉ ዘሎ ኣምላኽ ሓደ እዩ፥
እቲ ዝተሠገወን ዝሞተን ካብ መንኅ ሙዉታ
ትውን ኣብ ሣልሰይቲ መዓልቲ ዝተንሥአን

ምስኡውን ዘተንሥኣና፥ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ቃል ኣምላኽ ሓደ እዩ። እቲ መጸናንዒን ንኹሉ ፍጡር ዘንጽሕን፥ ምስ ኣቦን ወድን ብ መለኮት ሓደ ዝኾነ፥ ካብ ኣብ ዝሠረፀ መንፈስ ቅዱስ ሓደ እዩ። ነቲ ንሱ ክንሰግደሉ ዘምሃረና፥ ብመለኮቱን ባህርዩን ብፍቓዱን ሓደ ንዝኾነ ሥሉስ ቅዱስ፥ ንዘለዓለም ነመስ ግኖን ንባርኾን ኣሎና ኣሜን።

## ጸሎት ይቕጽል

ኣብዛ ብርኽቲ መዓልቲ እዚኣ፥ ንክርስቶስ ንጉሠይን ኣምላኸይን ናይ ንግሆ ጸሎት ኣቕ ርበሉ። ኃጢኣተይ ኪኃድገለይ ከኣ እልምኖ።

## 1ይ መዝሙር

ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ፥ ኣብ መንገዲ ኃጥኣን ከኣ ዘይቀውም፥ ኣብ መንበር መላ ገጽቲ ድማ ዘይቅመጥ፥ ብሕጊ እግዚኣብሔር ደኣ ዝሕጎስ፥ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓ ልትን ዝመራመሮ ሰብሲ ብፁዕ እዩ። ንሱ፥



ከምታ ፍሬኣ በብግዜኣ እትህብ፥ ቆጽላ ከኣ ዘይረግፍ፥ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም ይኸውን። ዚገብሮ ኹሉውን ይሰልጦ። እቶም ረሲኣን ከምቲ ንፋስ ዚብትኖ ብቈ ብቈ እዮም እምበር፥ ከምዚ ኣይኮኑን። ንመገዲ ጻድቃንሲ፥ እግዚኣብሔር ይፈልጦ እዩ። መገዲ ረሲኣን ግና ክትጠፍእ እያ እሞ፥ ስለዚ ረሲኣን ኣብ ፍርዲ፥ ኃጥኣንውን ኣብ ማኅበር ጻድቃን፥ ኣይኪቖሙን እዮም። ሃሌ ሉያ።

## 2ይ መዝሙር

ስለምንታይ እዮም ኣሕዛብ ጫውጭው ዚብሉ? ሕዝብታት ከንቱ ዚሓስቡ? ነገሥታት ምድሪ ይትንሥኡ፥ መሳፍንቲ ከኣ ሓቢሮም፥ ንመቓውሖም ንስበሮ፥ ንማእሠሪኦምውን ካባና ንደርብዮ፥ ኢሎም ኣብ እግዚኣብሔርን ኣብ መሲሑን ይመኽሩ። እቲ ኣብ ሰማይ ዚነብር ይስሕቆም፥ ጐይታ የላግጸሎም። ሽዑ ብኹራ ኡ ይዛረቦም፥ ብነድሩ ኸኣ የፋራርሆም፥ ኣነ

ኣብ ጽዮን ኣብ ቅዱስ ከረነይ ንጉሠይ ሸምኩ ይብል። እቲ ምዱብ ምኽሪ እነግር ኣሎኹ፥ እግዚኣብሔር በለኒ፥ ንስኻ ወደይ ኢኻ፥ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ። ኣሕዛብ ንርስትኻ፥ ወሰናት ምድሪ ኸኣ ንግዝኣትካ ኽህበካስ ለምነኒ። ብ በትሪ ሓጺን ክትቅጥቅጦም፥ ከም ኣቕሓ ሠራሕ መሬት ከኣ ክትሰባብሮም ኢኻ። እምባ ኣርሲ ኣቱም ነገሥታት ለብሙ ኣቱም ፈራዶ ምድሪውን፥ ተኣረሙ። ንእግዚኣብሔር ብፍርሃት ኣገልግልዎ፥ ብረዓድ ከኣ ተሓጐሱ። ኸይሓራኡ ቑልጢፉ ይነድድ ኢዩ እሞ፥ ከይ ኸተሪ፥ ኣብ መገዲ ከሎኹም ድማ ከይት ጠፉኡስ፥ ንጥበብ ኃዝዋ። ኣብኡ ዚምዕቆቡ ኹሎም ብፁዓን እዮም። ሃሌ ሉያ።

## 3ይ መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ጠቓዕተይሲ ኽንደይ ኰን ይበዝኑ፥ ኣባይ ዚለዓሉ ብዙኃት እዮም። ብዙኃት ንነፍሰይ፥ ኣብ ኣምላኹ ምድኃን የብሉን፥ ይብሉ ኣለዉ። ኦ እግዚኣብሔር



ንስኻ ግና ኣብ ዙርያይ ዋልታ ኢኻ፥ ክብረይን ንርእሰይ ልዕል እተብላን ንስኻ ኢኻ። ብድምፀይ ናብ እግዚኣብሔር ኣእዊ ኣሎኹ፥ ካብ ቅዱስ እምባኡ ኸኣ ይምልሰለይ። ተገምሰስኩ ደቀስኩውን፥ እግዚኣብሔር ይድግፈኒ ኣሎ ኢሞ ነቓሕኩ። ነቶም ዚኸቡኒ ኣእላፋት ኣሕዛብ ኣይፈርሆምን እየ። ንምን ጋጋ ኹሎም ጸላእተይ ወቒዕካዮ፥ ነስናን ረሲኣን ሰባቢርካዮ እኻ እሞ፥ ኦ እግዚኣብሔር ተንሥእ፥ ኦ ኣምላኸይ ኣድኅነኒ። ምድኃን ናይ እግዚኣብሔር እዩ፥ በረኸትካ ኣብ ሕዝብኻ ይኹን። ሃሌ ሉያ።

## 4ይ መዝሙር

ኦ ኣምላኸይ ጽድቀይ ከእዊ ከሎኹ መልሰለይ፥ ብጸበባ ኣርሒብካለይ ኢኻ እሞ ደንግጸለይ ጸሎተይውን ስማዕ። ኣቱም ደቂ ሰባት ክሳብ መዓስ ኢኹም ልብኹም ተኸቢዱ። ስለ ምንታይ ከንቱ ዝኾነ ነገር ተፍቅሩ? ስለ ምንታይከ ሓሶት ትሕስዉ? እግዚኣብሔር

ብጸድቑ ከም ዝተገልጸ ፍለጡ። እግዚኣብሔር ናብኡ እንተጠራዕኩ ይሰምዕ እዩ። ኰርዩ እሞ ኣይትበድሉ ኣብ መደቀሲኹም ልብኹም መርምሩን ፍለጡን። መሥዋዕቲ ጽድቂ ሠውዑ ኣብ እግዚኣብሔር ድማ ተወከሉ። ብዙኃት ንሠናይ መን እዩ ዘርእየና ይብሉ ኣለዉ። ኦ እግዚኣብሔር ብርሃን ገጽካ ኣብርሃልና። ካብቶም እኽሎምን ወይኖምን ምስ በዝኄ ዚሕጐስዎ ኣብሊጽካ ኣብ ልበይ ሓጐስ ገበርካ። ኦ እግዚኣብሔር ንስኻ በይንኻ ኢኻ ብደኃን እተኅድረኒ እሞ ብሰላም እግምሰስን እድቅስን ኣሎኹ። ሃሌ ሉያ።

## 5ይ መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ንቓላተይ ጽን በሎ ንሓሳባተይ ኣስተውዕሎ። ናባኻ እጽሊ ኣሎኹ እሞ ኦ ንጉሠይን ኣምላኸይን ንድምጺ ጥርዓነይ ኣድህበሉ። ኦ እግዚኣብሔር ኣንጊህካ ንድምፀይ ትሰምዖ ኢኻ ኣንጊሀ ልበይ ናባኻ ኣቕኒዐ ኣማዕዱ ኣሎኹ። ብረሲእነት ባህ ዝብለካ ኣምላኽ ኣይኰንካን እሞ እኩይ ምሳኻ ኣይሐድርን። ትዕቢተኛታት ኣብ ቅድሚ ገጽካ ኣይቈሙን ንገበርቲ እከይ ዘበሉ ትጸልኦም። ሓሶት ንዝዛረቡ ተጥፍኦም። እግዚኣብሔር ንደመኛን ተንኰለኛን ይፍንፍኖም እዩ። ኣነ ግና ብብዝኂ ሣህልኻ ናብ ቤትካ ኽኣቱ ብፍርሃትካ ናብ ቅድስቲ መቅደስካ ኣቢለ ክሰግድ እየ። ኦ እግዚኣብሔር ብምኽንያት ተጻናጸንተይ ብጽድቕኻ ምርሓኒ ንመገድኻ ኣብ ቅድመይ መድምዳ። ኣብ ኣፎም ቁምነገር የልቦን እሞ ውሽጦም ጥፍኣት ጐረርኦም ክፉት መቓብር እዩ፥ ብመልሓሶም የቃባጥሩ። ኦ ኣምላኽ ኰንኖም ኣብ ምኽሮም ይውደቑ። ካባኻ ዓልዮም እዮም እሞ ብብዝኂ ኣበሳኦም ኣባርሮም። ኣባኻ ዚዕቆቡ ኵሎም ግና ይትሓጐሱ፥ ንስኻ ኣጽሊልካዮም ኢኻ እሞ ንዘለዓለም ዕልል ይበሉ፥ ንስምካ ዘፍቅርዎ ድማ ብኣኻ ይተሓጐሱ። ኦ እግዚኣብሔር ንጻድቕ ትባርኾ ኢኻ እሞ፥ ከም ብዋልታ ብጸጋ ትኸቦ። ሃሌ ሉያ።

## 6ይ መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ብቑጥዓኻ ኣይትግናሓኒ፥ ብሓርቖትካ ድማ ኣይትቕጽዓኒ። ኦ እግዚኣብሔር ማህሚነ እየሞ ምሓረኒ። ኦ እግዚኣብሔር ኣዕጽምተይ ተሸቢረን እየን እሞ ኣጥዕየኒ። ነፍሰይውን ኣዝያ ተሸቢራ ኣላ ንስኻኸ ኦ እግዚኣብሔር ክሳዕ መኣዝ? ኦ እግዚኣብሔር ተመለስ ንነፍሰይ ኣናግፋ፥ ምእንቲ ምሕረትካ ኣድኅነኒ። ኣብ ሞት ዚዝክረካ የልቦን እሞ ኣብ ሲኦልከ መን እዩ ዘመስግነካ፥ ኣነ ብእህህታ ሰልኪየ ለይቲ ለይቲ ንመደቀስየይ ኣርሒሶ ንመንጸፊይ ብንብዓተይ ኣጠልቅየ ኣሎኹ። ዓይነይ ብሓዘን ተባላሸወት ብሰሪ ኩላቶም ተጻረርተይ ትጭነቕ ኣላ። እግዚኣብሔር ንድምጺ ብኽያተይ ሰሚዕዎ እዩ እሞ፥ ኣቱም ገበርቲ እከይ ኩልኻትኩም ካባይ ረሓቑ። እግዚኣብሔር ንምህልላይ ሰሚዕዎ፥ እግዚኣብሔር ንጸሎተይ ተቐቢልዎ እዩ። ኩላቶም ጸላእተይ ኪሓፍሩ እምብዛ ኪሸበሩ



ንድኅሪት ኪምለሱ ብድንገት ኪሓፍሩ እዮም። ሃሌ ሉያ።

## 8ይ መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ጐይታና ኣታ ንግርማኻ ኣብ ሰማያት ዝተኸልካዮ፥ ስምካስ ኰን ኣብ ኩላ ምድሪ ኸንደይ ግሩም እዩ። ምእንቲ ነቲ ተቓዋሚኻ ጸላእን ገፋዕን ከተሕፍሮ፥ ስቕ ከተብሎ ካብ ኣፍ ቈልዑን ዚጠብዉን ምስጋና ኣዳሎኻ፥ ንሰማያትካ ነቲ ሥራሕ ኣጻብዕካ፥ ንሸኻ ዘቘምካዮም ወርኅን ከዋኽብትን እንተ ጠመትኩ እቲ ንስኻ እትዝክሮ ሰብ፥ እቲ እተሓልየሉ ወዲ ሰብሲ እንታይ እዩ፥ ካብ መላእኽቲ ቍሩብ ኣንኣስካዮ ብኽብርን ምስጋናን ከኣ ኸለልካዮ። ኣብ ልዕሊ ግብሪ ኣእዳውካ ሸምካዮ፡ ኺኹሉ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ኣግዛእካሉ፥ ንብዘለዋ ኸኵላተን ኣባጊዕን ኣሓን፥ ንእንስሳታት ባሕርን ነቲ ብመገድታት ባሕርን ዚሓልፍ ዘበለን። ኦ እግዚኣብሔር ጐይታና፥

ስምካስ ኵን ኣብ ኵላ ምድሪ ኽንደይ ግሩም እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 12 መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ሕያዋይ ሰብ ተሳኢኑ ካብ ማእከል ደቂ ሰብውን እሙናት ጠፊኦም እዮም እሞ ኣድኅነኒ። ነፍሲወከፎም ምስ ብ ጸዩ ሓሶት ይዛረብ። ብዘቃባጥር ከንፈርን ብ ኽልተ ልብን ይዛረቡ ኣለዉ። እግዚኣብሔር ንኹላተን መቃባጠርቲ ከናፍርን ነታ ዕቡይ ነገር እትዛረብ መልሓስን ነቶም ሳላ መልሓስና ንብርትዕ ኣሎና ከናፍርና ናትና እየን መን እዩኸ ጐይታና ዚብሉን ከምንቁሶም እዩ። ስለ ምግፋዕ ጥቑዓትን ስለ ልቕሶ መሳኪንን ሕጂ ክትንሥእ ነቲ ዝናፍቖውን ምድኃን ከምጽኣሉ እየ ይብል እግዚኣብሔር። ቃላት እግዚኣብ ሔር ጽሩይ ቃላት እዩ፥ ብመምከኽ መሬት ዝጸረየ፥ ሾብዓተ ሳዕ እተኾለዐ ብሩር እዩ።



ኦ እግዚኣብሔር ክትሕልዎም፥ ካብዚ ወለዶ እዚ ንዘለዓለም ክትዕቅቦም ኢኻ። ብልሽው ነት ኣብ ማእከል ደቂ ሰብ ልዕል እንተ በለ፥ ረሲኣን ኣብ ኵሉ ወገን ይዕምሩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 13 መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ፈጺም ካ እትርስዓኒ፥ ክሳዕ መኣዝከ ኢኻ ገጽካ እትኽ ውለለይ?፥ ክሳዕ መኣዝ ብነፍሰይ ክጭነቕ ዕለት ዕለትሲ ብልበይ ክሓዝን እየ፥ ጸላእየይከ ክሳዕ መኣዝ እዩ ዚዕበየለይ? ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ ጠምት እሞ መልሰለይ።

ኣነ ድቃስ ሞት ከይድቅስ፥ ጸላእየይ ሲዒረዮ ከይብል እንተ ተናወጽኩ ተጻረርተይ ከይሕ ጐሱስ ነዒንተይ ኣብርሃየን። ኣነ ግን ብምሕ ረትካ እውከል ኣሎኹ፥ ልበይ ብምድኃንካ ይ ሕጐስ ኣሎ። እግዚኣብሔር ሠናይ እዩ እሞ ምሥጋናኡ ክዝምር እየ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 15 መዝሙር

ኦ እግዚአብሔር ኣብ ድንኳንካ ዚሓድር መን እዩ?፥ ኣብቲ ከረን ቅድስናኻ ዚነብርከ መን እዩ?፥ እቲ ብቕንዕና ዚመላለስን ጽድቂ ዚገብርን ብልቡ ሓቂ ዚዛረብ ብልሳኑ ዘይ ሓሚ፥ ንመሓዝኡ ገለ ክፉእ ዘይገብሮ፥ ንብ ጻዩ ዘይጸርፎ፥ እቲ ጽዩፍ ንዑቕ ኰይኑ ዚረኣዮ፥ ንፈራህቲ እግዚአብሔር ግና ዘኽብ ሮም፥ ዝጐድኦ እኳ እንተኾነ፥ ነቲ ዝመሓ ለሉ ዘይልውጦ፥ ገንዘቡ ብሓረጣ ዘየለቅሖ፥ ንጕድኣት ንጹሕ ኸኣ፥ መማለዲ ዘይቅበል እቲ ከምዚ ዝገብርሲ ንዘለዓለም ኣይኪናወጽን እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 16 መዝሙር

ኦ ኣምላኽ ብኣኻ እውከል ኣሎኹ እሞ ሓልወኒ። ንእግዚአብሔር ንስኻ ጐይታይ ኢኻ፥ ብዘይ ንስኻስ ሠናይ የብለይን ኢለዮ። ኣብ ምድሪ ዘለዉ ቅዱሳን፥ ንሳቶም ክቡራን



እዮም ባህገይ ኵሉ ኣባታቶም እዩ ዘሎ በልኩ። ሕማም እቶም ናብ ካልእት ኣማልኽቲ ዝጎዩ ክበዝሕ እዩ። ኣብ ናይ ደም መሥዋዕ ቶም ኣይክሓብርን ንስሞም ከኣ ብኸናፍረይ ኣይከውስእን እየ። እግዚአብሔርሲ ክፍሊ ርስ ተይን ጽዋዐይን እዩ፥ ነቲ ብዕጻ ዝበጽሓኒ እተጽንዮ ንስኻ ኢኻ። ኣብ ባህ ዘብል ቦታ ዕጻ በጺሑኒ፥ ኣረ ጽቡቕ ርስቲ መጺኡኒ።

ነቲ ዝምዕደኒ እግዚአብሔር እባርኾ ኣሎኹ፥ ብለይቲ እኳ ኾላሊተይ ይምህራኒ እየን። ንእግዚአብሔር ኵሉ ጊዜ ኣብ ቅድመይ ገይ ረዮ፥ ብየማነይ ስለዝኾነ ኣይክናወጽን እየ። ንነፍሰይ ኣብ ሲኦል ኣይትኃድጋን፥ ቅዱስካ ውን ጥፍኣት ክርኢ ኣይትፈቅድን ኢኻ እሞ፥ ስለዚ ልበይ ይሕጐስ ክብረይ ዕልል ይብል፥ ሥጋይውን ኣብ ጽኑዕ ክሓድር እዩ። ንመገዲ ሕይወት ትሕብረኒ ኣብ ቅድሚ ገጽካ ናይ ሓጐስ ጽጋብ፥ ኣብ የማናይካውን ንዘለዓለም ሓጐስ ኣሎ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 19 መዝሙር

ሰማያት ክብሪ ኣምላኽ የዘንትዉ፥ ጠፈር ከኣ ግብሪ ኣእዳዉ የውሪ። ሓንቲ መዓልቲ ነታ ሓንቲ ትዛንያ፥ ሓንቲ ለይቲ ድማ ነታ ሓንትስ ፍልጠት ተሕልፈላ። ዘረባ የልቦን ምዝርራብ የልቦን ድምፆምውን ኣይስማዕን እዩ። መገዶም ናብ ኵላ ምድሪ፥ ቃላቶም ድማ ክሳዕ ወሰን ዓለም ይወፅእ ኣሎ፥ ንፀሓይ ከኣ ድንኳን ተኸለላ። ንሳ፥ ከምቲ መርዓዊ ካብ ሕልፍኙ ዝወፅእ፥ ከምቲ ንምቅድዳም ዚህንጠ ጐያዪ እያ። ምውፃእ ካብ ወሰን ሰማያት እዩ፥ ምዝዋራ ድማ ክሳዕ ወሰን እዩ፥ ካብ ረስና ዝኽወል ከኣ የልቦን። ሕጊ እግዚኣብሔር ፍጹም እዩ፥ ንነፍሲ ይመልሳ፥ ምስክር እግዚኣብሔር እሙን እዩ፥ ንገርሂ የጥብቦ፥ ሥርዓት እግዚኣብሔር ቅኑዕ እዩ፥ ንልቢ የሐጕሶ፥ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ንጹሕ እዩ፥ ነዒይንቲ የብርሆን፥ ፍርሃት እግዚኣብሔር ንጹሕ እዩ፥ ንዘለዓለም ይነብር፥



ፍርድታት እግዚኣብሔር ሓቂ እዩ፥ ብዘሎውን ጽድቂ እዩ። ካብ ወርቂ ኣረ ካብ ኣዝዩ ጽሩይ ወርቂ እኳ ዝሕረ እዩ፥ ካብ መዓር ኣረ ካብ መዓር-ወለላ ዝጥዕም እዩ። ባርያኻውን ብእኡ ተማሂሩ፥ ብምሕላዉ ዓቢይ ካሕሳ ኣሎዎ። ንጌጋታቱ ዝፈልጥ መን እዩ? ካብቲ እተሠወረኒ ኃጢኣት ኣንጽሓኒ። ንባርያኻ ካብ ትዕቢት ሓልዎ። ኣብ ልዕለይ ከይስልጥንውን ዕገቶ። ሽዑ ምሉእ ክኸውን፥ ካብ ዓቢይ ኣበሳ ኸኣ ክነጽሕ እየ። ኦ እግዚኣብሔር ከውሓይን መድኃኒየይን፥ ቃላት ኣፈይን፥ ሓሳባት ልበይን፥ ኣብ ቅድሜኻ ቅቡል ይኹን። ሃሌሉያ።

## መበል 25 መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ነፍሰይ ናባኻ ኣልዕል ኣሎኹ። ኦ ኣምላኸይ ኣባኻ ተወኪለ እኔኹ። ኣይተሕፍረኒ ጸላእተይ ብኣይ ደስ ኣይበሎም። ነዓኻ ዝጽበዩ ከቶ ኣይክሓፍሩን እዮም። እቶም ብዘይ ምኽንያት ዚጠልሙ ግና፥ ክሓፍሩ እዮም።

ኦ እግዚአብሔር! ጐደናታትካ ኣፍልጠኒ፥ መገድታትካ መሃረኒ። ንሸካ ኣምላኽ ምድሓነይ ኢኻ እሞ፥ ብሓቅኻ ምርሓንን ኣስተምህረንን። ኵሉ መዓልቲ እጽበየካ ኣሎኹ። ኦ እግዚአብሔር ምሕረትካን ሣህልኻን ካብ ዘለዓለም እየን እሞ ዘክረን። ኦ እግዚአብሔር ንኃጢአት ንእስነተይን ኣበሳይን ኣይትዘክሮ። ከም ለውሃትካ ስለ ሣህልኻ ኢልካ ዘክረኒ። እግዚአብሔር ሠናይን ቅኑዕን እዩ፥ ስለዚ ንኃጥኣን መገዱ ክምህሮም እዩ። ንለዋሃት ፍርዱ ይምህሮም። ንለባማት ድማ መገዱ ይሕብሮም። ነቶም ኪዳኑን ምስክራቱን ዚሕልዉ፥ መገድታት እግዚአብሐር ኵላተን ምሕረትን ሓቅን እየን።

ኦ እግዚአብሔር በደለይ ዓቢይ እዩ እሞ፥ ስለ ስምካ ኢልካ ይቕረ በለለይ። ንእግዚአብሐር ዚፈርሖ ሰብ፥ መን እዩ? ንእኡ እታ ዚሓርያ መገዲ ክምህሮ እዩ። ነፍሱ ብደኃን ክትነብር፥ ዘርኡውን ንምድሪ ክወርሳ እዩ።



እግዚአብሔርሲ፥ ነቶም ዚፈርሕዎ ኃይሎም እዩ። ንሱውን ኪዳኑ ከፍልጦም እዩ። ነእጋረይ ካብ መርበብ ከውፅኦን እዩ እሞ፥ ኣዕይንተይ ኵሉ ግዜ ናብ እግዚአብሔር እየን። ኣነ በይነይ ሽጉር እየ እሞ፥ ናባይ ቍሊሕ በል፥ ደንግጸለይውን። ጭንቀት ልበይ ዓዚዙ ካብ ጸበባይ ኣውፅኣኒ። ንመከራይን ጭንቀይን ረኣዮ እሞ፥ ንኵሉ ኃጢአተይ ኅደገለይ። ጸላእተይ በዚኖም እዮም እሞ፥ ረኣዮም ግፍዐኛ ጽልኢ ይጸልኡኒ ኣለዉ። ንነፍሰይ ሓልዋ፥ ኣድኅነኒውን። ኣባኻ እውከል ኣሎኹ እሞ፥ ኣይተሕፍረኒ። ብኣኻ ተስፋ ገይረ ኣሎኹ እሞ፥ ንጽሕናን ቅንዕናን ይሓልዋኒ።

ኦ ኣምላኽ ንእስራኤል ካብ ኵሉ ጸበብኡ ኣናግፎ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 27 መዝሙር

እግዚአብሔር ብርሃነይን ምድሓነይን እዩ ካብ መን ደአ እየ ዝፈርሕ? እግዚአብሔር

ኃይሊ ሕይወተይ እዩ፥ ካብ መንከአየ ዝስን ብድ?። ገበርቲ እከይ ንሥጋይ ክውሕጡ፥ ሓደጋ ምስ ወደቑኒ፥ ወደረኛታተይን ጸላእ ተይን ባዕላቶም ተዛብዑ እሞ ወደቑ። ከቃወ መኒ ኢሉ እኳ ሠራዊት እንተ ዝዓርድ፥ ልበይ ኣይፈርህን እዩ። ኵናትውን እንተ ዝለ ዓለኒ እምነት ኣሎኒ። ብመዓልቲ ጸበባ ኣብ ዳሱ ክሓብኣኒ ኣብ ውሻጢ ድንኳኑ ክኸውለኒ ኣብ ከውሒ ልዕል ከብለኒ እዩ እሞ፥ ንእግዚ ኣብሔር ሓንቲ ነገር ለሚንዮ፥ ውቃበ እግዚ ኣብሔር ንምርኣይ፥ መቕደሱውን ንምምር ማርሲ ምሉእ ዕድመይ፥ ኣብ ቤት-እግዚኣብ ሔር ክነብር ደልየ ኣሎኹ። ሎሚ ኸኣ ርእሰይ ኣብ እቶም ዝኸቡኒ ጸላእተይ ልዕል ክብል እዩ፥ ኣብ ድንኳኑውን መሥዋዕቲ ብዕ ልልታ ክቕርብ ንእግዚኣብሔር ክዝምረሉን ክውድሶን እየ። ኦ እግዚኣብሔር ንድምፀይ ሰምዓዮ ኣብኻ እምህለል ኣሎኹ። ምሓረኒ እሞ መልሰለይ። ልበይ፥ ሰምዓኒ እሞ መሓረኒ ይብለካ ኣሎ። ኦ እግዚኣብሔር ንገጽካ



እደልዮ ኣሎኹ፥ ገጽካ ኣይትሕብኣለይ። ንባር ያኻ ብቑጥዓ ኣይትደርብዮ። ንስኻ ረዳእየይ ኢኻ እሞ፥ ኦ ኣምላኽ ሸለል ኣይትበለንን ኣይትኅደገንን ኣቦይን እኖይን ገደፉኒ፥ እግዚ ኣብሔር ግና ተቐቢሉኒ። ኦ እግዚኣብሔር መገድኻ መሃረኒ፥ ብምኽንያት ጸላእተይ ኰታ በታ ቅንዕቲ መገዲ ምርሓኒ። ሓሰውቲ ምስክርን ዓመጻ ዝሓስቡን ሰባት ተላዒሎሙኒ እዮም እሞ ንኣደዳ ተጻረፍተይ የኅሊፍካ ኣይትሃበኒ። ኣነ ለውሃት እግዚኣብሔር ኣብ ምድሪ ሕያዋን ከም ዝርኢ ይኣምን ኢየ። ብእግዚኣብሔር ተተሰፎ፥ በርትዕ፥ ልብኻ ቀጥ ይበል ኣጆኻ፥ እወ ብእግዚኣብሔር ተስፉ ግበር። ሃሌ ሉያ።

## መበል 63 መዝሙር

ኦ ኣምላኽ ንስኻ ኢኻ ኣምላኸይ፥ ኣንጊሀ እደልየካ ኣሎኹ። ነፍሰይ ንኣኻ ትጸምእ ኣላ። ሥጋይ፥ ማይ ኣብ ዘይብሉ ደረቕን ጽሙእን ምድሪ ኰይኑ ይናፍቐካ ኣሎ። ከምኡውን

ስልጣንካን ክብርኻን ምእንቲ ክርኢ ናብ መቕደስካ ኣማዕዱ ኣሎኹ። ለውሃትካ ካብ ሕይወት ይበልጽ እዩ እሞ ከናፍረይ ከውድሳኻ ኢየን። ብሕይወተይ ክሳዕ ዘሎኹ ክባርኸካ ብስምካ ነእዳወይ ከልዕለን እየ። ረዳእየይ ንሸኻ ኢኻ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣኽናፍካ እሕጐስ ኣሎኹ። ኣብ ምድቃስይ ክዝክረካ፡ ብለይቲ እናነቓሕኩ ኽሓስበካ ከሎኹ፡ ነፍሰይ ብሥብሕን ኣንጕዕን ትጸግብ፡ ኣፈይውን፡ ብሸናፍር ዕልልታ ከመስግነካ እዩ። ነፍሰይ ደድኅሬኻ ትኽተል፡ የማነይቲ ኢድካውን ትድግፈን ኣላ። እቶም ንሕይወተይ ከጥፍእዋ ዚደልዩ ግና ናብ መዓሙቕ ምድሪ ኺወርዱ እዮም። ንሥልጣን ሰይፊ ኪውሃቡ፡ ግደ ወኻሩ ኪኾኑ እዮም። ንጉሥ ብኣምላኽ ኪሕጐስ እዩ። ኣፍ ሓሰውቲ ግና ኪዕበስ እዩ እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ብእኡ ዝምሕል ዘበለ፡ ኪኸብር እዩ። ሃሌ ሉያ።



## መበል 67 መዝሙር

ኣምላኽ ይምሓረና ይባርኸና ገጹ የብርሃልና። መገድኻ ኣብ ምድሪ ኣብ ኵሎም ኣሕዛብውን ምድኃንካ ክነፍልጥሲ ገጽካ ኣብርሃልና። ኦ ኣምላኽ፡ ኣሕዛብ የመስግኑኻ ኵሎም ኣሕዛብ የመስግኑኻ። ንሕዝብታት ብቕንዕና ክትፈርዶም ነሕዛብውን ኣብ ምድሪ ኽትመርሖም ኢኻ እሞ፡ ሕዝብታት ይተሓጐሱን ዕልል ይበሉን። ኦ ኣምላኽ ኣሕዛብ የመስግኑኻ ኵሎም ኣሕዛብ የመስግኑኻ። ምድሪ ፍሬኣሂባ፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኺባርኸና እዩ። ኣምላኽ ይባርኸና ብዘሎ ወሰናት ምድሪ ኸኣ ይፍርሃዮ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 70 መዝሙር

ኦ ኣምላኽ ንምድኃነይ፡ ኦ እግዚኣብሔር ንሓገዘይ ቀልጥፍ። እቶም ንነፍሰይ ዚደልይዎ፡ ይሕፈሩን ይሕነኹን። እቶም ክፉእ ዚትምነዩለይ፡ ንድኅሪት ይመለሱን ይነውሩን።

ኣሰይ እንቋዕ ዚብሉኒ፥ ነዊሮም ንድኅሪት ይመለሱ። እቶም ዚደልዩኻ ኵሎም ብኣኻ ባህ ይበሎምን ይተሓጐሱን፥ እቶም ምድኃንካ ዚፈትዉ ኸኣ ኵሉ ጊዜ ኣምላኽ ልዕል ይበል ይበሉ። ኣነ ግና መስኪንን ድኻን እየ እሞ፥ ኦ ኣምላኽ ናባይ ፍጠን ኦ እግዚኣብሔር ረዳእየይን መናገፍየይን ንስኻ ኢኻ ኣይትደንጕ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 113 መዝሙር

ሃሌ ሉያ። ኣቱም ባሮት እግዚኣብሔር ኣመስግኑ። ንስም እግዚኣብሔር ኣመስግኑ። ስም እግዚኣብሔር ካብ ሕጂ ንዘለዓለም ይባረኽ። ካብ ምብራቕ ፀሓይ ክሳብ ምዕራብ፥ ስም እግዚኣብሔር ይመስገን። እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ኵሎም ኣሕዛብ ልዑል እዩ። ክብሩ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ሰማያት እዩ። ነቲ ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝፋኑ እተቐመጠ፥ ናብ ሰማይን ናብ ምድርን ኣንቈልቍሉ ዚጥምት እግዚኣብሔር ኣምላኽና ዚመስል፥ መን እዩ?። ምስ



መሳፍንቲ ምስቶም መሳፍንቲ ሕዝቡ ከቐምጦ ንመስኪን ካብ ሓመድ የተንሥኦ፥ ንድኻውን ካብ ጐድፍ የልዕሎ። ንመኻን ኣደ ቈልዑ ገይሩ ኣብ ቤት ብሓጐስ የንብራ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 143 መዝሙር

ጐይታየ ጸሎተይ ስማዕ፥ ንምህልላይ ጽንበሎ። ብሓቅኻን ብጽድቕኻን መልሰለይ። ሕያው ዘበለ ኣብ ቅድሜኻስ ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን እሞ፥ ምስ ባርያኻ ኣብ ፍርዲ ኣይትእቶ። ጸላኢ ንነፍሰይ ይሰጕ፥ ንሕይወተይ ናብ ምድሪ ይድርብያ ከም እቶም ቀደም ዝሞቱ፥ ኣብ ጸልማት የንብረኒ ኣሎ። መንፈሰይ ኣብ ውሽጠይ ይደክም፥ ልበይ ኣብ ውሽጠይ ይስንበድ ኣሎ። ናይ ቀደም መዓልትታት እዝክር፥ ኵሉ ተግባርካ ኣስተንትን፥ ግብሪ ኣእዳውካ እሓስብ ኣሎኹ። ኣእዳወይ ናባኻ እዝርግሕ ነፍሰይ ከም ደረቕ-ምድሪ ትጸምኣካ ኣላ። ኦ እግዚኣብሔር መንፈሰይ ደኺሙ እዩ እሞ፥ ቀልጢፍካ መልሰለይ

ነቶም ኣብ ጒድጓድ ዝወረዱ ከይመስልሲ፥ ገጽካ ኣይትኸውለለይ። ብኣኻ እውከል ኣሎኹ እሞ፥ ኣንጊህካ ምሕረትካ ኣስምዓኒ። ነፍሰይ ናባኻ ኣልዕል ኣሎኹ እሞ፥ እታ ዝኸዳ መገዲ ኣፍልጠኒ። ኦ እግዚኣብሔር ኣባኻ ተወኪለ ኣሎኹ፥ ካብ ጸላእተይ ኣናግፈኒ። ንሰኻ ኣምላኸይ ኢኻ እሞ፥ ምግባር ፍቓድካ ምሃረኒ፥ ሠናይ መንፈስካ ብቕኑዕ መገዲ ይምርሓኒ። ኦ እግዚኣብሔር ስለ ስምካ ኢልካ ብሕይወት ኣንብረኒ። ብጽድቕኻ ንነፍሰይ ካብ ጸበባ ኣውጽኣያ። ኣነ ባርያኻ እየ እሞ፥ ብሣህልኻ ንጸላእተይ ኣጽንቶም ነቶም ንነፍሰይ ዘጽብቡላ ኩሎም ከኣ ኣጥፍኣዮም። ሃሌ ሉያ።

## ወንጌል ዮሓንስ ምዕራፍ 1፡ 1-17

ብመጀመርታ ቃል ነበረ፥ እቲ ቃል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፥ እቲ ቃል ኣምላኽ ነበረ። እዚ ብመጀመርታ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። ብእኡ



ኵሉ ኾነ፥ ብዘይ ብእኡ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ ዝኾነ የልቦን። ኣብኡ ሕይወት ነበረት፥ እታ ሕይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበረት፥ ብርሃንውን ኣብ ጸልማት ኣብረሀ፥ ጸልማት ግና ኣይኀዞን።

ዮሓንስ ዝስሙ ሰብኣይ፥ ካብ ኣምላኽ ዝተላእከ ነበረ፥ እዚ ንብርሃን ዝምስክር፥ ኵሉ ብመንጎኝነቱ ክኣምን፥ ንሱ ንምስክር መጸ። ንብርሃን ደኣ ኺምስክር መጸ እምበር፥ ንሱስ ብርሃን ኣይነበረን። እቲ ንኹሉ ሰብ ዘብርህ ብርሃን ሓቂ ናብ ዓለም ይመጽእ ነበረ። ኣብ ዓለም ነበረ፥ ዓለምውን ብእኡ ኮነት፥ ዓለም ግና ኣይፈለጠቶን። ናብቶም ናቱ መጸ፥ እቶም ናቱ ኸኣ ኣይተቐበልዎን። ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ዚኣምኑ ግና፥ ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ ስልጣን ሃቦም። እዚ ኣቶም ካብ ደም፣ ወይ ካብ ፍቓድ ሥጋ፣ ወይ ካብ ፍቓድ ሰብኣይ ዝተወልዱ ዘይኮኑስ፥ ካብ ኣምላኽ ዝተወልዱ እዮም። እቲ ቃል

ሥጋ ኾነ፥ ኣብ ሞንጎናውን ኃደረ፥ ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ጸጋን ሓቅን ዝመልአ ርኤና። ዮሓንስ ንዕኡ መስከረሉ፥ እዚ እዩ እቲ ብዛዕባኡ፥ እቲ ድኅረይ ዝመጽእ፥ ንሱ ቕድመይ ዝነበረ እዩ ዝበልኩ፥ ብሓቂ ቅድመይ ነበረ፥ ኢሉ ጨደረ። ንኅና ኹላትና ካብ ምልኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበልና። ምኽንያቱ ሕጊ ብሙሴ ተዋሂቡ፥ ጸጋን ሓቅን ግና፥ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኮነልና።

ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ኣሜን።

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ምስ ኄር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፥ ሎምን ኲሉ ሳዕን ንሰግደልካ ኣሎና። ኣሜን።



## ክፍልታት ጸሎት

ኦ ንኹሉ ሰብ እተብርህ ሓቀኛ ብርሃን ናብ ዓለም ዝመጻእካ። በቲ ኣብ ደቂ ሰብ ዘሎካ ፍቕርኻ ናብ ዓለም ኣቶኻ። ኲሉ ፍጥረትውን ብምምጻእካ ተሓጎሰ። ነቦና ኣዳም ካብ ኃይልታት ጽልመት ኣድኃንካዮ። ነዴና ሄዋንውን ካብ ስቅያት ሞት ናጻ ኣውፃእካያ። መንፈስ ውልድነትውን ሃብካና። ስለዚ ከምዚ እናበልና ነመስግነካን ንባርኸካን ኣሎና።

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

ኦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽና ናይ ብሓቂ ብርሃን፥ ምእንቲ ብርሃናዊ ህዋሳትን ብርሃናዊ ሓሳባትን ኣባና ክንጸብርቕ፥ ጊዜ ወጋሕታ ብርሃንካ ናባና ፈኑ። ጸላም ስቅያት ኣይጋርደና ምእንቲ በኣዕምሮ ምስ ዳዊት "ኣብ ጊዜ ለይቲ ብኹሉ ቃላትካ ክዛረብሲ ኣዒንተይ ነቕሓ" እናበልና

ከነመስግነካ። ከምቲ ዓቢይ ምሕረትካ ድምፅና ስማዕ። ኦ ጐይታናን ኣምላኽናን ብርኅራኄኻ ርድኣና።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኦ ካብ ምብራቕ ፀሓይ ክሳብ ምዕራብ ዝኽበርኪ። ኵሉ ፍጥረትውን ንዓኺ ምስጋና ዘቕርበልኪ፥ ኣደ ብርሃን፥ ካለኣይቲ ሰማይ፥ ወላዲተ ኣምላኽ፥ ንሸኺ ኢኺ። እታ ብርሃና ዘይቅየር ፀሓይ፥ ዘይትጽምሉ ዕንባባ፥ ንሸኺ ኢኺ። እታ ብድንግልናኣ እትነብር ኣደ ንሸኺ ኢኺ። ስለዚ ኣቦ መረጸኪ፥ መንፈስ ቅዱስ ኣጽለለኪ፥ ወዲ ኸኣ ወሪዱ ካባኺ ተሠገወ። ነቲ ንሱ ዝፈጠሮ ዓለም ምእንቲ ከድኅኖ፥ ካብ ፈተናውን ከናግፎ ለምንዮ እኺ።. ብሓድሽ ምስጋና ነመስግኖን ንባርኾን፥ ሎምን ኵሉ ሳዕን ንዘለዓለምን ኣሜን።



## ናይ መላእኽቲ ስብሓታት

ምስ መላእኽቲ ከምዚ እናበልና ነመስግን። ክብሪ ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማያት፥ ኣብ ምድሪውን ሰላም፥ ኣብ ሰብውን ሓጐስ ይኹን። ኦ ጐይታ! ንኸሉ እትመልኽ፥ እግዚ ኣብሔር ኣቦን፥ እቲ ሓደ በይኑ ወዱ ዝኾንካ ኢየሱስ ክርስቶስን፥ መንፈስ ቅዱስን፥ ኣብ ልዕሊ ሰማያት እትገዝእ፥ ነመስግነካን፥ ንባር ኸካን፥ ነገልግለካን፥ ንሰግደልካን፥ ንእመነል ካን፥ ብግሩምነትካውን ንዝረበልካን። ስለቲ ዕብ የትካን ልዕልናኻን ነመስግነካ ኣሎና። ኦ ጐይታናን ኣምላኽናን ገንሸል ኣምላኽ፥ ነቦ ሓደ ወዱ፥ ኃጢኣት ዓለም እትጸውር መሓ ረና። ኦ ኃጢኣት ዓለም እተርሕቕ ጸሎትና ተቐበለልና። ኦ ኣብ የማን ኣቦኻ ተቐሚጥካ ዘሎኻ መሓረና። ንሸኻ ንበይንኻ ቅዱስን ልዕሊ ኵሉን ኢኻ። ኵሉ መዓልቲ እባርኸካ ኣሎኹ። ነቲ ቅዱስ ስምካውን ንዘለዓለም ዓለም እው ድሶ፥ ኣሜን። ኦ ኣምላኸይ፥ ኣብ ምድሪ

ሕግታትካ ብርሃነይ ስለ ዝኾነ፥ ካብ ለይቲ ኣትጊሃ መንፈሰይ ናባኻ ተንግህ። መድኃንየይ ስለ ዝኾንካ ንመገድኻ እኸተሎ ኣሎኹ። ኦ ጐይታይ ኣንጊህካ ንድምፀይ ትሰምዖ፥ ኣንጊሀ ድማ ኣብ ቅድሜኻ እቐውም፥ ንሸኻውን ትርኢየኒ። ክብሪ ንእግዚኣብሔር ኣቦን ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስን መንፈስ ቅዱስን፥ ኣሜን።

## ውዳሴ ሥሉስ ቅዱስ

ቅዱስ እግዚኣብሔር ቅዱስ ኃያል ቅዱስ ሕያው ዘይመውት፥ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዝተወልደ መሓረና። ቅዱስ እግዚኣብሔር ቅዱስ ኃያል ቅዱስ ሕያው ዘይመውት፥ ኣብ ዮርዳኖስ ዝተጠምቀ፥ ኣብ ልዕሊ ዕፀ መስቀል ምእንታና ዝተሰቕለ መሓረና። ቅዱስ እግዚኣብሔር ቅዱስ ኃያል ቅዱስ ሕያው ዘይመውት፥ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምዉታት ዝተንሥአ፥ ብምስጋና ናብ ሰማያት ዝዓረገ ኣብ የማን ኣቦኡ ዝተቐመጠ፥ ኣብ ሕያዋንን ምዉታንን ኪፈርድ ከምብሓድሽ ኪመጽእ እዩ። ኦ ጐይታ መሓረና።

ምስጋና ንኣቦን ንወድን ንመንፈስ ቅዱስ ሎምን ኵሉ ሳዕን ንዘለዓለም ዓለም፥ ኣሜን።

ኦ ሥሉስ ቅዱስ መሓረና፥ “3 ጊዜ” በል።

ኦ ጐይታ ኃጢኣትና ኅደገልና። ኦ ጐይታ በደልና ኣይትጸብጽበልና። ኦ ጐይታ ኣበሳና ይቕረ በለልና። ኦ ጐይታ ንሕሙማት ሕዝብኻ ብጽሓዮም እሞ፥ ምእንቲ እቲ ቅዱስ ስምካ ኢልካ ፈውሶም። ኦ ጐይታ ነቶም ዝሞቱ ኣቦታትናን ኣኅዋትናን ከኣ ነፍሶም ኣዕርፍ። ኦ ካብ ኃጢኣት ንጹሕ ዝኾንካ ጐይታ መሓረና። ኦ ካብ ኃጢኣት ንጹሕ ዝኾንካ ጐይታ ርድኣና። ልማኖና ኸኣ ተቐበለልና። ክብርን ምስጋናን ብፍጹም መዓርግ ቅድስናን ንዓኻ ይግባእ፥ ኣሜን።

ኦ ጐይታ መሓረና፥ ኦ ጐይታ መሓረና፥ ኦ ጐይታ ባርኽና፥ ኣሜን።

ከምዚ እናበልና ከነመስግነካ ብቑዓት ግበረና፡- ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና.. .. .. ። ገጽ፡-28

## ምስጋና ንቅድስት ድንግል ማርያም።

ኦ ቅድስቲ ምልእቲ ጸጋ፥ ኵሉ ግዜ ድንግል ዝኾንኪ፥ ወላዲት ኣምላኽ፥ ኣደ ክርስቶስ፥ ሰላም ንብለኪ። ምእንቲ ኃጢኣትና ኪኃድገልና፥ ናብ ፍቑር ወድኺ፥ ጸሎትና ኣዕርግልና።

ንሓቀኛ ብርሃን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽና ዝወለድክልና ቅድስቲ ድንግል፥ ሰላም ንብለኪ። ንኃጢኣት ነፍስና ኃዲጉ ከምሕረና፥ ናብ ጐይታ ለምንልና።



ኦ ቅድስቲ ድንግል ማርያም፥ ወላዲት ኣምላኽ፥ ንዘርኢ-ሰብ እምንቲ ኣማላዲት፥ ናብ ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ብኀድገት ኃጢኣትና ክጸግወና ለምንልና።

ኦ ናይ ሓቂ ንግሥቲ ድንግል፥ ሰላም ንብለኪ። ኦ ንኣማኑኤል ኣምላኽና ዝወለድክልና፥ ኩርዓት ዘርእና፥ ሰላምታ ነቕርበልኪ።

ኦ ድንግል ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተኣመነት ኣማላዲት፥ ኃጢኣትና ምእንቲ ኪኃድገልና ተዘከርና።

## መእተዊ ጸሎተ ሃይማኖት

ኦ ኣደ ሓቀኛ ብርሃን ነኽብረኪ። ኦ ቅድስቲ ድንግል ወላዲተ ኣምላኽ፥ መድኃን ዓለም ስለ ዝወለድክልናን፥ መጺኡ ኸአ ንነፍስና ስለ ዘድኃነናን ነመስግነኪ። ኦ ጐይታናን ንጉሥናን መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ክብሪ ንዓኻ

ይኹን። ንሽካ ንሓዋርያት ሞገሶም፤ ንሰማዕ
ታት ኣኽሊሎም፤ ንጻድቃን ዕልልታኦም፤ ን
ቤተ-ክርስቲያን ጽንዓት፤ ንኃጥኣን ኅድገት።
ብሓደ ዝመለኮቱ ሥሉስ ቅዱስ ነበሥር፣ ንሰግ
ደሉን ንኸብሮን። ኦ ጐይታ መሓረና ኦ
ጐይታ መሓረና ኦ ጐይታ ባርኸና። ኣሜን።

## ጸሎተ ሃይማኖት

ብሓቂ፣ ብሓደ ኣምላኽ፣ እቲ ንኹሉ ዝመ
ልኽ፣ ሰማይን ምድርን ዚረኣን ዘይረኣን ዝፈ
ጠረ፣ እግዚኣብሔር ኣቦ፣ ንኣምን።

ከምኡውን፣ በቲ ሓደ ወዱ ንኣምላኽ ጐይ
ታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ቅድሚ ኩሉ ዘበ፡ናት
ካብ ኣቦ ዝተወልደ። ብርሃን ካብ ብርሃን፣
ሓቀኛ ኣምላኽ ካብ ሓቀኛ ኣምላኽ፣ ዝተወልደ
እምበር ዘይተፈጥረ፣ ብመለኮቱ ምስ ኣቦ ማዕ
ረ ዝኾነ። እዚ ኩሉ ዘሎ ብእኡ ዝኾነ፣
ንኣምን።

ምእንታና ምእንቲ ደቂ ሰባት፣ ምእንቲ
ድኅነትና ካብ ሰማያት ዝወረደ። ብ መንፈስ
ቅዱስ ዝተጠንሰ። ካብ ቅድስት ድንግል
ማርያም ሥጋ ለቢሱ ሰብ ዝኾነ፣ ብዘመን
ጴንጤናዊ ጲላጦስ ምእንታና ተሰቕለ፣
ተሳቕየ፣ ተቐብረ፣ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ
ከም ዝተጻሕፈ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ
ምዉታት ተፈልዩ ተንሥአ።

ናብ ሰማያት ዓረገ። ኣብ የማን ኣቦኡ
ተቐመጠ። ንመንግሥቱ መወዳእታ የብሉን።
ንምዉታትን ንሕያዋንን ኪፈርድ ብኽብሪ
ኪመጽእ እዩ።

እወ፣ ጐይታን መሕወዪን ብዝኾነ፣ ካብ
ኣቦ ዝሠረፀ፣ ብነብያት ዝተዛረበ፣ ብመንፈስ
ቅዱስ፣ ንኣምን። ምስ ኣቦን፣ ወድን፣ ንሰግ
ደሉን ነመስግኖን።

ብሓንቲ ቅድስቲ ጉባዔ ሓዋርያት ቤተ-
ክርስቲያን ንኣምን።

ንኣድገት ኃጢኣትውን ብሓንቲ ጥምቀት፥ ንኣምን። ንትንሣኤ ሙታንን ንዚመጽእ ናይ ዘለዓለም ሕይወትን ንጽበ ኣሎና ኣሜን።

ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና፥ ኣደገልና። "41 ጊዜ" ኪርያላይሶን .. በል።

## ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ

ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት፥ ሰማይን ምድርን ብኽብርኻን ብልግ ሸኻን ሙሉኣት እየን። ኦ ኹሉ እትመልኽ እግዚኣብሔር ኣቦ መሓረና፥ ኦ ጐይታ ሠራ ዊት፥ ኣምላኽ ኃይልታት ምሳና ኹን። ምኽን ያቱ ኣብ ጊዜ ሽግርናን ጭንቀትናን ብዘይካኻ ረዳኢ የብልናን። ኦ ኣምላኽ ኣባና ኅደር። ንበደልና፥ ይቕረታን ምሕረትን ግበረልና። እቲ ብድልየትናን ብዘይ ድሌትናን ዝገበር



ናዮ፥ እቲ ብፍላጥን ብዘይፍላጥን ዝሠራሕ ናዮ፥ ስዉርን ግሁድን ዝኾነ ኃጢኣትና ምእ ንቲ እቲ ኣብ ልዕሌና ዝሰመ ቅዱስ ስምካ ኢልካ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና። ኦ ጐይታ ከም ምሕረትካ ደኣ እምበር፥ ከም ተግባርና ኣይኹን።

ብቑዓት ግበረና ብምስጋና ከምዚ ኢልና ክንጽሊ፦ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና.. ..። ገጽ፦-28

## ናይ ንስሓ ጸሎት

ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኃይልታት፥ ቅድ ሚ ኩሉ እዋን ዝነበርካ ንዘለዓለምውን ህልው ዝኾንካ፥ ፀሓይ ብመዓልቲ ከብርሀ፥ ጸልማት ከኣ ንዕርፍቲ ደቂ ሰባት ዝፈጠርካ። ኦ ንጉሥ ዘለዓለም፥ ነዛ ለይቲ እዚኣ ብሰላም ኣሳሊፍካ፥ ናብዛ መጀመርታ መዓልቲ ስለ ዘእተኻና ነመስግነካ ኣሎና። ኦ ንጉሥናን

ንጉሥ ዘለዓለምን፥ ብርሃን ገጽካ ከተንጸብ ርቐልና ኣምሳሻዊ ብርሃን ፍልጠትካውን ከብር ሃልና ንልምነካ። ደቂ ብርሃንን ደቂ መዓልትን ክንከውን ኣብቅዓና። ኦ ጐይታና ምእንቲ እዛ መዓልቲ እዚኣ ብቅድስናን ንጽሕናን፥ ብሠ ናይ ምዕዶን ክንኃልፋ፥ ነቲ ዝተረፈ ሕይወት ናውን ብዘይዕንቅፋት ክንፍጽሞ ሓግዘና። ምስ ርኅሩኅን መፍቀር ሰብን ዝኾነ ሓደ ወድኻ ኢየሱስ ክርስቶስን፥ ወሃቢ ጸጋ መንፈስ ቅዱስን፥ ክብርን ምስጋናን ውዳሴን ኣምልኾን ሎምን ኩሉ ሳዕን ንዘለዓለም ንዓኻ ይኹን፥ ኣሜን።

## ካልኣይ ናይ ንስሓ ጸሎት

ኦ ንብርሃን እትልእኮም ዝፍኖ። ንፀሓይ ኣብ ልዕሊ ኃጥኣንን ጻድቃንን እተብርቖ ጐይታ ኩሉ፥ ንፀሓይ ኣብ ኩሉ ዓለም ከብርሀ ዝገበርካ፥ ልብናንI ኣዕምሮናንI



ምስትውዓልናንI ኣብርሀ። ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ደስ ከነብለካ ዓድለና። ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ኩሉ ክፉእ ነገር ዘበለ ሓልወና። ካብ ኩሉ ኃጢኣትን፥ ካብ ኩሉ ተጻራሪ ኃይልን ኣድኅነና። ምስ ርኅሩኅን መፍቀር ሰብን ዝኾነ ሓደ ወድኻ ኢየሱስ ክርስቶስን፥ ወሃብ ሕይወት መንፈስ ቅዱስን፥ ክብርን ምስጋናን ውዳሴን ኣምልኾን ሎምን ኩሉ ሳዕን ንዘለዓለም ንዓኻ ይኹን ኣሜን።

## ድኅሪ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ዝጽለ ጸሎት

ኦ ጐይታ መሓረና ምሕረትካውን ኣብዝ ኃልና። ኦ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰዓትን ጊዜን ኣብ ሰማይን ምድርን ብኽብረት ዝስገደልካ ክርስቶስ እሙን ኣምላኽና፥ በዓል ነዊሕ ትዕ ግስትን ብዙኅ ምሕረትን፥ ብሠናያት ዝተመ ላእካን ርኅሩኅን፥ ነቶም ኣነ ዝቐዳማዮም

ኃጢኣተኛታትውን እትምሕር፥ ንኃጥእ -ብን ስሓ- ተመሊሱ ብሕይወት ክነብር እምበር ሞቱ ዘይትደሊ፥ ምእንቲ እቲ ዝጽበዮም ዘሎ ተስፋ ሰማያት ክረኽቡ ኻኹሎም ናብ ድኅነት እትዕድም፥ ኦ ጐይታ ኣብዛ ሰዓት እዚኣን፥ ኣብ ኩሉ ሰዓታትን፥ ልመናና ተቐበል። ሕይወትና ኣቃንዓልና፥ ትእዛዛትካ ክንገብር ምርሓና፥ መንፈስና ቀድስ፥ ሥጋናን ሓሳባት ናን ኣንጽሕ፥ ትምኒትናውን ሥመር፥ ሕማ ምና ፈውስ፥ ኃጢኣትና ኀደገልና፥ ካብ ኩሉ ክፉእ ሓዘንን ስቅያት ልብን ርድኣና። ብህልውንኣም ክንዑቈብ፥ ብቕዱሳት መላእኽት ኻ ሓልወና፥ ናብ ውህደት እምነት ክነምርሕ ምእንቲ፥ ናብቲ ዘይምርመርን ዘይውሰንን ፍልጠትካ ክንበጽሕ ዓድለና። ንሽኻ ንዘለዓለም ቡሩኽ ኢኻ ኣሜን።



## ጸሎት ሣልሰይቲ ሰዓት

ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ጲላጦስ ኣብ ልዕሊ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፈረደ፥ ከምኡውን ኣብዛ ሰዓት እዚኣ፥ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ እቶም ንጹሓት ሓዋርያቱ ወረደ።

## መእተዊ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ሰዓታት

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና... በል ገጽ፡-28

ናይ ምስጋና ጸሎት.... ... በል ገጽ፡-29

ናይ ንስሓ መዝሙር 51.... በል ገጽ፡-31

## ይቕጽል

ኣብዛ ብርኽቲ መዓልቲ እዚኣ፥ ናይ ሣልሰይቲ ሰዓት ጸሎት ምስጋና፥ ንክርስቶስ ንትሠይን ኣምላኽይን እናኣቕረብኩ፥ ኃጢኣተይ ክኅድገለይ እልምኖ።

## መበል 20 መዝሙር

እግዚኣብሔር ብመዓልቲ ጸበባ ይስማዕካ፥ ስም ኣምላኽ ያዕቆብ ልዕል የብልካ። ካብ መቅደሱ ረዲኤት ይስደደልካ፥ ካብ ጽዮን ከኣ ይደግፍካ። ንመሥዋዕቲ ብልዕኻ ዘበለ ይዘክሮ፥ ንመሥዋዕቲ ምሕራርካውን ይቀበሎ። ነቲ ልብኻ ዝምነዮ ይሃብካ፥ ንምኽርኻ ዘበለውን ይፈጽሞ። ብምድኃንካ ዕልል ንብል፥ ንሰንደቕ ዓላማውን ብስም ኣምላኽና ነልዕሎ። ንኹሉ ልማኖኻ እግዚኣብሔር ይፈጽሞ እግዚ ኣብሔር ንቕቡኡ ከምዘድኅኖ ሕጂ ፈለጥኩ። ብናይ እታ የማነይቲ ኃይሊ ምድኀን ካብ ቅድስቲ ሰማዩ ኪመልሰሉ እዩ። ገሊኣቶም ብሠረገላታት ገሊኣቶምውን በፍራስ ይእመኑ ንሕና ግና ብስም እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኢና ንእመን። ንሳቶም ደኒኖም ይወድቁ ንሕ ና ግና ደልዲልና ንቐውም። ኦ እግዚኣብሔር ንንጉሥ ኣድኅኖ። በታ እንጠርዓላ መዓልቲ ስምዓና። ሃሌ ሉያ።



## መበል 23 መዝሙር

እግዚኣብሔር ጓሳይ እዩ ዝጐድለኒ የብለ ይን። ኣብ ልሙዕ ሸኻ የውዕለኒ፥ ናብ ዝዓር ፊሉ ማይ ይመርሓኒ። ንሱ ንነፍሰይ የህድኣ፥ ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ ይመር ሓኒ። በትርኻን ምርኩስካን የጸናንዓኒ። ንስኻ ምሳይ ኢኻ እሞ ብርባርባ ድነሞት እኳ እንተኸድኩ ክፉእ ኣይፈርህን እየ። ንስኻ ኣብ ቅድሚ ገጽ ጸላእተይ መኣዲ ትሠርዓለይ፥ ን ርእሰይ ብዘይቲ ትለኽዮ ጽውዐይ ይጅርብብ ሎ። ብሓቂ ሣህልን ምሕረትን ብኹሉ ዕድ ሜይ ክስዕባኒ ኢየን ኣብ ቤት-እግዚኣብሔር ኣ ንዘለዓለም ክነብር እየ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 24 መዝሙር

እግዚኣብሔር ንምድሪ ኣብ ባሕሪ ሠሪትዋ ኣብ ወሓይዝውን ኣጽኒዕዋ እዩ እሞ ንሳን ምልኣታን ዓለምን ዚነብርዋን ናቱ እዮም። ናብ ከረን እግዚኣብሔር ዝድይብ መን እዩ?

ኣብቲ ቅዱስ ቦታኡ ዝቐውምሲ መን እዩ?
እቲ ንጹሕ ዝኣእዳዉን ንጹሕ ዝልቡን ነፍሱ
ናብ ከንቱ ዘየልዕል ብጥበራ ዘይምሕል ሰብ
እዩ። ንሱስ በረኸት ካብ እግዚኣብሔር፥ ጽድ
ቂውን ካብ ናይ ምድኃኑ ኣምላኽ ክቕበል
እዩ። እቶም ዝደልይዎ ወለዶ እዚኣቶም
እዮም ንገጽካ ዝደልዩ ኦ ኣምላኽ ያዕቆብ።
ኣቱም ደጌታት ርእሰኻትኩም ኣልዕሉ፥ ኦ ናይ
ዘለዓለም ደጌታት ልዕል በሉ እቲ ንጉሥ ክብ
ሪውን ክኣቱ እዩ። እዚ ንጉሥ ክብረኸ መን
እዩ? እቲ ብርቱዕን ኃያልን እግዚኣብሔር
ኣብ ውግእ ዚብርትዕ እግዚኣብሔር እዩ።
ኣቱም ደጌታት ርእሰኻትኩም ኣልዕሉ፥ ኦ ናይ
ዘለዓለም ደጌታት ልዕል በሉ እቲ ንጉሥ ክብ
ሪውን ክኣቱ እዩ። እዚ ንጉሥ ክብሪ እዚ
መን እዩ? ጐይታ ሠራዊት እቲ ንጉሥ ክብሪ
ንሱ እዩ። ሃሌ ሉያ።



## መበል 26 መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ብንጽሕና ተመላሊሰ፥
ኂይተጠራጠርኩ ኸኣ ኣብ እግዚኣብሔር ተወ
ኒለ እየ እሞ በይነለይ። ኦ እግዚኣብሔር
መርምረንን ተዓዘበንን ንልበይን ኰላሊተይን
መርምሮ። ሣህልኻ ኣብ ቅድሚ ኣዕይንተይ
እዩ እሞ ብሓቕኻ እመላለስ ኣሎኹ። ምስ ሓሰ
ውቲ ሰባት ኣይተቐመጥኩን ምስ ኣምሰሉታት
ውን ኣይከድኩን። ንማኅበር እኩያት እጸልእ
ምስ ረሲኣንውን ኣይቅመጥን እየ። ኦ
እግዚኣብሔር ነእዳወይ ብንጽሕና እሓጽበን
ድምፂ ምስጋና ከሰምዕ፥ ንብዘሎ ተኣምራትካ
ውን ምእንቲ ከዘንትዎስ፥ ንመሠዊዒኻ እዘሮ
ኣሎኹ። ኦ እግዚኣብሔር ንቤት-መቕደስካ ነቲ
ክብርኻ ዚነብረሉ ቦታ ኣፍቅሮ እየ። ንነፍሰይ
ምስቶም ኣብ ኣእዳዎም ዓመጻ ዘለዎም ኃጥ
ኣን፥ ንሕይወተይ ከኣ ምስቶም የማነይቲ
ኢዶም መማለዲ ዝመልኣት ሰብ ደም ኣይት
ጸንብራ። ኣነስ ብንጽሕና እየ ዚመላለስ

አድኅነኒ መሐረኒውን። እግረይ ኣብ ጥጡሕ ቦታ ደው ኢላ ኣላ ኣብ ማኅበራት ንእግዚ ኣብሔር ከመስግኖ እየ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 29 መዝሙር

ኣቱም ውሉድ ብርቱዓት፥ ንእግዚኣብሔር ሃቡ፥ ንእግዚኣብሔር ክብርን ምስጋናን ሃብ ዎ። ንእግዚኣብሔር እቲ ንስሙ ዝግብእ ክብ ሪ ሃብዎ፥ ንእግዚኣብሔር ብገጽ ቅድስና ስገ ድሉ። ኣምላኽ ክብሪ የንጎድጉድ ኣሎ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ብዙኅ ማያት እዩ። ድምጺ እግዚኣብሔር ብሥልጣን ድምጺ እግዚኣብሔር ብግርማ እዩ። ድምጺ እግዚኣብ ሔር ንጽሕድታት ይሰብሮ እግዚኣብሔር ንጽ ሕዲ ሊባኖስ ይሰባብሮ። ናኽራን ሊባኖስን ስርኪ ዮንን ከም ብተይ ከም ጣዕዋ-ጐባይ የዕንድ ሮም። ድምጺ እግዚኣብሔር ንሃልሃልታ-ሓዊ ይስንጥቕ። ድምጺ እግዚኣብሔር ንምድረበዳ የንቀጥቅጦ፥ እግዚኣብሔር ንምድረበዳ ቃዴስ የንቀጥቅጦ እዩ። ድምጺ እግዚኣብሔር



ንእራብ የውልደን፥ ንዱር የርግፎ ኣብ መቕደሱውን ኵሉ ክብሪ ይብል ኣሎ። እግዚ ኣብሔር ኣብ ልዕሊ ማይ ኣይኂ ተቐመጠ ኣረ እግዚኣብሔር ንዘለዓለም ነጊሡ ክቕመጥ እዩ። እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ኃይሊ ይህቦ፥ እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ብሰላም ይባርኾ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 30 መዝሙር

ንላዕሊ ሲሒብካኒ፥ ንጸላእተይ ብኣይ ኣየሐ ጐስካዮምን እሞ፥ ኦ እግዚኣብሔር፥ ልዕል ኣብለካ ኣሎኹ። ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ ኣነ ናብኻ ኣእወኹ ንሸኻውን ኣጥፅኻኒ። ኦ እግዚኣብሔር ንነፍሰይ ካብ ሲኦል ኣውፃእ ካ፥ ናብ ጉድጓድ ከይወርድሲ ንሕይወተይ ኣድኃንካኒ፥ ኵራኡ ንቕጽበት ዓይኒ እዩ፥ ጋኡ ግና ምሉእ ዕድመ ይጸንሕ፥ ምሸት- ብኽያት ይሰማዕ፥ ንግሆ ግና ዕልልታ ይኸውን ዩ እሞ፥ ኣቱም ቅዱሳኑ ንእግዚኣብሔር ዘም ሩሉ፥ ንቅዱስ ዝኽሩውን ኣመስግኑ። ኣነንከ

ብራህዋይ ከቶ ኣይከንደልህጽን እየ በልኩ። ኦ እግዚኣብሔር ብምገስካ ኻኸረነይ ኣጽኒዕካዮ፡ ገጽካ ኸወልካዮ ኣነውን ሰምበድኩ። ኦ እግዚ ኣብሔር ናባኻ ኣእውየ፡ ንእግዚኣብሔር ለሚነ ዮ ከምዚ ኢለ፡ ናብ ጉድጓድ እንተ ወረድ ኩስ ካብ ደመይ እንታይ ክትረብሐ ኢኻ፡ መሬትዶ ክውድሰካን ንሓቅኻስ ክዘንቱ ይኽእል ድዩ?። ኦ እግዚኣብሔር ስማዕ እሞ መሓረኒ፡ ኦ እግዚኣብሔር ረዳእየይ ኩን። ነፍሰይ ምእ ንቲ ክትዝምረልካን ስቕ ከይትብልንሲ ብኽያ ተይ ናብ ዕልልታ ለወጥካለይ፡ ከለይ ፈቲሕ ኻስ ደስታ ኣዕጠቕካኒ። ኦ እግዚኣብሔር ኣም ላኸይ ንዘለዓለም ክውድሰካ እየ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 34 መዝሙር

ንእግዚኣብሔር ኩሉ ጊዜ እባርኾ፡ ውዳ ሴኡ ንሓዋሩ ኣብ ኣፈይ ኢዩ። ነፍሰይ ብ እግዚኣብሔር ኪትሕበን ኢያ። ትሑታት እዚ ሰሚዖም ክሕጎሱ እዮም። ንእግዚኣብሔር ምሳይ ኄንኩም ኣዕብይዎ፡ ንስሙ ሓቢርና



ልዕል ነብሎ። ንእግዚኣብሔር ደለኹዎ ንሱ ውን መለሰለይ፡ ካብ ኩሉ ፍርሃተይ ኣናገፈ ኒ። ናብኡ ዚጥምቱ የንጸባርቑ ገጾምውን ከቶ ኣይሓፍርን። እዚ መስኪን እዚ ኣእወየ እሞ እግዚኣብሔርውን ሰምዮ፡ ካብ ኩሉ ጸበባኡ ኣድኃኖ። መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያ እቶም ዚፈርህዎ ይሰፍር፡ የናግፎም ከኣ። እግዚኣብሔር ሠናይ ምዃኑ ጠዓሙን ረኣዩን፡ ኣብኡ ዝውከል ሰብ ብፁዕ እዩ። ነቶም ዝፈርህዎ ገለ ኣይጐድሎምን እዩ እሞ፡ ኣቱም ቅድሳኑ ንእግዚኣብሔር ፍርህዎ። ኩራኹር ኣናብስ ይስእኑን ይጠምዩን ንእግዚ ኣብሔር ዝደልይዎ ግና ሠናይ ዘበለ ከቶ ኣይ ጐድሎምን።

ደቀየ ኣነ ፍርሃት እግዚኣብሔር ክምህ ረኩምሲ ንዑ ስምዑኒ። ሕይወት ዝፈቱ፡ ጽቡቕ መዓልትታት ኪርኢ ዝደሊ መን ኣሎ? ምልሓስካ ካብ እከይ፡ ከናፍርካውን ካብ ምዝራብ ጥልመት ሓሉ። ካብ እከይ ረሓቕ

ሠናይ ከኣ ግበር፥ ንሰላም ድለያ ሰዓባውን። ኣዕይንቲ እግዚኣብሔር ናብ ጻድቃን ኣእዛኑ ከኣ ናብ ኣውያቶም እየን። ንመዘከርታኦም ካብ ምድሪ ከጥፍኦስ ገጽ እግዚኣብሔር ናብ እቶም ገበርቲ እከይ እዩ። ጻድቃን የእውዩ እግዚኣብሔር ድማ ይሰምዮም፥ ካብ ኵሉ መከራኦምውን የናግፎም። እግዚኣብሔር ነቶም ለዉሃት ልቢ ዘለዎም ቀረባኦም እዩ፥ ነቶም ቅጥቁጥ መንፈስ ዘለዎም ድማ የድኅኖም። ናይ ጻድቕ መከራ ብዙኅ እዩ፥ እግዚኣብሔር ግና ካብ ኵሉ የናግፎ። ንሱ ንዅለን ኣዕጽምቱ ይባልሀን ሓንቲ እኳ ኣይትስበርን። ክፍኣት ንረሲእ ይቕትሎ፥ ንጻድቕ ዚጸልኡ ከኣ ክኾነኑ እዮም። እግዚኣብሔር ንነፍሲ ባሮቱ ይብጀወን፥ ካብቶም ኣብኡ ዝዕቆቡ ኸኣ ሓደ እኳ ኣይክኾነንን እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 41 መዝሙር

ንድኻ ዝሓልየሉ ብፁዕ እዩ፥ እግዚኣብሔር ብመዓልቲ መከራ የናግፎ። እግዚኣብሔር



ይሕልዎ ብሕይወቱውን የንብሮ። ንሱ ኣብ ምድሪ ብፁዕ ይኸውን። ናብ ፍቃድ ጸላእቱ ኣይተሕልፎን ኢኻ። ኣብ መደቀሲ-ድናሴኡ ከሎ እግዚኣብሔር ይድግፎ። ንሽኻ ብሕማሙ ንብዘላ ዓራቱ ተንጽፈሉ። ጐይታየ በዲለካ እየ እሞ መሓረኒ፥ ንነፍሰይ ኣሕውያ በልኩ። ጸላእተይ መኣዝ ኰን ኪመውት፥ መኣዝ ስሙ ኪጠፍእ እዩ፥ ኢሎም ብኣይ ክፉእ ይዛረቡ ኣለዉ። ሓደ እንተ በጺሓኒ ብልግሚ ይዛረብ፥ ኣብ ልቡ ክፍኣት ይዛረብ ምስ ወጸ ይዛረቦ። ኵሎም ጸላእተይ ብኣይ ነንሓድሕዶም የሕሾኽሹኹ፥ ግብሪ እከይ ጠቢቕዎ ኣሎ ራዕ ኢሉ እዩ እሞ፥ ከቶ ኣይክትንሥእን እዩ እናበሉ፥ ብኣይ ክፉእ ይምህዙ ኣለዉ። እወ እቲ ዝኣምኖ፥ እንጌራይ ዝበልዐ ፈታውየይ እኳ ሸኾናኡ ኣልዓለለይ። ንሽኻ ግና ጐይታየ ምሓረኒ ክፈድዮ ከኣ ኣተንሥኣኒ። ጸላእየይ እንተ ዘይተዓወተለይ፥ በዚ ንሽኻ ከምዝበሃግካኒ እፈልጥ ኣሎኹ። ንኣይሲ ብንጽሕናይ ትድግፈኒ፥ ኣብ ቅድሚ ገጽካ ኸኣ ንዘለዓለም

ተንብረኒ ኣሎኻ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ እስራኤል ካብ ዘለዓለም ንዘለዓለን ይባረኽ። ኣሜን፥ ኣሜን። ሃሌ ልያ።

## መበል 43 መዝሙር

ኦ ኣምላኽ በይነለይ፥ ምስቲ ምሕረት ዘይብሉ ሕዝቢ ተማጐተለይ፥ ካብ ሓሳውን ዓማጽን ሰብ ኣድኅነኒ። ኣምላኽ ኃይለይ ንስኻ ኢኻ እሞ ስለምንታይ ደርበኻኒ፥ ስለምንታይከ ብሰሪ ጥቕዓት ጸላኢ እናሓዘንኩ እኸይድ ኣሎኹ፥ ብርሃንካን ሕቕኻን ልኣኽ ንሳተን ይምርሓኒ ናብ ቅድስቲ ከረንካን ናብ ማኅደራትካን የብጽሓኒ። ሽዑ ናብ መሠውዒ ኣምላኽ፥ ናብ ኣምላኽ ደስታይን ታሕጓሰይን ክኣቱ እየ፥ ኦ ኣምላኽ፥ ኣምላኸየ ብበገና ከመስግነካ እየ። ነፍሰይ ስለምንታይ ትጕህዪ? ስለምንታይሲ ኣብ ውሽጠይ ትህውኺ ኣሎኺ? ንምድኃን ገጸይን ኣምላኸይን ጌና ከመስግኖ እየ እሞ፥ ተስፋኺ ኣብ ኣምላኽ ግበሪ። ሃሌ ሉያ።



## መበል 45 መዝሙር

ካብ ልበይ ጽቡቕ ነገር ይግንፍል፥ ድርሳናተይ ንንጉሥ እዩ እብል፥ ልሳነይ ከም ብርዒ ቐልጢፍ ጸሓፊ እያ። ካብ ደቂ ሰብ ንስኻ ትጽብቕ፥ ግርማ ኣብ ከናፍርካ ፈሰሰ፥ ስለዚ ኣምላኽ ንዘለዓለም ባረኸካ። ኣታ ጅግና ሰይፍኻ ኣብ ሕቘኻ ዕጠቕ፥ ክብርኻን ግርማኻን ልበስ። ምእንቲ ሓቅን ገርህነትን ጽድቅን ብግርማኻ ውፃእ፥ የማነይቲ ኢድካውን ዘገርም ነገር ክትምህረካ እያ። ፍላጻታትካ በላሕቲ እየን፥ ኣብ ልቢ ጸላእቲ ንጉሥ ይኣትዋ። ሕዝብታት ኣብ ትሕቴኻ ይወድቁ። ኦ ኣምላኽ ዝፋንካ ንዘለዓለመ ዓለም እዩ፥ ዘንጊ መንግሥትኻውን ዘንጊ ቅንዕና እያ። ጽድቂ ትፈቱ ዓመፅ ትጸልእ። ስለዚ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ሓለፋ ብጸትካ ብዘይቲ ሓጐስ ቀብኣካ። ኣልባስካ ኵሉ ከርበን ዓልወን ይጨኑ፥ ኣብ ኣደራሽ ስኒ ሓርማዝውን በገናታት ባህ የብለካ ኣሎ። ኣዋልድ ነገሥታት፥ እተን ክቡራት

ኣንስትኻ እየን፥ እታ ንግሥቲ ብወርቂ ኦፊር ተሰሊማ ኣብ የማንካ ትቐውም ኣላ። ጓለየ ስምዒ ረኣዩውን እዝንኺ ከአ ጽን ይበል፥ ሕዝብኽን ቤት-ኣቦኽን ረስዒ። ንጉሥ ንመልክዕኺ ይብህጎ ንሱ ጐይታኺ እዩ እሞ ስገድሉ። ኣዋልድ ጢሮስን ናይ ሕዝቢ ሃብታማትን ገጸ-ብረኸት ሒዞም ሞገስካ ክደልዩ እዮም። ጓል ንጉሥ ኣብ ውሽጢ ኵለንትንኣ ኽብርቲ እያ። ክዳውንታ ወርቀዘቦ እዩ። ዝንጕርጕር ክዳን ተኸዲና ናብ ንጉሥ ክእትውዋ፥ ብድኅሪኣ ኣዳኖታታ ደናግል ናባኻ ክወስድወን እዮም። ብሓጐስን ዕልልታን ተዓጂበን ክመጻ፥ ናብ ኣዳራሽ ንጉሥ ክኣትዋ እየን። ውሉድካ ኣብ ክንዲ ኣቦታትካ ኪኾኑ፥ ኣብ ብዘላ ምድሪውን መሳፍንቲ ክትገብሮም ኢኻ። ካብ ወለዶ ንወለዶ ንስምካ ክዝክሮ እየ፥ ስለዚ ሕዝብታት ንዘለዓለም ክመስግኑኻ እዮም። ሃሌ ሉያ።



## መበል 46 መዝሙር

ኣምላኽ ንዓና መዕቆብን ኃይልን፥ ብጸበባ ፍጡን ረዳእን እዩ። ስለዚ ምድሪ እንተ ተገልበጠት፥ ኣኽራን ኣብ መዓሙቚ ባሕሪ እንተ ተናወጹ፥ ማያት እንተ ሃመመን እንተ ዓፈረን፥ ኣኽራን ብነድሮም እንተ ኣንቀጥቀጡ፥ ንሕናስ ኣይንፈርህን ኢና። ወሓይዙ ንኸተማ ኣምላኽ፥ ነታ ቅድስቲ ቦታ ማኅበር እቲ ልዑል ዘሐጕስ-ሩባ ኣሎ። ኣምላኽ ኣብ ማእከላ ከሎ ኣይክትናወጽን እያ፥ ክወግሕ ከሎ ኣምላኽ ክረድኣ እዩ። ኣሕዛብ ጫው ጫው በሉ መንግሥትታት፥ ተናወጹ ድምፁ ኣስምዐ ምድሪ መኸኸት። ጐይታ ሠራዊት ምሳና እዩ፥ ኣምላኽ ያዕቆብ ጸግዕና እዩ። ንዑ ንግብርታት እግዚኣብሔር፥ ነቲ ኣብ ምድሪ ዝገበሮ ጥፍኣት ጠምቱ፥ ንውግእ ክሳዕ ወሰንምድሪ መወዳእታ ይገብረሉ። ንቐስቲ ይሰብሮ ንኹናት ይሰባብሮ፥ ንሠረገላታት ብሓዊ የንድዶ። ህድእ በሉ እሞ፥ ኣነ

ኣምላኽ ምኺነይ ኣስተብህሉ፥ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ልዕል ክብል፥ ኣብ ምድሪ ልዕል ክብል እየ። ጐይታ ሠራዊት ምሳና እዩ፥ ኣምላኽ ያዕቆብ ጸግዕና እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 47 መዝሙር

ኣቱም ኣሕዛብ ኵልኹም ኣእዳውኩም ኣጣቕዑ፥ ንኣምላኽ ብድምጺ-ሓጐስ ዕልል በሉ። ልዑል እግዚኣብሔር ዘፍርሀ እዩ እሞ፥ ኣብ ብዘላ ምድሪ ዓቢይ ንጉሥ እዩ። ንሱ ንሕዝብታት ኣብ ትሕቴና፥ ነሕዛብ ከኣ ኣብ ትሕቲ ኣእጋርና የግዝኦም። ንኽብሪ ያዕቆብ ርስትና ክኸውነልና ይኀርየልና። ኣምላኽ ብዕልልታ እግዚኣብሔር ብደሃይ መለኸት ዓረገ። ዘምሩ ምስጋና ኣምላኽ ዘምሩ። ዘምሩ ምስጋና ንንጉሥና ዘምሩ። ኣምላኽ ንጉሥ ኲላ ምድሪ እዩ እሞ፥ መዝሙር ምስጋና ዘምሩሉ። ኣምላኽ ኣብ ኣሕዛብ ነጊሡ፥ ኣምላኽ ኣብታ ቅድስቲ ዝፋኑ ይቕመጥ። መሳፍንቲ ኣሕዛብሲ ሕዝቢ ኣምላኽ ኣብርሃም



ኪኾኑ ይእከቡ ኣለዉ። ዋልታታት ምድሪ ናይ ኣምላኽ እዩ እሞ፥ ንሱ ኣዚዩ ልዕል በለ። ሃሌ ሉያ።

## ወንጌል ዮሓንስ 14፡26 - 15፡3።

እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚልእኮ መጸናንዒ፥ መንፈስ ቅዱስ፥ ምስ መጸ፥ ንሱ ኾሉ ክምህረኩም፥ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ከዘክረኩም እዩ። ሰላም እኃድገልኩም፥ ሰላመይውን እህበኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹስ፥ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን። ልብኹም ኣይሸበርን ኣይሰንብድን። ኣነ ክኸይድ ናብኻትኩምውን ክምለስ እየ፥ ከም ዝበልኩኹም ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ካባይ ኣቦይ ይዓቢ እዩ እሞ፥ እተፍቅሩኒ እንተ ትኾኑስ፥ ናብ ኣቦይ ብምኻደይ ምተሓጐስኩም ኔርኩም። ሕጂ'ድማ፥ ምስኮነ ምእንቲ ኽትኣምኑስ፥ ከይኮነ ነጊረኩም ኣሎኹ። ደጊም ምሳኻትኩም ብዙኅ

ኣይዛረብን እየ። ግናኸ ኣነ ነቦ ከም ዘፍቅሮን፥ ከምቲ ኣቦ ዝኣዘዘኒውን ከም ዝገብርን፥ ዓለም ምእንቲ ኽትፈልጥሲ፥ ተንሥኡ ካብዚ ንኺድ። ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ይመጽእ ኣሎ እሞ፥ ኣባይ ሓንቲ እኳ የብሉን። ኣነ ናይ ሓቂ ጕንዲ ወይኒ እየ፥ ተኻሊኡ ኸኣ ኣቦይ እዩ። ነቲ ኣባይ ዘሎ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ኹሉ ጨንፈር ይጽንጽሎ። ነቲ ፍረ ዝፈሪ ዘበለ ጨንፈር ግና፥ ኣዝዩ ምእንቲ ክፈሪ፥ የጽርዮ። ንሰኻትኩም ካኣ፥ ሳላ እቲ ዝነገርኩኹም ቃል፥ ድሮ ንጹሓን ኢኹም። ኣባይ ጽንዑ ኣነውን ኣባኹም።

ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ኣሜን።

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ምስ ኄር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፥ ሕጂን ንዅሉ ግዜን ንሰግደልካ ኣሎና። ኣሜን።



## ክፍልታት ጸሎት

ኦ ጐይታይን ኣምላኽይን ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ነቲ ኣብ ልዕሊ ቅዱሳን ደቀመዛሙርትኻን ንጹሓን ሓዋርያትካን፥ ብሣልሰይቲ ሰዓት ቅዱስ መንፈስካ ዝለኣኽካ፥ ኦ ሓቀኛ ኣምላኽና ሕጂ ኸኣ ኣብ ውሽጥና ኣሐድሶ ድኣምበር ካባና መሊስካ ኣይትውሰዶ። ኦ ኣምላኽ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ፥ ቅኑዕ መንፈስውን ኣብ ውሽጠይ ኣሐድስ፥ ካብ ቅድሚ ገጽካውን ኣይተውፅኣኒ፥ ቅዱስ መንፈስካ ኸኣ ኣይተኅድገኒ።

“ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ”

ኦ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ነቲ ቅዱስ መንፈስካ፥ ኣብ ልዕሊ ቅዱሳን ደቀመዛሙርትኻን ክቡራን ሓዋርያትካን፥ ኣብ ሣልሰይቲ ሰዓት ዝለኣኽካዮ፥ ኦ ሓቀኛ ኣምላኽና ካባና ኣይትመንዝዓዮ፥ ኦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቃል ኣምላኽን ንኣቦ ሓደ ወዱን፥ ንወሃቢ

ሕይወት፥ መንፈስ ቅንዕናን፥ መንፈስ ውሉድ ነትን፥ መንፈስ ንጽሕናን፥ መንፈስ ቅድስናን፥ መንፈስ ሓቅን ፍርድን ሥልጣንን፥ ኣብ ውሽ ጥና ንኽትሕድሶ ንልምነካ ኣሎና። ኦ ንኹሉ ነገር እትኽእል፥ መብራህቲ ነፍስና ንሸኻ ኢኻ። ኣንታ ብርሃንካ ንኹሉ ሰብ እትህብ፥ ናብ ዓለም ዝመጻእካ መሓረና።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኦ ወላዲተ ኣምላኽ እታ ሓቀኛ ዘለላ ዘለዓለማዊ ሕይወት ዝጸረት ሓረገ-ወይኒ ንሸኺ ኢኺ። ኣንቲ ምልእተ ጸጋ፥ ምስ ሓዋርያት ምእንቲ ድኅነት ነፍስና ናብ ወድኺ ኣማል ድልና። ኣምላኽናን ጐይታናን ቡሩኽ እዩ። እቲ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ መገድና ዘቃንዕ ጐይታና ቡሩኽ እዩ። ምኽንያቱ ንሱ ኣምላኽናን መድኃኒናን እዩ።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"



ኦ ጐይታ ሰማይ መጸናንዒ፥ ኣብ ኩሉ ቦታ ዝርከብ መንፈስ ሓቂ፥ ንኹሉ ዝመልእ፥ ማዕከን ሠናያት፥ ወሃቢ ሕይወት፥ ነዓ ኣባና መጺእካ ኅደር። ኦ ኄር፥ ካብ ኩሉ ደነስ ኣንጺሕካ ንነፍስና ኣድኅና።

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

ኦ መድኃኒና ከምቲ ምስ ሓዋርያትካ ከሎ ኻ ሰላምካ ዝሃብካዮም፥ ሕጂውን ነዓ ምሳና ኩን ሰላምካ ሃበና። ኣድኅነናን ርድኣናን።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኣብቲ ቅዱስ ቤት መቕደስካ ምስ እንቐ ውም፥ ልክዕ ኣብ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ከም ዝቖምና ይቑጸረልና። ኦ ወላዲተ ኣምላኽ ንስ ኺ ኣፍደገ ሰማይ ኢኺ እሞ፥ ብኣማላድነትኪ ኣፍደገ ምሕረት ክፈትልና።

ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና፥ ኀደገልና። “41 ጊዜ” ኪርያላይሶን .. በል።

ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ... ... በል። ገጽ፥-70

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና... በል። ገጽ፥-28

## ናይ ንስሓ ጸሎት

ኦ ኣምላኽ ርኅሩኅን ጐይታ ኵሉ ምጽን ናዕን ኢኻ እሞ፥ እቲ ኵሉ ጊዜ ብመጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ ዘጻናንዓና፥ ኣብ ልዕሊ እቶም ቅዱሳን ደቀመዛሙርትኻን ክቡራን ሓዋርያትካን፥ ውህበት ጸጋ መንፈስ ቅዱስካ ከም ናይ ልሳን ሓዊ ኣብዚኅካ ዘፍሰስካሎም፥ በዛ ቅድስቲ ሰዓት እዚኣ፥ ብጥብዓት ኻኽንጽሊ ዘቖምካና ነመስግነካ ኣሎና። ኦ መፍቀር ሰብ ናባኻ ንጽልን ንምህለልን ኣሎና፥ ጸሎትና ተቐቢልካ ኃጢኣትና ኀደገልና፥ ጸጋ ውህበት መንፈስ ቅዱስካውን ለኣኽልና፥ ካብ ኵሉ ርኽሰት



ሥጋን ነፍስን ኣንጽሓና፥ ናብ መንፈሳዊ መገዲ ሕይወት ምርሓና፥ ብመንፈስ ደኣ ክንጽዕር እምበር ብሥጋዊ ስሚዒት ከይንምላእ፥ ብኹሉ መዋዕል ሕይወትና፥ ብንጽሕናን ቅድስናን ከነገልግለካሲ ብቑዓት ግበረና። ክብርን ምስጋናን ወዳሴን ንዓኻን፥ ነቲ ሠናይ ኣቦኻን፥ መንፈስ ቅዱስን ሕጂን ንዘለዓለምን ይግባእ። ኣሜን።

## ድኅሪ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ዝጽለ ጸሎት።

ኦ ጐይታ መሓረና ምሕረትካ እውን ኣብዝኃልና፥ ገጽ፥- 73



ኣብዛ ሰዓት እዚኣ፥ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዱን እግሩን ተሸንኪሩ ዝተሰቐለላን፥ ሓሞት ምስ ከርበን ዝጠዓመላን ሰዓት እያ። ከምኡ እውን እቲ ኣብ የማኑ ዝተሰቕለ ሰራቒ፥ ኣብ መንግሥቱ ንኽዝክሮ ዝሓተተላን፥ ትምኒት ልቡ ዝተዋህበትሉን እያ።

## መእተዊ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ሰዓታት

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና.. በል ገጽ፡-28

ናይ ምስጋና ጸሎት.... ... በል ገጽ፡-29

ናይ ንስሓ መዝሙር 51.... በል ገጽ፡-31

## ይቕጽል

ኣብዛ ብርኽቲ መዓልቲ እዚኣ፥ ንክርስቶስ ንጉሠይን ኣምላኸይን ምስጋና ሻዱሸይቲ ሰዓት ኣቕርበሉ። ኃጢኣተይ ንኸኃድገለይ ከኣ እልምኖ።



## መበል 54 መዝሙር

ኦ ኣምላኽ ብስምካ ኣድኅነኒ፥ ብስልጣንካ ውን በይነለይ። ኦ ኣምላኽ ጸሎተይ ስማዕ፥ ንቓላት ኣፈይ ጽን በሎ። ከመይሲ ጓኖት ተንሢኦምኒ፥ ዓመጽቲውን ንነፍሰይ ይደልዩዋ ኣለዉ። ንኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ገጾም ኣይገበርዎን፥ እንሆ ኣምላኽ ረዳእየይ እዩ፥ ጐይታይሲ ኣብ ማእከል እቶም ንነፍሰይ ዝድግፍዋ እዩ። ንእከይ ናብ ጸላእተይ ክመልሶ እዩ፥ ብሓቕኻ ኣጥፍኣዮም። ፈትየ መሥዋዕቲ ክቕርበልካ ጐይታየ ስምካ ሠናይ እዩ እሞ ከመስግኖ እየ። ንሱ ካብ ኵሉ ጸበባ ኣውጺኡኒ እዩ ኣሞ፥ ዓይነይ ንጸላእተይ ባህ ኢልዋ ረኣየቶም። ሃሌ ሉያ።

## መበል 57 መዝሙር

ኦ ኣምላኽ ምሓረኒ፥ ነፍሰይ ኣባኻ ትዕቈብ ኣላ እሞ መሓረኒ፥ እቲ መዓት ክሳዕ ዝሓልፍ ኣብ ጽላል ኣኽናፍካ ተጸጊዐ ኣሎኹ፥ ናብ

ልዑል ኣምላኽ ናብ ዚፍጽመለይ ኣምላኽ ኣእዊ ኣሎኹ። እሱ እቲ ወሓጥየይ ኪጸርፈኒ ኸሎ፥ ካብ ሰማይ ሊኢኹ ከድኅነኒ እዩ፥ ጸግኡን ሓቑን ክልእኽ እዩ። ነፍሰይ ኣብ ማእከል ኣናብስ እያ፥ ኣብ ማእከል እቶም ሓዊ ዚተፍኡ። ኣብ ማእከል እቶም ኣስናኖም ኲናትን ፍላጻን፥ መልሓሶም ከኣ ስሑል ሰይፊ ዝኾነ ሰባት እድቅስ ኣሎኹ። ኦ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሰማያት ልዕል በል፥ ክብርኻ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ምድሪ ይኹን። ንስጉምተይ መጻወድያ ኣጻወዱለይ፥ ነፍሰይ ጐበጠት፥ ኣብ ቅድመይ ጉድጓድ ኰዓቱ ኣብኡውን ወደቑ። ልበይ ኣንቂዱ ኦ ኣምላኽ፥ ልበይ ኣንቂዱ ክዝምርን ከመስግንን እየ። ክብረየ ንቕሒ በገናን መሰንቆን ንቕሑ፥ ከይደቀስኩ ከውግሖ እየ። ጐይታየ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ከመስግነካ፥ ኣብ ማእከል ሕዝብታት ክዝምረልካ እየ። ሳህልኻ ኽሳዕ ሰማያት ዓቢይ እዩ፥ ሓቅኻውን ክሳዕ ደመናታት እዩ እሞ፥ ኦ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሰማያት ልዕል በል፥



ክብርኻ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ምድሪ ይኹን። ሃሌ ሉያ።

## መበል 61 መዝሙር

ኦ ኣምላኽ ኣውያተይ ስማዕ፥ ናብ ጸሎተይ ኣቕልብ። ንሸኻ መዕቆብየይ ካብ ገጽ ጸላኢ ጽኑዕ ዕርዲ ኢኻ እሞ፥ ልበይ እንተ ተሓለለ ካብ ወሰን ምድሪ ኣጣኻ ከእዊ እየ። ናብቲ ካባይ ልዕል ዝበለ ከውሒ ምርሓኒ። ኦ ኣምላኽ ንሸኻ መብጽዓይ ሰሚዕካ፥ ስምካ ንዝፈርሁ ርስቲ ትህቦም ኣሎኻ እሞ፥ ኣብ ድንኳንካ ንሓዋሩ ክነብር እየ፥ ኣብ ጽላል ኣኽናፍካ እዕቌብ ኣሎኹ። ዕድመ ንጉሥ ተን ውሕ፥ ዓመታቱ ካብ ወለዶ ንወለዶ ይነብር፥ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንሓዋሩ ይነብር፥ ምሕረትን እምነትን ክሕልዋኦ ኣዳሎኻ። ንስምካ ንሓዋሩ ክዝምረሉ ከምዚ ጌረ ነንመዓልቲ መብጽዓይ ክህብ እየ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 63 መዝሙር

ኦ ኣምላኽ ንሸኻ ኢኻ ኣምላኸይ፥ ኣንጊሀ እደልየካ ኣሎኹ። ነፍሰይ ንኣኻ ትጸምእ ኣላ፥ ሥጋይ ማይ ኣብ ዘይብሉ ደረቕን ጽሙእን ምድሪ ኰይኑ ይናፍቐካ ኣሎ። ከምኡውን ሥልጣንካን ክብርኻን ምእንቲ ክርኢ፥ ናብ መቕደስካ ኣማዕዱ ኣሎኹ። ለውሃትካ ካብ ሕይወት ይበልጽ እዩ እሞ፥ ከናፍረይ ክውድሳኻ ኢየን። ብሕይወተይ ክሳዕ ዘሎኹ ክባርኸካ፥ ብስምካ ነእዳወይ ከልዕለን እየ። ረዳእየይ ንሸኻ ኢኻ፥ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣኽናፍካ እሕጉስ ኣሎኹ። ኣብ ምድቃሰይ ክዝክረካ፥ ብለይቲ እናነቓሕኩ ኽሓስበካ ከሎኹ ነፍሰይ ከም ብሥብሕን ኣንጕዕን ትጸግብ፥ ኣፈይውን ብኸናፍር ዕልልታ ከመስግነካ እዩ፥ ነፍሰይ ደድኅሬኻ ትኽተል፥ የማነይቲ ኢድካውን ትድግፈኒ ኣላ። እቶም ንሕይወተይ ከጥፍእዋ ዚደልዩ ግና ናብ መዓሙቕ ምድሪ ኺወርዱ እዮም። ንሥልጣን ሰይፊ ኪውሃቡ፥



ግደ ወኻሩ ኺኾኑ እዮም። ንጉሥ ብኣምላኽ ክሕጐስ እዩ። ኣፍ ሓሰውቲ ግና ክዕበስ እዩ እሞ፥ ነፍሲ ወከፍ ብእኡ ዝምሕል ዘበለ ክኸብር እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 67 መዝሙር

ኣምላኽ ይምሓረና፥ ይባርኸና ገጹ የብርሃልና። መገድኻ ኣብ ምድሪ ኣብ ኵሎም ኣሕዛብውን ምድኃንካ ክነፍልጥሲ፥ ገጽካ ኣብርሃልና። ኦ ኣምላኽ ኣሕዛብ የመስግኑኻ፥ ኵሎም ኣሕዛብ የመስግኑኻ። ንሕዝብታት ብቕንዕና ክትፈርዶም፥ ነሕዛብውን ኣብ ምድሪ ኽትመርሖም ኢኻ እሞ፥ ሕዝብታት ይተሓጎሱን ዕልል ይበሉን። ኦ ኣምላኽ ኣሕዛብ የመስግኑኻ፥ ኵሎም ኣሕዛብ የመስግኑኻ። ምድሪ ፍሬኣ ሂባ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኺባርኸና እዩ። ኣምላኽ ይባርኸና፥ ብዘሎ ወሰናት ምድሪ ኽኣ ይፍርሃዮ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 70 መዝሙር

ኦ ኣምላኽ ንምድሓነይ፥ ኦ እግዚኣብሔር ንሓገዘይ ቀልጥፍ። እቶም ንነፍሰይ ዝደልይዋ ይሕፈሩን ይሕነኹን፥ እቶም ክፉእ ዚትምነዩለይ ንድኅሪት ይመለሱን ይነውሩን። ኣሰይ እንቋዕ ዚብሉኒ፥ ነዊሮም ንድኅሪት ይመለሱ። እቶም ዚደልዩኻ ኵሎም ብኣኻ ባህ ይበሎምን ይተሓጐሱን፥ እቶም ምድሓንካ ዚፈትዉ ኸኣ ኵሉ ጊዜ ኣምላኽ ልዕል ይበል ይበሉ። ኣነ ግና መስኪንን ድኻን እየ እሞ፥ ኦ ኣምላኽ ናባይ ፍጠን ኦ እግዚኣብሔር ረዳእየይን መድኃኒየይን ንስኻ ኢኻ ኣይትደንጕ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 84 መዝሙር

ኦ ጐይታ ሠራዊት መቕደስካ ክንደይ ባህ ዘብል እዩ። ነፍሰይ ንኣጸድ እግዚኣብሔር ትናፍቕን ሃረር ትብሎን ኣላ፥ ነፍሰይን ሥጋይን ንሕያው ኣምላኽ ዕልል ይብላሉ። ዑፍ እኳ ቤት ረኸበት፥ ለኻዅቶውን ጨቓዊታ እተንብረላ ቤት ረኸበት፥ መሠውዒታትካ ኦ ጐይታ ሠራዊት፥ ንጉሠይን ኣምላኸይን። ኣብ ቤትካ ዝነብሩ ብፁዓን እዮም፥ ኵሉ ጊዜ ይውድሱኻ። ኃይሎም ብኣኻ ዝኾነ፥ ብልቦም ንመገድኻ ዝሓስቡ ሰባት፥ ብፁዓን እዮም። ብለሰ ብኽያት ክኃልፉ ከለዉ ዓይኒ ማያት ይገብርዎ፥ ዝናም ኣዝመራውን ብበረኸት ይኸድኖ። ካብ ኃይሊ ናብ ኃይሊ ይኸዱ፥ ኣብ ጽዮን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይቐሙ። ኦ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ጸሎተይ ስማዕ። ኦ ኣምላኽ ያዕቆብ ጽን በል። ኣታ ዋልታና ዝኾንካ ኣምላኽ ረአ፥ ገጽ ቅቡዕካውን ጠምት። ካብ ሽሕሲ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ኣጸድካ ትሓይሽ እያ እሞ፥ ኣብ ድንኳን ረሲኣን ካብ ምንባርሲ፥ ኣብ ቤት ኣምላኸይ ሓላው-ደገ ምዃን ይሕሸኒ። እግዚኣብሔር ኣምላኽሲ ፀሓይን ዋልታን እዩ እሞ፥ እግዚኣብሔር ጸጋን ክብርን ይህብ። ነቶም ብቕንዕና ዝመላለሱ ሠናይ ዘበለ ኣይከልኦምን እዩ። ኦ ጐይታ

ሠራዊት፥ ኣብኻ ዝውከል ሰብ ብፁዕ እዩ።
ሃሌ ሉያ።

## መበል 85 መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ንምድርኻ ሞገስ ገበርካላ፥
ንቤት ያዕቆብ ካብ ምርኮ መለስካዮም። ኣበሳ
ሕዝብኻ ኃደግካ፥ ንብዘሎ ኃጢኣቶም ከደንካ።
ንኹሉ መዓትካ ኣርኃቕካዮ፥ ካብ ነደት ቍጥ
ዓኻ ተመለስካ። ኦ ኣምላኽ ምድኃንና ምለሰ
ልና፥ ንኹራኻውን ካባና ኣርሕቆ። ንዘለዓለም
ዶ ክትኲርየልና፥ ኲራኻስ ንውሉድ ወለዶዶ
ከተንውሕ ኢኻ? ሕዝብኻ ብኣኻ ክሕጐሰሲ
መሊስካዶ ሕይወት ኣይክትህበናን ኢኻ? ኦ
እግዚኣብሔር ጸጋኻ ኣርእየና ምድኃንካውን
ሃበና። ናብ ዕሽነት ደኣ ኣይመለሱ እምበር፥
ንሕዝቡን ቅዱሳኑን ሰላም ክዛረቦም እዩ እሞ፥
ነቲ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝብሎ ክሰምዕ
እየ። ብሓቂ ኣብ ሃገርና ኽብሪ ክኃድርሲ፥
ምድኃኑ ነቶም ዝፈርህዎ ቀረባኦም እዩ።
ለውሃትን ሓቅን ተራኸባ፥ ጽድቅን ሰላምን



ተሳዓዐማ። ሓቂ ካብ ምድሪ ክትበቍል፥ ጽድ
ቂውን ካብ ሰማይ ክትጥምት እያ። እግዚኣብ
ሔር ድማ ሠናይ ክህበና እዩ፥ ሃገርናውን
ፍርያታ ክትህብ እያ። ጽድቂ ቀቅድሚኡ
ክትከይድ ኣሰር-ኣሰሩ ኸኣ ክትስዕብ እያ።
ሃሌ ሉያ።

## መበል 86 መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር መስኪንን ድኻን እየ
እሞ፥ እዝንኻ ኣድንን ምለሰለይውን። ኄር እየ
እሞ፥ ንነፍሰይ ሓልዋ፥ ኣታ ኣምላኸይ ነቲ
ኣብኻ ዝውከል ባርያኻ ኣድኅኖ። ምሉእ
መዓልቲ ናባኻ እእዊ ኣሎኹ እሞ ጐይታየ
ምሓረኒ። ኦ እግዚኣብሔር ነፍሰይ ናባኻ
ኣልዕል ኣሎኹ እሞ፥ ንነፍሲ ባርያኻ ኣሐ
ጕሳ። ኦ እግዚኣብሔር ሕያዋይን ንይቕረታ
ድልውን ኢኻ፥ ናባኻ ንዘእውዩ ኵላቶም ከኣ
ነዓል ዓቢይ ምሕረት ኢኻ እሞ፥ ጐይታየ
ጸሎተይ ስማዕ፥ ንድምጺ ምህለላይ ጽን በሎ።
ንሰኻ ክትምልሰለይ ኢኻ እሞ፥ ብመዓልቲ

ጸበባይ ክጽውዓካ እየ። ኦ እግዚአብሔር ካብ ኣማልኽቲ ዝመስለካ የልቦን፥ ከም ግብር ታትካውን ከቶ የልቦን። ኦ እግዚአብሔር ዝፈ ጠርካዮም ኩሎም ኣሕዛብ መጺኦም ኣብ ቅድሜኻ ክሰግዱ፥ ንስምካውን ከኽብሩ እዮም። ንሸካ ዓቢይን ተኣምራት እትገብርን ኢኻ እሞ፥ ኣምላኽሲ ንሸካ ጥራሕ ኢኻ። ኦ እግዚ ኣብሔር ብሓቅኻ ምእንቲ ክመላለስ መገድኻ ምሃረኒ፥ ስምካ ክፈርህሲ ንልበይ ኣዳልዎ። ኦ እግዚአብሔር ኣምላኸይ ሣህልኻ ንዓይ ዓቢይ እዩ፥ ንነፍሰይውን ካብ መዓሙቕ ሲኦል ኣውጺእካያ ኢኻ እሞ፥ ብምሉእ ልበይ ከመስግነካ ስምካውን ንዘለዓለም ከኽብር እየ። ኦ ኣምላኽ ትዕቢተኛታት ተንሢኦምኒ፥ ኣኼባ ገፋዕቲ ኸኣ ንነፍሰይ ይደልዩዋ ኣለዉ፥ ንዓ ኻውን ኣብ ቅድሚኦም ኣይገበሩኻን። ጐይታየ ንሸካ ግና መሓርን፤ ጸጋውን፤ ዓቃልን፤ ብ ሣህልን፤ ሓቅን፤ ዓቢይ ኣምላኽ ኢኻ። ናባይ ግልጽ በል እሞ፥ መሓረኒ፥ ንባርያኻ ኃይልኻ ሃቦ፥ ንወዲ እታ ባርያኻ ኣድኅኖ። ኦ



እግዚአብሔር ረዲእካንን ኣጸናኒዕካንን ኢኻ እሞ፥ ጸላእተይ ርእዮም ኪሓፍሩስ፥ ምልክት ደኃን ግበረለይ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 87 መዝሙር

መሠረታ ኣብ እቶም ቅዱሳት ኣኽራን ኢያ፥ እግዚአብሔር ካብ ኩሉ ማኅደራት ያዕቆብሲ፥ ንደጌታት ጽዮን የፍቅር እዩ። ኣቲ ከተማ ኣምላኽ፥ ብዛዕባኺ ክቡር ነገር ተዘርበ። ገብተን ዝፈልጣኒ ረሃብን ባቢሎንን እሰሚ ኣሎኹ፥ እንሆ ፍልስጢኤምን ጢሮስን ምስ ኢትዮጵያ፥ እዚኣቶም ኣብኣ ተወሊዶም እዮም። ብዛዕባ ጽዮን ድማ፥ እዝን እትን፥ ኣብኣ ተወሊዶም፥ ክበሃል እዩ፥ እቲ ልዑልውን ባዕሉ ከጽንዖ እዩ። እግዚአብሔር ነሕዛብ ክጽሕፎም ከሎ፥ እዚ ኣብኣ ተወ ሊዱ፥ ኢሉ ኪቈጽር እዩ። እናደረፉን እናሳዕ ስዑን ኩለን ዓይኒ ማያተይ ኣብኻ እየን ኪብሉ እዮም። ሃሌ ሉያ።

## መበል 91 መዝሙር

ኣብ ጸግዒ እቲ ልዑል ዝኃድር፥ ኣብ ጽላል እቲ ኩሉ ዝኽእል ይነብር። ንእግዚ ኣብሔር ጸግዐይን ዕርደይን፥ ዝውከሎ ኣምላ ኸይን እዩ እብሎ ኣሎኹ። ካብ መጻወድያ ሃዳናይ፥ ካብ ዘጥፍእ ፌራ፥ ከናግፈካ እዩ እሞ፥ ብግልግሌኡ ክጐልብበካ ኣብ ትሕቲ ኣኽናፉ ከኣ መጸግዒ ክትረክብ ኢኻ፥ ሓቁ ዋልታን ጸግዕን እዩ። ካብ ስምባድ ለይቲ፥ ካብቲ ብመዓልቲ ዝውርወር ፍላጻ፥ ካብቲ ብጸልማት ዝኸይድ ፌራ፥ ብቐትሪ ዘባድም ሕማም፥ ኣይክትፈርህን ኢኻ። ኣብ ጥቓኻ ሽሕ ኣብ የማንካውን እልፊ ክወድቁ እዮም፥ ኣባኻ ግና ኣይክበጽሕን እዩ። በዒንትኻ ጥራይ ክትጥምቶ፥ ረሲኣን ዝረኽብዎ መስጣውን ክትርኢ ኢኻ። ጐይታይ ንሸኻ መዕቆብየይ ኢኻ ኢልካ ኢኻ እሞ፥ ንልዑልሲ መጸጊዕኻ ስለ ዝገበርካዮ፥ እከይ ዘበለ ኣይክረኽበካን፥ ስቓይውን ኣብ ድንኳንካ ኣይክቐርብን እዩ።



ኣብ ኩሉ መገድኻ ክሕልዉኻ ንመላእኽቱ ክእዝዘልካ እዩ እሞ፥ እግርኻ ብእምኒ ከይትዕ ንቀፍሲ ኣብ ልዕሊ ኣእዳዎም ኪጸሩኻ እዮም። ኣብ ልዕሊ ኣንበሳን ተመንን ትኸይድ፥ ሽደን ኣንበሳን ገበልን ክትረግጽ ኢኻ። ኣጥቢቑ ስለ ዘፍቀረኒ ከናግፎ፥ ንስመይ ስለ ዝፈለጠ ከልዕ ሎ እየ። ኪጽውዓኒ ኣነውን ክመልሰሉ፥ ብጸ ገባ ምስኡ ክኸውንን ከናግፎን ክኽብሮን እየ። ነዊሕ ዕድመ ክጽግቦ፥ ምድኃነይውን ከርእዮ እየ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 93 መዝሙር

እግዚኣብሔር ነጊሡ ግርማ ለቢሱ፥ እግዚ ኣብሔር ለቢሱ ሓይሊ ተዓጢቑ ኣሎ፥ ዓለም ከይትናወጽሲ ኣጽኒዕዋ ኣሎ። ዝፋንካ ካብ ጥንቲ ጽኑዕ እዩ፥ ንሸኻ ካብ ዘለዓለም ኢኻ። ጐይታየ ወሓይዝ ኣልዓሉ፥ ወሓይዝ ድምፆም ኣልዓሉ፥ ወሓይዝ ህማሞም ኣልዓሉ። ካብ ድምፂ ብዙኅ ማያት፥ ካብ ስልጡን ማዕበላት ባሕሪ፥ እግዚኣብሔር ኣብ ላዕሊ ይስልጥን።

ምስክራትካ ኣዚዩ እሙን እዩ፥ ጐይታየ
ንቤትካስ ንዘለዓለም ቅድስና ይግባእ። ሃሌ
ሉያ።

## ወንጌል ማቴዎስ፡-5,1-16።

ብዙኅ ሕዝቢ ምስ ረአየ፥ ናብ እምባ
ደየበ። ምስ ተቐመጠ ኸኣ፥ ደቂ መዛሙርቱ
ናብኡ ቐረቡ። ኣፉ ኸፈተ፥ ከምዚ እናበለ
ድማ መሃሮም። ብመንፈስ ድኻታት፥
መንግሥተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ፥ ብፁዓን
እዮም። ሕጂ ዝጕህዩ፥ ምጽንናዕ ኪረኽቡ
እዮም እሞ፥ ብፁዓን እዮም። ቁሑታት፥
ንምድሪ ኪወርስዋ እዮም እሞ፥ ብፁዓን
እዮም። ንጽድቂ ዝጠምዩን ዝጸምኡን፥ ኪጸግ
ቡ እዮም እሞ፥ ብፁዓን እዮም። መሓርቲ፥
ምሕረት ኪረኽቡ እዮም እሞ፥ ብፁዓን እዮ
ም። ጹሩያት ልቢ፥ ንኣምላኽ ኪርእይዎ
እዮም እሞ፥ ብፁዓን እዮም። ገበርቲ ሰላም፥



ውሉድ ኣምላኽ ኪባሃሉ እዮም እሞ፥ ብፁዓን
እዮም። ምእንቲ ጽድቂ ዚስደዱ፥ መንግሥተ
ሰማያት ናቶም እያ እሞ፥ ብፁዓን እዮም።
እንተ ጸረፍኹምን እንተ ሰጐጕኹምን ምእን
ታይ ድማ ክፉእ ዘበለ ብሓሶት እንተ ተዛረ
ቡልኩምን፥ ብፁዓን ኢኹም። ኣብ ሰማያት
ዓስብኹም ብዙኅ ስለዝኾነ፥ ተሓጐሱ ባህውን
ይበልኩም። ከምኡ ኸኣ፥ ነቶም ቅድሜኹም
ዝነበሩ ነቢያት ሰጕጐምዎም እዮም። ንስኻ
ትኩም ጨው ምድሪ ኢኹም። ጨው መቐረቱ
እንተ ኸደኸ፥ ብምንታይ ይምቅር? ብሰብ
ኪርገጽ፥ ንግዳም ምድርባዩ እንተ ዘይኮይኑ
እምበር፥ ዝጠቅም የብሉን። ንስኻትኩም ብር
ሃን ዓለም ኢኹም። ኣብ እምባ ዘላ ኸተማ
ኽትክወል ኣይከኣላን እዩ። መብራህቲ፥ ኣብ
ጌት ንዘሎ ኹሉ ከበርህ፥ ኣብ ቀዋሚ ቐን
ዴል ይሰቕልዎ ደኣ እምበር። ኣልዒሎም
ኣብ ትሕቲ ኸፈር ኣየንብርዎን እዮም። ከምኡ
ኸኣ ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም፥ ኣብ

ሰማያት ንዘሎ ኣብኹም ምእንቲ ከመስግንዎ፥ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ።

ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣሜን።

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ምስ ኄር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፥ ሕጅን ኩሉ ሳዕን ንሰግደልካ ኣሎና። ኣሜን።

## ክፍልታት ጸሎት

ኦ ኣብ ሻዱሸይቲ መዓልትን፥ ኣብ ሻዱሽይቲ ሰዓትን፥ ምእንቲ ኣቦና ኣዳም ኣብ ገነት ዝገበሮ ኃጢኣት፥ ኣብ መስቀል ዝተሸንከርካ፥ ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና መእሠር ኃጢኣትና ብተኽ እሞ፥ ኣድኅነና። ኣነ ናብ ኣምላኽ ኣእወኹ እሞ ጐይታይ ከኣ ሰምዓኒ። ኣምላኽይ ጸሎተይ ስማዕ ልመናይ ከኣ ኣይትንጸግ። ናባይ ግልጽ በል እሞ፥ ምሸትን ንግሆን ቀትርን ስምዓኒ። ይዛረብ እሞ



ድምፀይ ትሰምዖ፥ ንነፍሰይ ከኣ ብሰላም ተድኅና።

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

ኦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽና፥ ኣብ ሻዱሸይቲ ሰዓት ኣብ መስቀል ዝተሸንከርካ፥ ንኃጢኣት ከኣ ብዕፀ-መስቀል ዝቐተልካ፥ ንምዉት ከኣ ብሞትካ ሕይወት ዝሃብካዮ፥ እሱ ኸኣ እቲ ብኣእዳውካ ዝፈጠርካዮ እቲ ብሰንኪ ኃጢኣት ዝሞተ፥ ሰብ እዩ። ንኹሉ ነቅያትና በቲ ወሃብ ሕይወትን መጥዓይን ነቅያትካን፥ በተን ዝተሸንከርካየን መሳምርን ቅተሎ። ነዕምሮና ካብ ናብ ጥፍኣት ዘብጽሕ ግብረሥጋን፥ ዓለማዊ ህርፋንን፥ ናብ ሰማያዊ ጥበብካ ክንዝክር ከምቲ ርኅራኄኻ ርድኣና።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ብምኽንያት ብዝኂ ኃጢኣትናሲ ዋላ ሓንቲ ንድኅነት ዝኸውን ምኽንያት መርትዖ የብልናን። ኦ ድንግል ወላዲት ኣምላኽ ንሕናሲ፥

ብኣኺ ኣቢልና ናብቲ ካብኺ ዝተወልደ ንልምን ኣሎና። ምኽንያቱ ኣማላድነትኪ ኣብ ቅድሚ መድኃኒና ብዙኅን ቅቡልን እዩ። ኦ ንጽሕቲ ኣዴና ናብቲ ካብኺ ዝተወልደ፥ ስለ እቶም ኃጥኣን ምምላድ ኣይትኅደጊ፥ ምኽንያቱ ነዓና ከድኅን ተሳቒዩ እዩ እሞ፥ እቲ ከድኅነና ዝኽእል መሓሪ ንሱ እዩ። ኦ ኣምላኽ መድኃኒና ብኣኻ ኣጸቢቕና ኣሚንና ስለዘሎና ርኅራኄኻ ቐልጢፉ ትደግፈና። ምእንቲ ክቡር ስምካ ኢልካውን ደግፈና፥ ኦ ጐይታ ምእንቲ ቅዱስ ስምካ ኢልካውን ርድኣናን፥ ኃጢኣትና ኅደገልናን።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኦ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽና፥ እተን ንጹሓት ኣእዳውካ ኣብ ዕፀ መስቀል ምስ ዘርጋሕካየን፥ ኣብ ማእከል ኲላ ምድሪ ድኅነት ገበርካ። ስለዚ ከኣ ኲሉ ሕዝቢ ብዓቢ ይ ድምፂ ኦ ጐይታ ምስጋና ንዓኻ ይኹን ይብሉ።



"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ኅድገት ኃጢኣትና እናሓተትና፥ ናብቲ ዘይበርስ ሥጋኻ ንሰግድ ኣሎና። ኦ መድኃኒዓለም ነቶም ዝፈጠርካዮም ካብ ባርነት ጸላኢ ምእንቲ ናጻ ከተውፅኦም፥ ብድልየትካ ኣብ መስቀል ንኽትስቀል ፈቐድ ካ። ኦ መድኃኒ ከተድኅነና ምስ መጻእካ፥ ንኹሉ ብሓጐስ ስለ ዝፈጸምካዮ፥ ብዓውታ ኦ ጐይታ! ክብሪ ነዓኻ ይኹን ኢልና ነመስግነካ ኣሎና።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኦ ድንግል ወላዲተ ኣምላኽ ንሰኺ ምልእቲ ጸጋ ኢኺ ፥ ብስቕለት ወድኺ ገሃነመ እሳት ተሳዒሩ፤ ሞት ከኣ ኣቧሪጹ እዩ እሞ፥ ነመስ ግነኪ ኣሎና። መውፂታት ነበርና ተንሣእና። ጸጋ እቲ ቀዳማይ ገነት ረኺብና ናብ ዘለዓ ለማዊ ሕይወት በቓዕና። ምእንትዚ ነቲ ዘይ

መውት ኃያል ክርስቶስ ኣምላኽና ብምስጋና፥ ነኽብሮ ኣሎና።

ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና፥ ኅደገልና። “41 ጊዜ” ኪርያላይሶን .. በል።

ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ... ...በል። ገጽ፡-70

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና.. በል። ገጽ፡-28

## ናይ ንስሓ ጸሎት

ኦ ጐይታና ኻቶሉ እትመልኽ ኣቦ ጐታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ግዜ ስቅያት ሓደ ወድኻ፥ ግዜ ምጽንናዕን ጸሎትን፥ ስለ ዝገበርካዮ፥ ነመስግነካን ነኽብረካን ኣሎና። ልማኖና ተቐበል፥ ከምቲ ኣብዛ ቅድስቲ ሰዓት እዚኣ ብመስቀል እቲ ሓደ ወድኻ ጐይታናን መድኅን ነፍስናን ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ኻቶሉ ኃይሊ ጸላኢ ዝቐረጽካዮን ዘፍረስካዮን፥ ከምኡ ድማ እቲ ኣብ ልዕሌና ዝተጻሕፈ ዓሰቢ ኃጢኣትና ደምሰስልና። ኦ ኣምላኽ ደስ ዘብል ጊዜን፥ ክፍኣት ዘይብሉ ህዱእ መገዲ ሕይወትን፥ ሃበና። ነቲ ቅዱስ ስምካ ክንሰግደሉን፥ ክነፍቅሮን፥ ኣብ ቅድሚ እቲ ሓቀኛ ዘፍርሀ መንበር ሓደ ወድኻ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንቐውም። ኣብ ፍርዲ ከይወደቕና ምስ ኵሎም ቅዱሳንካ ነመስግነካ ኣሎና። ንዓኻ መጀመርታ ንዘይብሉ ኣቦን፥ ማዕሬኻ ንዝኾነ ወድኻን፥ ሕይወት ንዝህብ መንፈስ ቅዱስን፥ ነመስግን ኣሎና። ሎምን ኵሉ ሳዕን፡ ኣሜን።



## ድኅሪ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ዝጽለ ጸሎት።

ኦ ጐይታ መሓረና ምሕረትካውን

ኣብዝኃልና ... ... በል። ገጽ፡-73

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ታስዓይቲ ሰዓት ከምዚ ኢሉ ብዓቢ ድምጺ ጨደረ። እ ኣቦይ መንፈሰይ ኣብ ኢድካ ኣማሕፅን ኣሎኹ። እዚ ምስ በለ ኸኣ ነፍሱ ወፀት። መጋረጃ ቤት መቕደስውን ካብ ላዕሊ ክሳዕ ታሕቲ ካብ ማእከሉ ኣብ ክልተ ተተርተረ።

## <u>መእተዊ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ሰዓታት</u>

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ... በል ገጽ፡28

ናይ ምስጋና ጸሎት.... ... በል ገጽ፡-29

ናይ ንስሓ መዝሙር 51... በል ገጽ፡31

## <u>ይቕጽል</u>

ኣብዛ ብርኽቲ መዓልቲ እዚኣ፥ ንክርስቶስ ንትሠይን ኣምላኽይን፥ ምስጋና ታስዓይቲ ሰዓት ኣቕርበሉ። ኃጢኣተይ ክኃድገለይ ክኣ እልምኖ።



## <u>መበል 96 መዝሙር</u>

ንእግዚኣብሔር ሓድሽ መዝሙር ዘምሩሉ፥ ኵልኺ ምድሪ ንእግዚኣብሔር ዘምሪ። ንእግዚ ኣብሔር ዘምሩ ንስሙ ባርኹ፥ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ምድኃኑ ኣበሥሩ። ክብሩ ኣብ ማእ ከል ኣሕዛብ፥ ተኣምራቱ ኣብ ምእከል ኵሎም ሕዝብታት ኣዘንትው። እግዚኣብሔር ዓቢይ፥ ምስጋናኡ ከኣ ኣዚዩ ብዙን እዩ እሞ፥ ካብ ኵሎም ኣማልኽቲ ዘፍርህ እዩ። ኵሎም ኣማልኽቲ ኣሕዛብ ከንቱ እዮም፥ እግዚኣብሔር ግና ሰማያት ገበረ። ግርማን ክብረትን ኣብ ቅድሚኡ፥ ኃይልን ጽባቐን ኣብ መቕደሱ እዩ። ኣቱም ዓሌታት ኣሕዛብ ንእግዚኣብሔር ሃቡ፥ ክብርን ኃይልን ንእግዚ ኣብሔር ሃብዎ። ንስም እግዚኣብሔር ክብሪ ሃቡ፥ መሥዋዕቲ ኂዝኩም ናብ ኣጸዱ እተ ው። ንእግዚኣብሔር ብቅዱስ ስግደት ስገዱ፥ ኵልኺ ምድሪ ኣብ ቅድሚኡ ኣንቀጥቅጢ። ኣብ ማእከል ኣሕዛብ እግዚኣብሔር ነጊሡ

ዓለምውን ከይትነቓነቕ ጸኒዓ ኣላ፥ ነሕዛብ ብቕንዕና ኪፈርዶም እዩ ኢልኩም ንገሩ። ሰማያት ይተሓጐሱ ምድሪውን ባህ ይበላ፥ ባሕርን ምልኣቱን ይናወጽ። ንዓለም ብጽድቂ ነሕዛብ ብሓቂ ክፈርድ እዩ እሞ፥ መሮርን ኣብኡ ዘሎ ኲሉን ባህ ይበሎም፥ ሽዑ ኲላቶም ኣእዋም ዱር ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዕልል ክብሉ እዮም። ሃሌ ሉያ።

## መበል 97 መዝሙር

እግዚኣብሔር ነጊሡ ምድሪ ተሓጒሳ፥ እቶም ብዙኃት ደሴታት ባህ ይበሎም። ደመናን ጸልማትን ይኸብዎ፥ ጽድቅን ፍርድን መሠረት ዝፋኑ እዩ። ሓዊ ቀቅድሚኡ ይኸይድ፥ ንጸላእቱ ኣብ ዙርያኡ የንድዶም። መባርቑ ንዓለም ኣብርሀ፥ ምድሪ ርእያቶ ኣንቀጥቀጠት። ኣኽራን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር፥ ኣብ ቅድሚ እቲ ጐይታ ዅሉ ምድሪ፥ ኸም ሰምዒ መኸኹ። ሰማያት ንጽድቁ ኣውረዩ፥ ኲሎም ኣሕዛብ ድማ ኽብሩ ረኣዩ። ንምስልታት ዝሰግዱን ብጣዖታት ዝምክሑን ኵሎም ይሕፈሩ። ኲሉኹም ኣማልኽቲ ኣብ ቅድሚኡ ፍግም በሉ። ኦ እግዚኣብሔር ንሸኻ ኣብ ልዕሊ ኲሉ ምድሪ ልዑል ኢኻ፥ ኣብ ልዕሊ ኲሎም ኣማልኽቲ ኣዚኻ ልዑል ኢኻ እሞ፥ ኦ እግዚኣብሔር ጽዮን ሰሚዓ ተሓጒሰት፥ ኣዋልድ ይሁዳውን ብዛዕባ ፍርድኻ ዕልል በላ። ኣቱም ንእግዚኣብሔር እተፍቅርዎ እከይ ጽልኡ፥ ነፍሲ ቅዱሳኑ ይሕሉ፥ካብ ኢድ ረሲኣን የናግፎም። ብርሃን ንጻድቃን፥ ደስታ ኸኣ ንልቢ ቅኑዓት መልአ። ኣቱም ጻድቃን ብእግዚኣብሔር ተሓጐሱ፥ ንቅዱስ ስሙውን ኣመስግንዎ። ሃሌ ሉያ።



## መበል 98 መዝሙር

እግዚኣብሔር ተኣምራት ገይሩ፥ የማነይቱን ቅዱስ ቅልጽሙን ሰዒሮም እዮ እሞ፥ ሓድሽ መዝሙር ዘምሩሉ። እግዚኣብሔር ምድኃኑ ኣፍለጠ፥ ጽድቁ ኣብ ቅድሚ ኣሕዛብ ገለጸ። ሣህሉን እምነቱን ንቤት እግዚኣብሔር ዘከረ፥

ኵሉ ወሰናት ምድሪ ንምድኃን ኣምላኽና ረኣየ። ኣቲ ምድሪ ኵልኺ ንእግዚኣብሔር ዕልል በሊ። ብሓጐስ ጨድሩን ኣመስግኑን፥ ንእግዚኣብሔር ብመሰንቆ እወ ብመሰንቆን ብደሃይ በገናን ኣመስግንዎ። ኣብ ቅድሚ ንጉሥ፥ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር፥ ብእምብልታን ቃና-መለኸትን ዕልል በሉ። ባሕርን ምልኣቱን ዓለምን ኣብኡ ዘሎን የድህዩ። ንምድሪ ክፈርድ ይመጽእ፥ ንሱ ንዓለም ብጽድቂ ነሕዛብውን ብቕንዕና ኪፈርዶም እዩ እሞ፥ ወሓይዝ ኣእዳውኩም ኣጣቕዑ፥ ኣኽራን ሓቢሮም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብሓጐስ ይዘምሩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 99 መዝሙር

እግዚኣብሔር ነጊሡ ኣሕዛብ ይርዓዱ፥ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ተቐሚጡ ምድሪ ተንቀጥቀጥ። እግዚኣብሔር ኣብ ጽዮን ዓቢይ እዩ። ኣብ ኵሎም ኣሕዛብ ልዑል እዩ። ቅዱስ እዩ እሞ ነቲ ዓቢይን ዘፍርህን ስምካ የመስግንዎ።



ኃያል ንጉሥ ድማ ፍርዲ ይፈቱ፥ ንስኻ ቅንዕና ኣጽናዕካ ፍርድን ጽድቅን ኣብ ቤት ያዕቆብ ገበርካ። ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና ልዕል ኣብልዎ፥ ቅዱስ እዩ እሞ፥ ኣብ ዝፋን-እግሩ ኀገዱ። ሙሴን ኣሮንን ኣብ ማእከል ካህናቱ፥ ነሙኤል ከኣ ኣብ ማእከል እቶም ስሙ ዝጸውዑ፥ ናብ እግዚኣብሔር ተማህለሉ፥ ንሱውን መለሰሎም። ብዓምዲ ደመና ተዛረቦም፥ ንምስክራቱን ነቲ ዝሃቦም ሕግን ሓለው። እግዚኣብሔር ኣምላኽና ንስኻ መለስካሎም፥ ይቕረ እትብል ኣምላኽ ኰንካዮም፥ ግናኸ ስለ ክፉእ ግብሮም ሕነ ፈደኻዮም። ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና ልዕል ኣብልዎ፥ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ቅዱስ እዩ እሞ ኣብ ቅዱስ ገረኑውን ስገዱ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 100 መዝሙር

ኵልኺ ምድሪ ንእግዚኣብሔር ዕልል በሊ። ንእግዚኣብሔር ብሓጐስ ተገዝእዎ፥ ኣብ ቅድሚኡ ብዕልልታ ምጹ። እግዚኣብሔርሲ

ኣምላኽ ምኻኑ ፍለጡ። ንሱ ገበረና ባዕላትና
ኣይ ኰንናን፥ ንሕናስ ሕዝቡን ኣባጊዕ
መጓሴኡን ኢና። ኣብ ደጌታቱ ብምስጋና
ኣብ ኣጸዱውን ብውዳሰ እተው፥ ኣመስግንዎ
ስሙ ኸኣ ባርኹ። እግዚኣብሔር ሠናይ እዩ
እሞ ጸግኡ ንዘለዓለም፥ እምነቱ ኸኣ ንውሉድ
ወለዶ ይነብር። ሃሌ ሉያ።

## መበል 101 መዝሙር

ብዛዕባ ጸጋን ፍርድን ክዝምር፥ ኦ እግዚ
ኣብሔር ምስጋና ክዝምረልካ እየ። ኣነ ብምስ
ትውዓል ኣብታ ፍጽምቲ መገዲ ክጽዕር እየ።
መዓስ ክትመጸኒ ኢኻ፥ ኣብ ውሽጢ ቤተይ
ብፍጹም ልበይ እመላለስ ኣሎኹ። ኣብ ቅድ
ሚ ዓይነይ ገለ ነውሪ ኣየንብርን፥ ንግብሪ
እቶም ካብ ኣምላኽ ዝዓልው እጸልእ ኣሎኹ፥
ኣይክጠብቀንን እዩ። ቈናን ልቢ ካባይ ኣር
ሒቑ፥ ንኽፉእ ኪፈልጦ ኣይደልን። ነቲ ንብ
ጻዩ ብኽፉእ ዝሓሚ ኣጥፍእ፥ ነቲ ዑቡይ ዓይ
ንን ኰሩዕ ልብን ዘለዎ ኣይዕገሶን እየ።



ምሳይ ክነብሩስ ኣዕይንተይ ኣብቶም ናይ
ምድሪ እሙናት እየን፥ እቲ ብፍጽምቲ
መገዲ ዝመላለስ ክገልግለኒ እዩ። ተንኰል
ዝገብር ኣብ ውሽጢ ቤተይ ኣይነብርን፥
ሓሶት ዝዛረብ ኣብ ቅድሚ ኣዕይንተይ
ኣይጸንዕን እዩ። ንዓመጸኛታት ካብ ከተማ-እግ
ዚኣብሔር ከጽንትሲ፥ ንኹሎም ረሲኣን ምድ
ሪ ንጉሆ ንጉሆ ከጥፍኦም እየ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 110 መዝሙር

ጐይታ ንጐታይ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ
ክሳዕ ዝገብሮም ኣብ የማነይ ተቐመጥ በሎ።
እግዚኣብሔር ካብ ጽዮን በትሪ ሥልጣንካ
ክልእኽ እዩ፥ ኣብ ማእከል ጸላእትኻ ግዛእ።
ብታ ሠራዊትካ እተኽትተላ መዓልቲ፥ እቲ
ጥንታዊ ምሳኻ እዩ። ብብርሃን ቅዱሳን፥
ቅድሚ ኮኸብ ጽባሕ ካብ ከርሢ ወለድኩኻ።
እግዚኣብሔር ንሰኻ ከም ሥርዓት መልከጼዴቅ
ንዘለዓለም ካህን ኢኻ ኢሉ መሓለ፥ ኣይጠዓ
ሰን ከኣ። እግዚኣብሔር ኣብ የማንካ ኰይኑ

ብመዓልቲ ቍጥዓኡ ንነገሥታት ክጭፍልቕም፥ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ክፈርድ ብሬሳታት ክመልኦ፥ ርእሲ ርሒብ ሃገር ክጭፍልቕ። ኣብ መገዲ ካብ ወሓዚ ክሰቲ፥ ስለዚ ርእሱ ልዕል ከብል እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 111 መዝሙር

ሃሌ ሉያ። ንእግዚኣብሔር ብምኽሪ ቕኑዓት ማኅበርን ብምሉእ ልበይን ኣመስግኖ ኣሎኹ። ግብሪ እግዚኣብሔር ዓቢይ እዩ፥ እቶም ብእኡ ዝሕጐሱ ኵሎም ይምርምርዎ እዮም። ግብሩ ክብርን ግርማን እዩ፥ ጽድቁ ኸኣ ንዘለዓለም ይነብር። ንተኣምራቱ መዘከርታ ገበሮ፥ እግዚኣብሔር መሓርን ርኅሩኅን እዩ። ንዝፈርህዎ ምግቢ ይህቦም፥ ኪዳኑ ንዘለዓለም ይዝክር። ርስቲ ኣሕዛብ ብመሃቡ ኃይሊ ግብሩ ንሕዝቡ ኣርኣዮ። ግብሪ ኣእዳዉ ሓቅን ፍርድን እዩ፥ ትእዛዙ ኵሉ ጽኑዕ እዩ። ንዘለዓለም ዓለም ጽኑዕ ብሓቅን ብቕንዕናን እተገብረ እዩ። ንሕዝቡ በጃ ሰደደሎም ኪዳኑ



ንዘለዓለም ኣዘዘ። ስሙ ቅዱስን፥ ዘፍርህን እዩ። ፍርሃት እግዚኣብሔር መጀመርያ ጥበብ እዩ፥ ዚገብርዎ ኵሎም ሠናይ ልቦና ኣለዎም። ምስጋናኡ ንዘለዓለም ይነብር። ሃሌ ሉያ።

## መበል 112 መዝሙር

ሃሌ ሉያ። እቲ ንእግዚኣብሔር ዝፈርሆ፥ ብትእዛዛቱ ኣዝዩ ባህ ዝብሎ ሰብ ብፁዕ እዩ። ዘርኡ ኣብ ምድሪ ክስልጥን፥ ወለዶ ቅኑዓት ክባረኽ እዩ። ሃብትን ጽጋብን ኣብ ቤቱ እዩ፥ ጽድቁውን ንዘለዓለም ይነብር። ንቕኑዓት ነቲ መሓርን ርኅሩኅን ጻድቕን ኣብ ጸልማት ብርሃን ይወፃሎም። ዚርኅርኅን ዘለቅሕን ሰብ ብፁዕ እዩ። ንሱ ንነገሩ ብፍርዲ ይፍጽሞ። ንዘለዓለም ኣይክናወጽን እዩ እሞ መዘከርታ ጻድቕ ንዘለዓለም ይነብር። ካብ ክፉእ ወረ ኣይፈርህን፥ ልቡ ብእግዚኣብሔር ተወኪሉ ይጸንዕ። ልቡ ጽኑዕ እዩ፥ ትምኒቱ ኣብ ተጻረርቱ ክሳዕ ዝርኢ ኣይፈርህን። ዘረወ ንድኻታት ሃበ፥

ጽድቁ ንዘለዓለም ይነብር፥ ቀርኑ ብኽብሪ
ልዕል ክብል እዩ። ረሲእ ነዚ ርእዩ ኪሓርቕ፥
ኣስናኑ ክሕርቅምን ክማስንን እዩ፥ ትምኒት
ረሲኣን ኪጠፍእ እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 113 መዝሙር

ሃሌ ሉያ። ኣቱም ባሮት እግዚኣብሔር
ኣመስግኑ ንስም እግዚኣብሔር ኣመስግኑ።
ስም እግዚኣብሔር ካብ ሕጂ ንዘለዓለም ይባ
ረኽ። ካብ ምብራቕ ፀሓይ ክሳብ ምዕራብ
ስም እግዚኣብሔር ይመስገን። እግዚኣብሔር
ኣብ ልዕሊ ኵሎም ኣሕዛብ ልዑል እዩ፥
ክብሩ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ሰማያት እዩ። ነቲ ኣብ
ላዕሊ ኣብ ዝፋኑ ዝቕመጥ፥ ናብ ሰማይን
ናብ ምድርን ኣንቆልቍሉ ዚጥምት እግዚኣብ
ሔር ኣምላኽና ዚመስል መን እዩ?። ምስ
መሳፍንቲ ምስቶም መሳፍንቲ ሕዝቡ ከቐም
ጦስ ንመስኪን ካብ ሓመድ የተንሥእ፥ ንድኻ
ውን ካብ ጐድፍ የልዕሎ። ንመኻን ኣደ



ቈልዑ ገይሩ ኣብ ቤት ብሓጐስ የንብራ።
ሃሌ ሉያ።

## መበል 116፡1-9 መዝሙር

ድምጸይን ምህልላይን ሰሚዑ እዩ ኣሞ፥
ንእግዚኣብሔር ኣፍቅሮ እየ። እዝኑ ናባይ
ኣድኒኑ እዩ እሞ፥ ኵለን መዓልታተይ ናብኡ
ክምህለል እየ። መእሠር ሞት ከበበኒ፥ ጸበባ
ሲኦል ሓዘኒ፥ ጭንቀትን መከራን ረኸብኩ።
ሽዑ ኣነ ኦ ጐይታይ ንነፍሰይ ኣድኅና ኢለ
ስም እግዚኣብሔር ጸዋዕኩ። እግዚኣብሔር ርኅ
ሩኅን ጻድቅን እዩ፥ ኣምላኽና ኸኣ መሓሪ
እዩ። እግዚኣብሔር ንገርህታት ይሕልዎም፥
ኣነ ተሸገርኩ ንሱውን ኣድኃነኒ፥ ነፍስየ፥
እግዚኣብሔር ሠናይ ገይሩልኪ እዩ እሞ፥
ናብ ዕረፍትኺ ተመለሲ። ንነፍሰይ ካብ ሞት፥
ነዕይንተይ ካብ ንብዓት፥ ነእጋረይ ካብ ዕንቅ
ፍቲ ኣድኂንካየን ኢኻ እሞ፥ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሔር ኣብ ሃገር ሕያዋን ክመላለስ
እየ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 116፡10–19 መዝሙር

አመንኩ ስለዚ ተዛረብኩ፥ አዚየ ተጨኒቐ ነበርኩ። አነ ብስምባደይ ኵሉ ሰብ ሓሳዊ እዩ በልኩ። ኣብ ክንዲ እቲ ሠናይ ዝገበረለይ ኵሉስ ንእግዚኣብሔር እንታይ ውሬታ ክመልሰሉ እየ፥ ጽዋዕ ምድኃን ክወስድ ስም እግዚኣብሔር ድማ ክጽውዕ እየ። ንእግዚኣብሔር ኣብ ቅድሚ ኵሉ ሕዝቢ መብጽዓይ ክፍጽመሉ እየ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሞት ቅዱሳኑ ክቡር እዩ። ኦ እግዚኣብሔር ኣነ ባርያኻ እየ፥ ባርያኻ ወዲ እታ ባርያኻ እየ፥ መእሠርየይ ፈታሕካ። መሥዋዕቲ ምስጋና ክሥውዓልካ ስም እግዚኣብሔር ክጽውዕ እየ። ንእግዚኣብሔር ኣብ ቅድሚ ኵሉ ሕዝቡ ኣብ ኣጸድ ቤት-እግዚኣብሔር ኣብ ማእከልኪ ኦ ኢየሩሳሌም መብጽዓይ ክፍጽም እየ። ሃሌ ሉያ።



## ወንጌል ሉቃስ፡- 9,10-17

ሓዋርያት ምስ ተመልሱ፥ ዝገበርዎ ዘበለ ነገርዎ። ንበይኖም ድማ፥ ናብ ጽምዊ ቦታ ኣብ ጥቓ ቤት-ሳይዳ እትባሃል ከተማ ምስኡ ወሰዶም። እቶም ሕዝቢ ኻኣ እዚ ምስ ፈለጡ ሰዓብዎ። ንሱ ድማ ተቐበሎም። ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ነገሮም። ምሕዋይ ንዘድልዮምውን ኣሕወዮም። ምድሪ ክመሲ ጀመረ። እቶም ዓሠርተው ክልተ ኸኣ ናብኡ ቀሪቦም፥ ኣብዚ ኣብ በረኻ ኢና ዘሎና እሞ፥ እዞም ሕዝቢ ኣብ ዙርያና ኣብ ዘሎ ዓድታትን ደምበታትን ከይዶም ኪዓርፉን ዝብላዕውን ኪረኽቡን፥ ኣሳናብቶም በልዎ። ንሸኻትኩም ዝብላዕ ሃብዎም፥ በሎም። ንሳቶም ግና፥ ንሕና ኬድና፥ ነዚ ዅሉ ሕዝቢ ዚብላዕ ክንዕድግ እንተ ዘይከይድኑ፥ ምሳና ዘሎስ ካብ ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሣን ኣይበዝሓን እዩ፥ በሉ። ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕ ሰብኣይ ይኾኑ ነበሩ እሞ፥ ንደቀመዛሙርቱ፥ ንኹሎም በብኃምሳ

እናሠራዕኩም ኣቐምጥዎም፥ በሎም። ከምኡ ገበሩ ንኹሎምውን ኣቐመጥዎም። ነተን ሓሙ ሽተ እንጌራን ክልተ ዓሣን ኣልዒሉ ናብ ሰማይ ጠመተ፥ ባረኹን ቈረሱን፥ ነቶም ሕዝቢ ከቕርብሎም ንደቀመዛሙርቱ ሃቦም። ኵሎም በሊዖም ጸገቡ፥ እቲ ኻብኦም ዝተረፈ ቈረርስ ድማ ዓሠርተው ክልተ መሶብ መሊኦም ኣልዓሉ።

ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ኣሜን።

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ምስ ጌር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፥ ሎምን ኵሉ ሳዕን ንሰግ ደልካ ኣልና። ኣሜን።

## ክፍልታት ጸሎት

ኦ ኣብ ታስዓይቲ ሰዓት፥ ምእንታና ምእን ቲ ኃጥኣን ንሞት ብሥጋኻ ዝጥዓምካዮ። ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ህዋሳት ሥጋና ኣዕረፍካ



ርድኣና። ኦ ጐይታ ጸሎተይ ኣብ ቅድሜኻ ቅብልቲ ትኾን፥ ከም ቃልካ ተረዳእኒ። ልማኖይ ኣብቅድሜኻ ትብጻሕ፥ ከም ቃልካ ሕያው ግበረኒ።

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈ ቅዱስ"

ኦ ኣብ ጊዜ ታስዓይቲ ሰዓት ኣብ መስቀል ምስ ተሰቐልካ፥ መንፈስካ ኣብ ኢድ ኣቦኻ ዘማዕቀብካ፥ ነቲ ምሳኻ ዝተሰቕለ ሰራቒውን፥ ናብ ገነት ኪኣቱ ዝመራሕካ። ኦ ጌር ሸለል ኣይትበለኒ። ንኣይ ንጥፉእ ኣይትንጸገኒ። ንነፍሰይ ቀድሳ። ንሓሳበይ ከኣ ኣብርሀ። ኣብቲ ሕይወት ወሃቢ ጸጋ ምሥጢርካ፥ ተኻ ፋሊ ግበረኒ። ካብቲ ሠናያትካ ምስ ጠዓምኩ፥ ነቲ ዘደንቕ ግርማዊነትካ ካብ ኵሉ ኣብሊጸ እናተመናኹ፥ ብዘይ ድኻመት ምስጋና ከቕርበ ልካ እየ። ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ኣድኅነና።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኦ ካብ ድንግል ምእንታና ዝተወለድካ። ኦ ጌር ንስቕለት ዝተጸወርካ። ንሞት ብሞትካ ዝቐተልካ። ንትንሣኤውን ብቐብርኻ ዝገለጽካ። ኦ ጐይታ ነቶም ብኢድካ ዝፈጠርካዮም ኣይትቃወሞም። ኦ ጌር ፍቕርኻ ንደቂ ሰባት ግለጽ። ካብታ ወላዲትካ ምእንታና ልማኖ ተቐበል። ኦ መድኃን ብትሕትና ንዝመላለሰ ሕዝቢ ርዳእ። ክሳዕ መጨረሻ ኣይትኅደገና። ናብ ፍርዲውን ኣኅሊፍካ ኣይተሃበና። ነቲ ዝኣቶኻልና ቃልኪዳንውን ኣይተፍርሶ። ምሕረትካውን ምእንቲ ኣብርሃም ፍቑርካን፥ ይስሓቕ ኣገልጋሊኻን፥ እስራኤል ቅዱስካን፥ ኢልካ ኣይተኅድገና።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

እቲ ሰራቒ፥ ንጐይታ ሕይወት ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ምስ ረኣዮ፥ ክምዚ በለ "እዚ ምሳና ተሰቒሉ ዘሎ ሥጋ ዝለበሰ ኣምላኽ እንተ ዘይከውንሲ፥ ፀሓይ ብርሃና ኣይምሓብአትን፥ ምድሪውን ኣይመንቀጥቀጠትን ነይራ።



ን ጐይታ ኻኹሉ እትኽእል፥ ኻኹሉ ኽአ እት
ጓውር ብመንግሥትኻ ምስእትመጽእ ተዘከ
ኒ።"

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

ኦ ጌር፥ ንእምነት እቲ ሰራቒ ዝተቐበልካ።
ንዓና ነዞም ብሰንኪ ኃጢኣትና ፍርዲ ሞት
ገግብኣናውን ተቐበለና። ምስኡ ኃቢርና፥ ብ
ኣምላኽነትካ እናተኣመንና ንኃጢኣትና ንዝክር
ኣሎና። ምስኡ ኃቢርናውን፥ ኦ ጐይታ ብ
መንግሥትኻ ምስ እትመጽእ፥ ተዘከረና ኢልና
ንጽውዓካ ኣሎና።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ነቲ ገንሸልን ጓሳን መድኃን ዓለም፥ ወላዲ
ቱ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ምስ ረኣየቶ፥
ኣናበኸየት ክምዚ በለት "ኦ ወደይን ኣምላኸይ
ን፥ ማኅፀነይ፥ ምእንቲ ኩሉ ዓለም ኢልካ
ትዕገሶ ዘሎኻ ስቕለትካ ብምርኣይ ብጓሂ

ይነድድ ኣሎ። ግን ዓለም ድኅነት ስለ ዝተ ዋህቦ ክሕጐስ እዩ።

ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና፥ ኅደገልና። "41 ጊዜ" ኪርያላይሶን .. በል።

ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ .. በል። ገጽ፡-70

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና.. በል። ገጽ፡-28

<u>ናይ ንስሓ ጸሎት</u>

ኦ እግዚኣብሔር ኣቦ ጐይታናን መድኃ ኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ስለ እቲ ብምግላጽ ሓደ ወድኻ፥ ካብ ባርነት ጸላኢ ዘድኃንካናን ዝረዳእካናን፥ በቲ ብሩኽን ግሩምን ዝኾነ ስሙ ንልምነካ ኣሎና። ንኣዕምሮና ካብ ዓለማዊ ትምኒትን፥ ድፍኢት ሥጋዊ-ስምዒትን፥ ኣናጊ ፍካ ናብ ሰማያዊ ጥበብካ ምዝካር ኣሳግረና። ኦ ኄር ሰብኣዊ ፍቕርኻ ኣብዝኃልና፥ ኵሉ ጸሎትናን ጸሎት እዛ ታስዓይቲ ሰዓትን፥ ኣብ ቅድሜኻ ቅቡል ይኹን። ካብዚ ሥጋ እዚ ምስ



ፀፃእና፥ ምስቶም ንስቅያት ሓደ ወድኻ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብቑዓት ዝኾኑን ዝሰግድሉን ሰባት፥ ብምሕረትካ ንኅድገት ኃጢ ኣት ተዓዊትና፥ ምስቶም ካብ ዘለዓለም ብሓቂ ደስ ዘብሉኻ ቅዱሳንካ ክንቝጸርን፥ በታ ንሸኻ ዝጸዋዕካና ጸውዒት ብቑዕ ብዝኾነ ምምልላስ ክንማላለስ ዓድለና። ኦ ኣምላኽ፥ ከምቲ ኃያ ኳን ወሃብ ሕይወትን ሓደ ወድኻ ኣብ መስ ቃል ተሰቒሉ፥ ኻኾሉ ኃይሊ ጸላኢ ምስ ጕሎም ክፉኣት ሠራዊቱ ዝረገጾም፥ ሕጂውን ገብ ስራሕ ወጸኢ ግበረልና። ኦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምቲ ኣብ ዕፀ መስቀል ተሰቒልካ ከሎኻ፥ ነቲ ኣብ የማንካ ዝተሰቕለ ነራቒ ዝተቐበልካዮ፥ ተቐበለና። ከምቲ ነቶም ኣብ ጽልመት ገሃነመ-እሳት ዝነበሩ ዘብራህካ ሎም፥ ኣብርሃልና። ንኹላትና ኸኣ ናብቲ ጸጋ ገነት፥ ምለሰና። ኦ ጐይታ፥ ንሸኻ ብሩኽ ኣምላኽ ኢኻ፥ ምስ ኄር ኣቦኻን፥ መንፈስ ቅዱስን፥ ክብርን ምስጋናን፥ ውዳሴን

ግርማን፥ ሥልጣንን ስግደትን፥ ንዘለዓለም ይግበኣካ ኣሜን።

<u>ድኅሪ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ዝጽለ ጸሎት።</u>

ኦ ጐይታ መሓረና ምሕረትካውን

ኣብዝኃልና... ... በል። ገጽ፥-73







# ናይ ምሸት ጸሎት

ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ሥጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኀብ ዕፀ መስቀል ወሪዱ ዝተገንዘሉን ዝተቐብረሉን እዩ።

<u>መእተዊ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ሰዓታት</u>

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና .. በል ገጽ፥-28

ናይ ምስጋና ጸሎት.... ... በል ገጽ፥-29

ናይ ንስሓ መዝሙር 51.... በል ገጽ፥-31

<u>ይቕጽል</u>

ኣብ እዛ ብርኽቲ መዓልቲ እዚኣ ንክርስቶስ ንጉሠይን ኣምላኸይን ምስጋና ሰዓት ዓሠርተው ሐዳ ኣቕርበሉ፥ ኃጢኣተይ ንኺኃድገለይ ከኣ እልምኖ።

## መበል 117 መዝሙር

ኵልኹም ኣሕዛብ ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ፥ ኵልኹም ሕዝብታት ወድስዎ። ጸጋኡ ኣባና ዓቢይ እዩ እሞ፥ ሓቂ እግዚኣብሔር ድማ ንዘለዓለም ይነብር እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 118 መዝሙር

እግዚኣብሔር ሠናይ እዩ፥ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር እዩ እሞ ኣመስግንዎ። እስራኤል፥ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር እዩ ይበል። ቤት-ኣሮን፥ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር እዩ ይበሉ። እቶም ዝፈርህዎ፥ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር እዩ ይበሉ። ኣብ ጸበባይ ንእግዚኣብሔር ጸዋዕኩ እግዚኣብሔር መለሰለይ ኣርሓበለይ ድማ። እግዚኣብሔር ምሳይ እዩ ኣይፈርህን፥ ሰብከ እንታይ ክይገብረኒ፥ እግዚኣብሔር ምሳይ እዩ ረዳእየይ እዩ። ኣብ ጸላእተይ ትምኒተይ ክርኢ እየ። ካብ ኣብ ሰብ ምውካልሲ ኣብ እግዚኣብሔር ምውካል ይሓይሽ። ካብ



ኣብ መሳፍንቲ ምውካልሲ ኣብ እግዚኣብሔር ምዕቓብ ይሓይሽ። ኵሎም ኣሕዛብ ከበቡኒ፥ ብስም እግዚኣብሔር ክቘርጾም እየ። ከበቡኒ እወ ከበቡኒ፥ ከም ሓዊ ቆጥቋጥ ጠፍኡ። ብ ነም እግዚኣብሔር ክስዕሮም እየ። ከተውድቐኒ ኢልካ ኣዚኻ ደፋእካኒ፥ እግዚኣብሔር ግና ረድኣኒ። ኃይለይን መዝሙረይን እግዚኣብሔር እዩ። ንሱውን ምድኃነይ ኰነ። ኣብ ድንኳናት ጻድቃን ድምፂ ዕልልታን ምድኃንን ኣሎ፥ የማነይቲ እግዚኣብሔር ኃይሊ ትገብር። የማነይቲ እግዚኣብሔር ልዕል ተብል፥ የማነይቲ እግዚኣብሔር ኃይሊ ትገብር ኣላ። ብሕይወት ክነብር እምበር ኣይክመውትን እየ፥ ግብሪ እግዚኣብሔር ክኣ ክዘንቱ እየ። እግዚኣብሔር ኣዚዩ ቐጽዓኒ፥ ንሞት ግና ኣይወፈየንን። ብኣኣን ኣትየ ንእግዚኣብሔር ክመስግኖስ ደጌታት ጽድቂ ክፈቱለይ። ደገ-እግዚኣብሔር እዚኣ እያ፥ ጻድቃን ብእኣ ክኣትዉ እዮም። ሰሚዕካኒ ምድኃነይውን ኴንካ ኢኻ እሞ ክመስግነካ እየ። ነደቕቲ ዝነዓቕዎ እምኒ

ንሱ ርእሲ ማእዝን ኰነ። እዚ ካብ እግዚ አብሔር ኰነ። ነዒንትናውን ግሩም እዩ። እታ እግዚአብሔር ዝገበራ መዓልቲ እዚኣ እያ፥ ብእኣ ንተሓጐስን ባህ ይበለናን። ኦ እግዚአብሔር ኣድኅን ኰታ፥ ኣታ እግዚኣብ ሔር ኣሰልጥን ኰታ። እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ብሩኽ እዩ፥ ካብ ቤት- እግዚኣብሔር ንባርኸኩም ኣሎና። እግዚኣብ ሔርሲ ኣምላኽ እዩ፥ ንሱውን ኣብርሃልና። ነቲ መሥዋዕቲ በዓል ዓመት ክሳዕ ኣቕርንቲ መሠውዒ ብገመድ እሰሩ። ንስኻ ኣምላኸይ ኢኻ ኣመስግነካ፥ ኦ ኣምላኸይ ልዕል ኣብለካ ኣሎኹ። እግዚኣብሔር ሠናይ እዩ፥ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር እዩ እሞ ኣመስግንዎ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 120 መዝሙር

ብጸበባይ ናብ እግዚኣብሔር ኣእወኹ፥ ንሱውን መለሰለይ። ኦ እግዚኣብሔር ንነፍሰይ ካብ ሓሳዊት ከንፈር ካብ ወስላታ መልሓስ



ኣናግፋ። ኣቲ ወስላታ መልሓስ እንታይ ክህቡኺ፥ እንታይሲ ክውሰኹኺ እዮም። ናይ ጅግና በላሕቲ ፍላጻ ምስ ጓህሪ ሰራው። ወይለይ ኣብ ሜሴክ እሰፍር፥ ኣብ ማእከል ድንኳናት ቄዳር እነብር ኣሎኹ። ነፍሰይ ምስ እቶም ሰላም ዝጸልኡ ብዙኅ ጊዜ ነበረት። ኣነስ ሰላማዊ እየ፥ ብዛዕባ ሰላም እንተ ተዛረብኩ፥ ንሳቶም ግና ንውግእ ይስለፉ ኣለዉ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 121 መዝሙር

ኣዒይንተይ ናብ ኣኽራን ኣልዕል ኣሎኹ። ረዲኤተይ ካበይ እዩ ዝመጽእ፥ ረዲኤተይሲ ካብ እቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብ ሔር እዩ ዝመጽእ። ንሱ ንእግርኻ ኣየሰናኽል ን፥ ሓላዊኻ ኣይታኽስን። እንሆ እቲ ንእስራ ኤል ዝሕሉ ኣይታኽስን ኣይድቅስን እዩ። እግዚኣብሔር ሓላዊኻ እዩ፥ እግዚኣብሔር ኣብ የማነይቲ ኢድካ ጽላልካ እዩ። ፀሓይ ብመዓ ልቲ ወርኂውን ብለይቲ ኣይኪወቕዓካን እዩ።

እግዚኣብሔር ካብ እከይ ዘበለ ኪሕልወካ ንነ
ፍሽካ ኪሕልዋ እዩ። እግዚኣብሔር ካብ ሕጂ
ንዘለዓለም ምውፃእካን ምእታውካን ክሕሉ
እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 122 መዝሙር

ናብ ቤት እግዚኣብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ
ተሓጐስኩ። ኦ ኢየሩሳሌም ኣእጋርና ኣብ ደገ
ታትኪ ቆይመን ኣለዋ። ኣቲ ኢየሩሳሌም ከም
ንሓድሕዳ እተጋጠመት ከተማ ተሓነፅኪ። እቶ
ም ዓሌታት፡ ዓሌታት እግዚኣብሔር፡ ከምቲ
እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ፡ ንእግዚኣብሔር ክው
ድሱ ናብኣ ይድይቡ። ኣብኣ ዝፋናት ፍርዲ
ዝፋናት ዳዊት ተነቢሩ ኣሎ። ንኢየሩሳሌም
ሰላም ለምኑላ፡ እቶም ዘፍቅሩኺ ክለምዑ
እዮም፡ ኣብ ውሽጢ መከባብያኺ ሰላም፡ ኣብ
ውሽጢ ኣዳራሻትኪ ልምዓት ይኹን። ስለ
ኣኀዋተይን ብጾተይን ሰላም እኾነልኪ እብል።
ስለ ቤት-እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኢለ፡ ሠናይ
ኪ እደሊ ኣሎኹ። ሃሌ ሉያ።



## መበል 123 መዝሙር

ኣታ ኣብ ሰማያት እትነብር፡ ኣዕይንተይ
ናባኻ አልዕል ኣሎኹ። እነሆ ከምቲ ኣዕይንቲ
ገሮት ናብ ኢድ ጐይታኦም፡ ከምቲ ኣዕይንቲ
ገረድ ናብ ኢድ እመቤይታ ዝጥምታ፡ ከምኡ
ውን ኣዕይንትና ንሱ ክሳዕ ዝርኀርኀልና፡ ናብ
እግዚኣብሔር ኣምላኽና ይጥምታ ኣለዋ። ኣዚ
ና ተናዒቕና ኢና እሞ ጐይታየ ምሓረና።
ነፍስና ብላግጺ ሕንቁቓትን ብንዕቀት ዕቡያትን
ኣዚያ ተጨነቐት። ሃሌ ሉያ።

## መበል 124 መዝሙር

እግዚኣብሔር ምሳና እንተዘይነብርሲ ምላሽ
የሃብ እስራኤል፡ እግዚኣብሔር ምሳና እንተ
ዘይነብር፡ ሰብ ክትንሥኡና ከለዉ ሓርቖቶም
ኣብ ልዕሌና ክነድድ ከሎ ሽዑ ብሕይወት
ከሎና ምወሓጡና፡ ሽዑ ማያት መጥሓለና፡
ውሒዝ ብልዕሊ ነፍስና ምወሓዘ፡ ሽዑ ብር
ቱዕ ማያት ብልዕሌና ምወሓዘ ነይሩ። እቲ

ንግደ ኣስናኖም ክንከውን ዘይወፈየና እግዚአብሔር ይባረኽ። ነፍስና ከም ዑፍ ካብ መፈንጠራ ሃዳናይ ኣምለጠት፥ መፈንጠራ ተበትከ ንሕናውን ኣምለጥና። ረዲኤትናሲ ብስም እቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚአብሔር እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 125 መዝሙር

እቶም ብእግዚአብሔር ዝውከሉ ከምታ ዘይትናወጽ ንዘለዓለም እትነብር ከረን ጽዮን እዮም። ኣብ ዙርያ ኢየሩሳሌም ኣኽራን ኣሎ፥ እግዚአብሔር ከኣ ካብ ሕጂ ክሳዕ ዘለዓለም ኣብ ዙርያ ሕዝቡ እዩ። ስለዚ ጻድቃን ኣእዳዎም ናብ ዓመጻ ከይዝርግሑስ፥ በትሪ ረሲእነት ኣብ ርስቲ ጻድቃን ኣይነብርን እዩ። ጐይታየ ንሠናያትን ንቕኑዓት ልብን ሠናይ ግበረሎም፥ ነቶም ናብ ጥውይዋይ መገዶም ዘግልሱ ግና፥ እግዚአብሔር ምስ እቶም ገበርቲ እከይ ኪሰዶም እዩ። ሰላም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ይኹን። ሃሌ ሉያ።



## መበል 126 መዝሙር

እግዚአብሔር ንምሩኻት ጽዮን ምስ መለሰም ከም ሓለምቲ ነበርና። ሽዑ ኣፍና ብስሓቕ መልሓስናውን ብዕልልታ መልአ። ሽዑ ኣሕዛብ ነዚኣቶም እግዚአብሔር ዓቢይ ግብሪ ገይሩሎም ተባሃሃሉ። እዚአብሔር ዓቢይ ግብሪ ገበረልና፥ ንሕናውን ተሓጐስና። ኦ እግዚአብሔር ከም ንወሓይዝ ደቡብ ጌርካ ንምሩኻትና ምለሶም። ብንብዓት ዝዘርኡ ብዕልልታ ይዓጽዱ። ዘርኢ ተሰኪሙ ብብኽያት ይወፍር፥ እንዳእቱ ተሰኪሙ ብዕልልታ ይምለስ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 127 መዝሙር

እግዚአብሔር ንቤት እንተ ዘይሓነፀ ሓነፅቲ ንኸንቱ ይጽዕሩ። እግዚአብሔር ንኸተማ እንተ ዘይሓለዋ ሓላዊ ንኸንቱ ይነቅሕ። ኣንጊህኩም ምትንሣእኩም ኣምሲኹም ምድቃስኩም፥ እንጌራ ጻዕሪ ምብላዕኩም ከንቱ እዩ። እዚስ

ንፉቑራቱ ደቂሶም ከለዉ ይህቦም እዩ። እንሆ ውሉድ ውህበት እግዚኣብሔር እዮም፥ ፍረ ኸርሲ ከኣ ዓስቢ እዩ። ከምቲ ኣብ ኢድ ጅግና ዘሎ ፍላጻ፥ ውሉድ ንእስነት ከምኡ እዮም። ጕልድባኡ ብእኦም ዝመልአ ሰብኣይ ብፁዕ እዩ፥ ኣብ ደገ ምስ ጸላእቲ እንተ ተዛረበ ኣይሓፍርን እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 128 መዝሙር

ንእግዚኣብሔር ዝፈርህ፥ ብመገዱ ዝመላለስ ዘበለ ሰብ ብፁዕ እዩ። ዕዮ ኣእዳውካ ክትበልዕ ኢኻ እሞ ብፁዕ ኢኻ፥ ደኃንውን ክትረክብ ኢኻ። ሰበይትኻ ኣብ ውሽጢ ቤትካ ከም ፈራይት ወይኒ ክትከውን። ውሉድካ ኣብ ዙርያ መኣድኻ ከም ተኽሊ ኣውሊዕ ኪኾኑ እዮም። እንሆ ንእግዚኣብሔር ዝፈርህ ሰብ ከምዚ ኢሉ ክባረኽ ኢዩ። እግዚኣብሔር ካብ ጽዮን ክባርኸካ፥ ኵለን መዓልታት ሕይወትካ ድማ ሠናይ ኢየሩሳሌም ክትርኢ ኢኻ። ደቂ ደቅኻውን ክትርኢ ኢኻ። ሰላም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ይኹን። ሃሌ ሉያ።



## መበል 129 መዝሙር

ካብ ንእስነተይ ጀሚሮም ብዙኅ ጊዜ ኣጻ ብቡለይ ይበል እስራኤል፥ ካብ ንእስነተይ ጀሚሮም ብዙኅ ጊዜ ኣጻበቡለይ ግናኸ ኣይሰዓሩንን። ሓረስቶት ኣብ ዝባነይ ሓረሱ፥ ትልም ታቶም ኣንውሑ። እግዚኣብሔር ጻድቕ እዩ ኣግማድ ረሲኣን በተኸ። ንጽዮን ዝጸልኡ ኵላቶም ይሕፈሩ ንድኅሪትውን ይመለሱ። ከምቲ ኀዕሪ ናሕሲ ዓጻዲ ኢዱ መሊኡ ዘይዓትረሉ፥ መልዓል እንዳእቲውን መሊኡ ዘይሓቑፈሉ ከይዓበየ ዚሃጐግ ይኹኑ። ብስም እግዚብሔር ንባርኸኩም ኣሎና ኣይብሉን። ሃሌ ሉያ።

## ወንጌል ሉቃስ፡- 4,38-41

ካብ ቤት ጸሎት ተንሢኡ፥ ናብ ቤት ስምዖን ኣተወ። ሓማት ስምዖን ብብርቱዕ ረስኒ ሓሚማ ነበረት፥ ብዛዕባኣውን ለመንዎ። ኣብ ልዕሊኣ ደው ኢሉ ነቲ ረስና ገንሖ፥ እቲ ረስናውን ብኡብኡ ሓደጋ። ተንሢኣ ኸኣ ኣገልገለቶም። ፀሓይ ክትዓርብ ከላ ኸኣ፥ በበይኑ ዝኾነ ሕማም ዘለዎም ኵሎም ሕሙማት ናብኡ ኣምጽኡ። ንሱ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፎም ኢዱ ኣንቢሩ ኣሕወዮም። ሰይጣውንቲ ኸኣ፥ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፥ ኢሎም እናጨደሩ ካብ ብዙኃት ይወፁ ነበሩ። ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ስለ ዝፈለጡ ድማ፥ ይገንሖምን ኪዛረቡ ኣይፈቅደሎምን ነበረ።

ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ኣሜን።



ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ምስ ኄር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፥ ሎምን ኩሉ ሳዕን ንሰግደልካ ኣሎና። ኣሜን።

## ክፍልታት ጸሎት

እቲ ጻድቕ ብኃይሊ-ገደል ዝድኅን ካብ ኮነስ፥ ኣነ ኃጥእ ደኣ ኣበይ እየ ክቐውም?። ብምኽንያት ድኽመት ሰብነተይ፥ ንሙቐትን ክብደትን መዓልቲ ክጻወሮ ኣይከኣልኩን። ግንከ፥ ንስኻ ኦ መሓሪ ኣምላኽ፥ ምስቶም ናይ ሰዓት ዓሠርተው ሓደ ሰባት ቁጸረኒ። ምኽንያቱ እነሆ ብዓመጻ ተጠነሰኩ፥ ብኃጢኣት ከኣ ኣደይ ወለደትኒ። ናብ ላዕሊ ናብ ሰማይ ክርኢ ኣይደፍርን። ግን ኣብቲ ንደቂሰባት ዝገበርካዮ ምሕረትካን ፍቕርኻን እውከል ኣሎኹ። ብዓቢይ ድምጺ ከኣ ከምዚ እብል፡- ኦ ኣምላኽ፥ ኣነ ኃጥእ እየ እሞ ይቕረ በለለይ ምሓረኒ።

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

ኦ መድኀነይ፥ ንኣባታዊ ልብኻ ኣርኒኻ፥ ንምቕባለይ ተቓላጠፍ። ምኽንያቱ፥ መዋዕለይ ኣብ ምስትምቓር ትምኒተይ ኣጥፊኦዮ፥ መዓልቲውን ካባይ ኃሊፉ ኸደት። ሕጂ ግን፥ ኣብቲ ዘይጐድል ሃብቲ ርኅራኄኻ እውከል ኣሎኹ፥ ነቲ ቱሑትን ንምሕረትካ ዝደኸየን ልቢ ኣይትግደፎ። ኦ ጐይታ ናጻኻ ብትሕትና ከምዚ እናበልኩ አእዊ ኣሎኹ፤ ኦ ኣቦይ ኣብ ሰማይን ኣብ ቅድሜኻን ኃጢእኩ፥ ወድኻ ክበሃልውን ኣይብቑዕን እየ እሞ፥ ከም ሓደ ካብ ባሮትካ ቍጸረኒ።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ንኹሉ ክፍኣት ኮነ-ኢለ ብጥንቃቐ ፈጺምክዎ። ንኹሉ ኃጢኣትእውን ብሃንቀውታን ብሥጋዊ-ድፍኢትን ገበርኩዎ። በዚ ድማ ኩሉ ስቅያትን ፍርድን ዝግብኣኒ እየ። ኦ ቅድስቲ ድንግል ማርያም፥ ናይቲ ሓቀኛ መርዓ፥ ብዘይ መንቅብ መርዓት። ናብኺ እውከስን ብኣኺ ኣማልድን ኣሎኹ። ዝናሰሓሉ ምኽንያት



ኣሳናድውለይ። ምእንቲ ከይሓፍርሲ፥ ንኽትሕ ግዝኒ ንዓኺ እጽውዕ ኣሎኹ። ነፍሰይ ንሥጋይ ክትገድፉ እንከላ፥ ንደገፊይ ናባይ ምጺ። ንምኽሪ ጸላእቲውን ሰዓርዮ። ንነፍሰይ ሲኦል ምእንቲ ከይውሕጠ፥ ንመዓጸ ገሃነም ዕጸውዮ።

ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና፥
ኀደገልና። "41 ጊዜ" ኪርያላይሶን .. .. በል።
ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ... በል ገጽ፦70
ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና... በል ገጽ፦28

## ናይ ንስሓ ጸሎት

ኦ ርኅሩኅ ንጉሥና፥ ነዛ መዓልቲ እዚኣ ብሰላም ኣኅሊፍካ፥ ብምስጋና ናብ ኣጋምሸት ከንኣቱ ስለ ዘኽኣልካናን ክሳዕ ዕራርቦ ብርሃን ንኽንርኢ ብቑዓት ስለ ዝገበርካናን ነመስግነካ

ኣሎና። ኦ ኣምላኽና፥ እዚ ናይ ሕጂ ምስጋናውን ተቐበል። ካብ ምኽሪ ተጻረርቲ ዓቕበና፥ ነቲ ነዓና ኢሉ ዝተዳለወ መፈንጠራ ከንቱ ግበሮ። ኣብ ኩሉ ነገር ነቲ ቅዱስ ስምካን ነቲ ዘይድህሰስን መጀመርያውን ዘይ ብሉን ኣቦኻን ማዕሬኻ ዝኾነ ወሃቢ ሕይወት መንፈስ ቅዱስን ከነመስግንሲ፥ ብኣኻ ቅብልቲ ዝኾነት ሰላማዊት ለይቲን፥ ብዘይ ስቅያትን ምጭናቕን፥ ብዘይ ናይ ሃተውትው ሕልምን ምድካምን፥ ከነሕልፋ ዓድለና። ኻኹሉ ነገር፥ ብሰላምን ጥዕናን ምእንቲ ኪንኃልፎ፥ ኩሉ ግዜን ኣብ ኩሉ ቦታን፥ ንጸሎትን ምስጋናን ኣንቅሓና። ሕጅን ንዘልዓለም ዓለምን ኣሜን።

## ድኅሪ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ዝጽለ ጸሎት።

ኦ ጐይታ መሓረና ምሕረትካውን

ኣብዝኅልና… … በል። ገጽ፡-73



# ናይ ድቃስ ጸሎት

ኳዛ ሰዓት እዚኣ ምንባር ሥጋ ጐይታና ኢየሱስ ርስቶስ ኣብ መቓብርን፥ መፈጸምታ ሰዓት መዓ ፦ትን እያ። ከምኡውን ድቃስ ኣምሳል ሞት ስለ ነኻነት፥ ከም መወዳእታ ጊዜ ዕድመ ሰብ ትቑጸር።

## መእተዊ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ሰዓታት

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና … በል ገጽ፡-28

ናይ ምስጋና ጸሎት…. … በል ገጽ፡-29

ናይ ንስሓ መዝሙር 51…በል ገጽ፡-31

## ይቕጽል

ጸሎት ድቃስ ንክርስቶስ ንጉሠይን ኣምላኸ ይን ኣቕርበሉ። ኃጢኣተይ ክኃድገለይ ከኣ ኣልምኖ።

## መበል 130 መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ካብ መዓሙቕ ናባኻ ኣእ
ወኹ። ጐይታየ ንድምፀይ ስማዕ፥ ኣእዛንካ
ናብ ድምፂ ምህልላይ የቕልባ። ኦ እግዚኣብ
ሔር ኣበሳ እንተ ተቈጻጸርካስ፥ ጐይታየ መን
ደው ክብል እዩ? ግናኸ ምእንቲ ኺፈርሁኻ
ይቕሬታ ምሳኻ ኣሎ። ንእግዚኣብሔር እጽበ
ነፍሰይ ትጽበ ኣላ፥ ብቓሉውን ተስፋ እገብር
ኣሎኹ። ሓለፉ እቶም ወጋሕታ ዝጽበዩ ሓለ
ውቲ፥ እወ ሓለፉ እቶም ወጋሕታ ዝጽበዩ
ሓለውቲ፥ ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ትጽበዮ ኣ
ላ። ምሕረት ኣብ እግዚኣብሔር፥ ብዙኅ ምድ
ኃን ኣብኡ እዩ እሞ፥ ኦ እስራኤል ንእግዚ
ኣብሔር ተጸበዮ። ንሱውን ንእስራኤል ካብ
ኩሉ ኣበሳኡ ኺድኅኖ እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 131 መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ልበይ ኣይተዓበየን፥ ኣዕ
ይንተይ ከኣ ልዕል ኣይበላን፥ ኣብ ዓቢይን



ሞስተውዕሎን ነገር ኣይመላለስን። ንነፍሰይ
ፃህዳእኽዋ ስቕ ኣበልክዋ፥ ከም ጡብ ዝኃደገ
ኅፃን ኣብ ሕቝፊ ኣዲኡ፥ ነፍሰይ ከምቲ
ጉብ ዝኃደገ ሕፃን ኣባይ ከምኡ እያ። ኣታ
እስራኤል ካብ ሕጂ ንዘለዓለም ብእግዚኣብ
ሔር ተስፋ ግበር። ሃሌ ሉያ።

## መበል 132 መዝሙር

ኦ እግዚኣብሔር ንዳዊት ኵሉ መከራኡ
ተከረሉ። ንሱ ንእግዚኣብሔር ከምዝመሓለ
ንታ እግዚኣብሔር፥ መኅደሪ ነቲ ናይ ያዕቆብ
ሥልጡን ክሳዕ ዚረክብሲ ብሓቂ ናብ ድንኳን
ቤተይ ኣይኣቱን፥ ኣብ መንጸፍ ዓራተይ ኣይ
ድይብን፥ ነዒንተይ ድቃስ ንኸሎበሮ ዓይነይውን
ኸለምታ ኣይህብን ኢሉ ነቲ ናይ ያዕቆብ
ሥልጡን ከም እተማባጽዐ ዘከረሉ። እነሆ ብ
ተዕባኣ ኣብ ኤፍራታ ሰማዕና፥ ኣብ መሮር
ጾዓር ረኸብናያ። ናብ ማኅደሩ ንእቶ ኣብ
መርገጽ እግሩ ንስገድ። ኦ እግዚኣብሔር
ንሸኻን ታቦት ኃይልኻን ተንሥእ፥ ናብ ቦታ

ዕረፍትኻ ነዓ። ካህናትካ ጽድቂ ይልበሱ ቅዱሳንካ ድማ ዕልል ይበሉ። ምእንቲ ዳዊት ባርያኻ ኢልካ ገጽ ቅቡዕካ ኣይትምለስ። እግዚኣብሔር ንዳዊት ካብ ፍረ ኸርሰኻ ኣብ ዝፋንካ ከቐምጥ እየ፥ ውሉድካ ኪዳነይን ነቲ ዝምህሮም ምስክረይን እንተ ሓለዉ፥ ውሉዶም ድማ ኣብ ዝፋንካ ንሓዋሩ ክቕመጡ እዮም፥ ኢሉ ብሓቂ መሓለሉ ካብኡ ኣይክ ርሕቕን እዩ። እግዚኣብሔር ንጽዮን ሓርዩዋ እዩ እሞ፥ መንደሪኡ ኽትክውን በሃጋ፥ እዚኣ ንሓዋሩ መዕረፊተይ እያ፥ ብሂገያ እየ እሞ እብዚኣ ክነብር እየ። ንሲሳያ ኣጸቢቐ ክባርኾ፥ ንድኻታታ እንጌራ ከጽግቦም እየ። ንካህናታ ምድኃን ክልብሶም እየ፥ ቅዱሳና ኸኣ ብሓጎስ ዕልል ኪብሉ እዮም። ኣብኣ ቀርኒ ዳዊት ከብቊል እየ፥ ንቑቡዐይ መብራህቲ ኣዳሎኹ። ንጸላእቱ ነውሪ ኸልብሶም እየ፥ ኣብ ልዕሊኡ ግና ዘውዱ ኺንጸባረቕ እዩ። ሃሌ ሉያ።



## መበል 133 መዝሙር

እነሆ ኣኅዋት ብሓደ ሓቢሮም ክነሩስ ክን ደይ ሠናይን ክንደይ ጥዑምን እዩ። ከምቲ ክቡር ዘይቲ ካብ ርእሲ፥ ካብ ጭሕሚ ኣሮ ን፥ ናብቲ ዘፈር ልብሱ ዝወርድ እዩ። እግዚ ኣብሔር ኣብኣ በረኸትን ሕይወትን ንዘለዓለም ኣዚዙ እዩ እሞ፥ ከምቲ ኣብ ኣኽራን ጽዮን ዚወርድ ጠሊ ሄርሞን እዩ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 134 መዝሙር

እንሆ ኣንቱም ብለይቲ ኣብ ቤት-እግዚኣብ ሔር እትቖሙ ኩልኹም ባሮት እግዚኣብ ሔር፥ ንእግዚኣብሔር ባርኽዎ። ኣእዳውኩም ኣብ መቕደሱ ኣልዕሉ፥ ንእግዚኣብሔር ከኣ ርኽዎ።

ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሔር ካብ ጽዮን ይባርኽካ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 137 መዝሙር

ኣብ ጥቓ ሩባታት ባቢሎን ተቐመጥና፥ ን
ጽዮን ምስ ዘከርና በኼና። መሰንቆታትና ኣብ
ቲ ኣብኣ ዘሎ ዑቦላት ሰቐልና። እቶም ዝማረ
ኹና ናይ መዝሙር ዳዊት ካባና ደለዩ፥ እቶ
ም ዘሳቐዩናውን ሓደ መዝሙር ጽዮን ዘምሩ
ልና፥ እናበሉ ኪንሕጐስ ለመኑና። ከመይ
ጌርና እሞ መዝሙር እግዚኣብሔር ኣብ
ምድሪ ጓና ክንዝምር፥ ኢየሩሳሌመየ እንተ
ረሲዔክስ የማነይቲ ኢደይ ትረስዓኒ። እንተ
ዘይዘኪረኪ፥ ንኢየሩሳሌም ከኣ ኃለፋ ኹሉ
ሓጐሰይ እንተ ዘይገይረያስ፥ መልሓሰይ ኣብ
ትንሓገይ ትጣበቕ። ኦ እግዚኣብሔር ነቶም
ኣፍሩሱ፥ ክሳዕ መሠረታ ኣፍርስዋ ዝበሉ ደቂ
ኤዶም ብመዓልቲ ኢየሩሳሌም ዘክሮም። ኣቲ
ክትዓንዊ ዘሎኪ ጓል ባቢሎን፥ ሕነ እቲ
ዝገበርክና ዝፈድየኪ ምስጉን እዩ። ንሕፃናትኪ
ሒዙ ኣብ ከውሒ ዘራጽሞም ምስጉን እዩ።
ሃሌ ሉያ።



## መበል 138 መዝሙር

ብሙሉእ ልበይ ኣመስግነካ፥ ኣብ ቅድሚ
ኣማልኽቲ ምስጋናኻ እዝምር። ንቓልካ ኃለፋ
ቶሉ ስምካ ኣዕቢኻዮ ኢኻ እሞ፥ ናብ ቅዱስ
መቕደስካ ኣቢለ ኽሰግድ፥ ንስምካውን ስለ
ኀህልኻን ሓቕኻን ኢለ ኽመስግኖ እየ። በታ
ኀጸዋዕኩላ መዓልቲ መለስካለይ፥ ኣትባዕካኒ
ንነፍሰይ ኣበርታዕካያ። ጐይታየ ኵሎም ነገሥ
ታት ምድሪ ቃላት ኣፍካ ሰሚዖም ከመስግኑኻ
እዮም። ክብሪ እግዚኣብሔር ዓቢይ እዩ እሞ፥
ብዛዕባ ግብርታት እግዚኣብሔር ኪዝምሩ እ
ዮም። እግዚኣብሔር ልዑል እዩ እሞ ንቲሑት
ይርእዮ፥ ንዕቡይውን ካብ ሩሑቕ የለልዮ።
ብማእከል መከራ እኳ እንተኸድኩ፥ ንሽኻ ሕ
ያው ትገብረኒ። ኢድካ ኣብ ኵራ ጸላእተይ
ትዝርግሕ፥ የማነይቲ ኢድካውን ተድኅነኒ።
እግዚኣብሔር ኪፍጽመለይ እዩ፥ ጐይታየ
ጸጋኻ ንዘለዓለም ይነብር፥ ንተግባር ኣእዳውካ
ኣይትሕደጎ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 141 መዝሙር

ጐይታየ ናባኻ እእዊ ኣሎኹ፥ ቀልጢፍካ ምጸኒ ክጽውዓካ ከሎኹ ንድምፀይ ጽን በሎ። ጸሎተይ ኣብ ቅድሜኻ ከም ዕጣን፥ ምልዓል ኢደይ ከም መሥዋዕቲ ምሸት ይኹን። ጐይታየ ንኣፈይ ቀፈር ግበረሉ፥ ደገ ኸናፍረይ ሓሉ። ምስ ገበርቲ እከይ ረሲእነት ክይገብርሲ፥ ንልበይ ናብ ክፍኣት ኣይተ ዘንብሎ፥ ኣነውን ካብ ጥዑም ብልዖም ኣይ ብላዕ። ጻድቕ ይውቅዓኒ ለውሃት እዩ፥ ይዘል ፈኒ ዘይቲ ርእሲ እዩ፥ ርእሰይ ኣይእበዮ፥ ጸሎተይ ግና ብእከዮም እዩ። ፈረድቶም ብገደል ምስ ጸደፉ፥ ቃላተይ ሓቂ ሙዃኑ ኪኣምኑ እዮም። ከምቲ ሰብ ንምድሪ ዚትልሞ ን ዝሓርሶን፥ ኣዕጽምትና ኸምኡ ኣብ ኣፍ ሲኦል ተበተነ። ኦ እግዚኣብሔር ጐይታየ ኣዕይንተይ ናባኻ እየን፥ ኣባኻ እውክል ኣሎኹ ንነፍሰይ ኣይትደርብያ። ካብቲ ዘጻወዱለይ መጻወድያን ካብ መፈንጠራ ገበርቲ እከይን



ካልወኒ። ኣነ ኸኃልፍ ከሎኹስ ረሲኣን ኣብ መጻወዲይኦም ይውደቑ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 142 መዝሙር

ብዓውታ ናብ እግዚኣብሔር እእዊ፥ ናብ እግዚኣብሔር እምህለል ኣሎኹ። ጓህየይ ኣብ ቅድሚኡ እኸዑ፥ ሽግረይ ኣብ ቅድሚኡ እነ ግር። መንፈሰይ ኣብ ውሽጠይ ምስ ማህመነ መገደይ ፈለጥካ፥ ኣብታ ዝኃልፋ መገዲ መፈንጠራ ሓብኡለይ። ኣብ የማነይ ጠምትኩ እሞ፥ ዚፈልጠኒ ሰኣንኩ ናብ ዘምልጠውን የብለይን፥ ንነፍሰይ ግዲ ዝገብረላ የልቦን። ኦ እግዚኣብሔር ናባኻ ኣእወኹ፥ ንስኻ መዕቈቢየይ ኣብ ምድሪ ሕያዋን ግደይ ኢኻ። ኣብ ብዙኅ መከራ እየ ዘሎኹ እሞ ኣውያተይ ስማዕ፥ ኃይሎምኒ እዮም እሞ ካብ ሰጐግተይ ኣናግፈኒ። ንስምካ ኸማሱስ ንነፍሰይ ካብ ማእሠርቲ ኣውፅኣያ፥ ሠናይ ክትገብረለይ ኢኻ እሞ ጻድቃን ኪኸቡኒ እዮም። ሃሌ ሉያ።

## መበል 146 መዝሙር

ሃሌ ሉያ። ነፍሰየ ንእግዚኣብሔር ኣመስግኒ። ብሕይወተይ እንከሎኹ ንእግዚኣብሔር ከመስ ግኖ፥ ክሳዕ ዘሎኹ ንኣምላኸይ ክውድሶ እየ። ብመሳፍንቲ በቲ ኽረድእ ዘይከኣሎ ወዲ ሰብ ኣይትወከሉ። ትንፋሱ ትወፅእ ናብ መሬቱ ይምለስ፥ በታ መዓልቲ እቲኣ ሃቐናኡ ይጠ ፍእ። ኣምላኽ ያዕቆብ ዝሬድኤቱ፥ ተስፋኡ ኸኣ ኣብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝገበረ ሰብ ብፁዕ እዩ። ንሰማይን ምድርን፥ ንባሕርን ኣብ ኡ ዘሎ ኹሉን ዝገበረ፥ ንሓቂ ኽሳዕ ዘለዓለም ዝሕሉ፥ ንጡቑዓት ፍትሒ ዘውፅኣሎም፥ ን ጥሙያት እንጌራ ዝህቦም ንሱ እዩ፥ እግዚ ኣብሔር ንእሡራት ይፈትሖም። እግዚኣብሔር ነዒንቲ ዕውራት ይኸፍተን፥ እግዚኣብሔር ን ዝደነኑ የቕንዖም፥ እግዚኣብሔር ንጻድቃን የፍቅሮም፥ እግዚኣብሔር ንስደተኛታት የዕ ቍቦም፥ እግዚኣብሔር ንዘኽታማትን መበለትን ይኣልዮም፥ ንመገዲ ረሲኣን ግና ይጠውያ።



እግዚኣብሔር ንዘለዓለም ይነግሥ፥ ኣ ጽዮን ኣምላኽኪ ንውሉድ ወለዶ ይነግሥ። ሃሌ ሉያ።

## መበል 147 መዝሙር

ሃሌ ሉያ። ንኣምላኽና ብመዝሙር ምውዳስ ሠናይን ጥዑምን እዩ እሞ ምስጋና ይግባእ። እግዚኣብሔር ንኢየሩሳሌም ይሓንፃ፥ ንስዱ ዳት እስራኤል ይእከብ ኣሎ። ንልቦም እተሰብሩ ይፍውስ ነቑሳሎም ይዝንን። ቍጽ ሪ ከዋኽብቲ ይቘጽር ንኹላቶም በብስሞም ይ ስምዮም። ጐይታና ዓቢይ እዩ ኃይሉ ብርቱዕ እዩ፥ ምስትውዓሉ ወሰን የብሉን። እግዚኣብ ሔር ንቱሑታት ይድግፎም፥ ንረሲኣን ግና ኣብ ምድሪ የውድቖም። ንእግዚኣብሔር ብም ምሳው ዘምሩሉ። ነቲ ንሰማያት ብደመና ዘ ኈልብብ፥ ንምድሪ ዝናም ዘዳሉ፥ ኣብ ኣኽ ራን ሳዕሪ ዘብቍል፥ ነቲ ንእንስሳን ንዚምህ ለሉ ጨቓዊት ኳዃትን ዚምግብ ዘምሩሉ። ንኃይሊ ፈረስ ኣይብህጎን ብኣጋር ሰብኣይ

ሕጕስን፥ እግዚኣብሔር በቶም ዝፈርህዎ፥ ንጸጋኡውን ዝጽበዩ ይሕጐስ። ምሃርሃር መዓጹኺ ኣጽኒዑ፥ ንደቒኺ ኣብ ማእከልኪ ባሪኽዎም እዩ እሞ፥ ኦ ኢየሩሳሌም ንኣምላኽኪ ኣመስግኒ፥ ኦ ጽዮን ንኣምላኽኪ ወድሲ። ኣብ ወሰናትኪ ሠላም ይገብር፥ ብሥብሒ ስርናይ የጽግበኪ። ትእዛዙ ናብ ምድሪ ይሰድድ፥ ቃሉ ቐልጢፉ ይጐዪ። ንበረድ ከም ጸምሪ ይህብ፥ ንኣስሓይታ ኸም ሓሙኹሽቲ ይብትኖ። ንበረድ ከም ርፍራፍ ይድርብዮ፥ ኣብ ቅድሚ ቊሩኽ መን ይቐውም? ቃሉ ይሰድድ እሞ የምክኾ፥ ንፋሱ የንፍስ እሞ ማያት ይውሕዝ። ቃሉ ንያዕቆብ፥ ሥርዓታቱን ፍርድታቱን ንእስራኤል ነገረ። ንኻልኦት ኣሕዛብ ከምዚ ኸቶ ኣይገበረሎምን፥ ፍርድታቱ ኸኣ ኣይፈልጡን። ሃሌ ሉያ።

## መበል 148 መዝሙር

ሃሌ ሉያ። ንእግዚኣብሔር ካብ ሰማያት ኣመስግንዎ፥ ኣብ ኣርያም ኣመስግንዎ።



ተሉኹም መላእኽቱ ኣመስግንዎ፥ ብዘሎኹም ሥራዊቱ ኣመስግንዎ። ኣትን ፀሓይን ወርኅን ኣመስግናኦ፥ ኣቱም ብሩሃት ከዋኽብቲ ኣመስግንዎ። ኣቱም ናይ ሰማየ ሰማያት ኣብ ልዕሊ ነማያት ዘሎኹም ማያትን ኣመስግንዎ። ንሱ ኣዚዙ ተፈጢሮም እዮም እሞ፥ ንስም እግዚኣብሔር የመስግንዎ። ንዘለዓለም ዓለም ኣቘሞም፥ ዘይኃልፍ ሕጊ ኸኣ ሃቦም። ንእግዚኣብሔር ካብ ምድሪ ኣመስግንዎ፥ ኣቱም ገበላት ባሕርን መዓሙቑን ኲሉኹም፥ ኣቱም ሓዉን በረድን ኣስሓይታን ግመን፥ ቃሉ እተስልጥ ህቦብላን፥ ኣቱም ኣኽራንን ኰረቢትን ኲልኹም፥ ፈረይቲ ኣእዋምን ጽሕድታትን ኲልኹም፥ ኣራዊትን ኲላትኩም እንስሳን ለመም እትብሉን ነፈርቲ ኣዕዋፍን፥ ነገሥታት ምድርን ኲላትኩም ኣሕዛብን፥ መሳፍንትን ኲላትኩም ፈረድቲ ምድርን፥ ኣጒባዝን ጐራዙትን፥ ዓበይቲ ምስ ናኣሽቱ። ስሙ በይኑ ልዑል እዩ፥ ግርማኡ ኣብ ልዕሊ ሰማይን ምድርን እዩ እሞ፥ ንስም እግዚኣብሔር ኣመስግንዎ።

ንሕዝቡውን ቀርኒ ኣልዓለ፥ ስለዚ ኹሎም ቅዱሳኑ ደቂ እስራኤል፥ እቲ ዘቕርቦ ሕዝቢ የመስግኖ ኣሎ። ሃሌ ሉያ።

## ወንጌል ሉቃስ 2,25-32።

እንሆ ድማ፥ ኣብ ኢየሩሳሌም ስምዖን ዝብሃል ሰብኣይ ነበረ። እዚ ሰብኣይ እዚ ጻድቕ፥ ንኣምላኽ ዝፈርህ፥ ምጽንናዕ እስራኤልውን ዚጽበ ነበረ። መንፈስ ቅዱስ ድማ ነበሮ። ነቲ መሲሕ እግዚኣብሔር ከይረኣዮ፥ ሞት ከም ዘይርኢ ድማ፥ ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጹሉ ነበረ። ብመንፈስ ከኣ ናብ ቤት መቕደስ መጸ። ወለዱ ነቲ ኢየሱስ ሕፃን፥ ከም ሥርዓ ት ሕጊ ክገብርሉ ምስ ኣተዉ፥ ስምዖን ድማ ኣብ ኢዱ ሓቑፎ፥ ንኣምላኽውን ከምዚ እናበለ ባረኾ፦ ኦ ጐይታይ፥ ነቲ ንኣሕዛብ ምግላጽ ብርሃን፥ ንሕዝብኻ እስራኤልውን ክብ ረት ኪኸውን፥ ኣብ ቅድሚ ኹሉ ሕዝቢ



ገዳለኻዮ ምድኃንካ ኣዒንተይ ካብ ረኣያስ፥ ሕጂ ኸምቲ ዘረጋኻ ንባርያኻ ብሰላም ተፋንዎ ኢኻ፥ በለ።

ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ኣሜን።

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና፥ ምስ ጌር ኣቦኻን፥ መንፈስ ቅዱስን፥ ሎምን ኵሉ ሳዕን ንሰግደልካ ኣሎና። ኣሜን።

## ክፍልታት ጸሎት

እነሆ ኣብ ቅድሚ እቲ ቅኑዕ ፈራዲ፥ ከቓውም ተዳልየ ኣሎኹ። እቲ ኣብ ምግጋይ ዝኃለፈ ዕድመይ ኻኹነኔን ንፍርድን ብቑዕ ስለ ዝኾነ። ብብዝኂ ኃጢኣተይ እርዕድን እንቀጥ ቅጥን ኣሎኹ። ግንከ፥ ነፍሰየ ጌና ኣብ መሬት ትነብሪ ካብ ሃሎኺስ ተነስሒ፥ ምኽንያቱ መሬት ኣብ መቓብር ኣይውድሶን እዩ። ኣብ ሞት ከኣ ዝዝክሮ የልቦን፥ ኣብ

ገሃነምውን ዘመስግና የልቦን እሞ፥ ካብ ድቃስ ትህኪት ተንሢእኪ ናብ መድኅንኪ ብንስሓ፥ እ አምላኽይ መሓረንን አድኅነንን እናበልኪ ተማኅፀኒ።

“ስብሓት ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ”

መዋዕል ሰብ ዘይውዳእ፥ እዚ ዓለም እዚ ኸአ ንዘለዓለም ዝነብር እንተ ዝኸውንሲ፥ ነፍ ሰየ ንጹር ዝኾነ ምኽንያት ምሃለወኪ ነይሩ። ግንከ፥ እቲ ጽዩፍ ዝኾነ ተግባራትክን፥ እቲ ሕማቕ እከይክን አብ ቅድሚ እቲ ሓቀኛ ፈራዲ ምስ ዝቕላዕ፥ አብ ዓራት ኃጢአት ተሰጢሕኪ፥ አብቲ ሽለልተኛን ከዳዕን ሥጋኺ ከሎኺ፥ እንታይ እዩ እቲ እትህብዮ መል ሲ?። እ ክርስቶስ አምላኽይ፥ በቲ አዝዩ ዘፍርሕ መንበር ፍርድኻ እስንብድ፥ ነቲ ዘለ ዓለማዊ ፍርድኻ እንብርከኽ። በቲ መለኮታዊ ነጸብራቕ ብርሃንካ፥ አንቀጥቅጥ አሎኹ። እነ ሕሱም፥ ድኑስ፥ አብ ዓራተይ ደቂሰ ዘሎኹ፥ አብ ሕይወተይውን ዘይግዱስ ዝኾንኩ፥ ናይቲ



ቅባል ቀረጽ አብነት ብምውሳድ አፍልበይ እናወቓዕኩ፥ እ አምላኽ እነ ገበነኛ እየ እሞ ይቕረ በለለይ እብል አሎኹ።

-ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም አሜን”

እ ንጽሕቲ ድንግል፥ ናብ ባርያኺ፥ እቲ ቅልጡፍ ጽላል ረድኤትኪ፥ ዘርግሒ። ነቲ አብ ኅልናይ ከም ማዕበል ዝገማጥል ክፉእ ሓሳባት ካባይ አርሕቕዮ። ነታ ሕምምቲ ነፍሰ ይ፥ ብኸንቱነት አዝዩ ሃለዋታ ጠፊእዋ አሎ እሞ፥ ናብ ጸሎትን ምንቕቓሕን አበግስያ። ምኽንያቱ ንሸኺ ከአሊትን ምሕረት እትልምን ኣላይት አደን ኢኺ። አደ ምንጪ ሕይወት ንጉሠይን አምላኽይን፥ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ተስፋይ ኢኺ።

## ጸሎት ይቕጽል

እ ጐይታ በዛ ለይቲ እዚአ ንዓ እሞ፥

ብዘይኃጢኣት ክንሓድር ሓልወና። ኦ ኣምላኽ ኣቦታትና ንሸኻ ብሩኽ ኢኻ። በረኸትካ ኣዝዩ ብዙኅ እዩ። ቅዱስ ስምካውን ንዘለዓለም ክብሪ ዝመልኦ እዩ ኣሜን። ኦ ጐይታ ክምቲ ኣጠኻ ተወኪልናዮ ዘሎና፥ ምሕረትካ ከምኡ ትኹነልና። ኣዒንቲ ኵሉ ንዓኻ ይጽበያ ኣለዋ፥ ንሸኻ ኸኣ ኣብ እዋኑ ምግቢ ትህቦም። ኦ ኣምላኽናን መድኃኒናን፥ ኦ ተስፋ ኵላ ወሰናት ምድሪ፥ ስምዓና። ኦ ጐይታ ንሸኻ ኢኻ ካብዚ ዓሌት እዚ ንዘለዓለም ተድኅነናን ተዕቀበናን ኣሜን። ኦ ጐይታ ብሩኽ ኢኻ እሞ ፍርድኻ መሃረኒ። ኦ ጐይታ ብሩኽ ኢኻ እሞ ሓቅኻ ትካ ኣረድኣኒ። ኦ ጐይታ ብሩኽ ኢኻ እሞ ክብርኻ ኣብርሃለይ። ኦ ጐይታ ምሕረትካ ንዘለዓለም ይነብር። ኦ ጐይታ ንዓይ ንተግባር ኢድካ፥ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ መዕቆቢየይ ስለ ዝኾንካ፥ ኣይትንጸገኒ። ኦ ጐይታይ ንዓኻ በዲለ እየ እሞ፥ መሓረንን ንነፍሰይ ኣድኅናን፥ እናበልኩ እጽሊ ኣሎኹ። ኦ ጐይታይ ኣጠኻ ተወኪለ ኣሎኹ እሞ፥ ኣድኅነኒ። ፍቓ



ድካ ክገብር ክኣ መሃረኒ። ንሸኻ ኣምላኸይ ፈልፋሊ ሕይወት ኢኻ። ብብርሃንካ ድማ ኢና ብርሃን እንርኢ። ምሕረትካ ናብቶም ዝፈልጡኻ፥ ክብርኻ ኸኣ፥ ናብ ቅኑዓት ልቢ ትም ጓእ። ጸጋን በረኸትን ምስጋናን ብሓቂ ናትካ ኢዩ። ኦ ቅድሚ ዓለም ዝነበርካን ንዘለዓለም እትነብር ዘሎኻን፥ ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱ ስን፥ ንዓኻ ምስጋንን ውዳሴን ግርማን ይግ ባእ፥ ሎምን ኵሉ ሳዕን ንዘለዓለም ኣሜን።

ኦ ልዑል ጐይታ ብኣኻ ምእማንን፥ ንስምካ ምዝማርን፥ ሠናይ እዩ እሞ። ምሕረትካ ኣብ ጸጽባሕ ሓቅነትካ ድማ ለይቲ ለይቲ ኣዘንቱ።


ውዳሴ ሥሉስ ቅዱስ ... በል። ገጽ፡-64

መእተዊ ጸሎት ሃይማኖት.. በል። ገጽ፡-67

ጸሎተ ሃይማኖት ... በል። ገጽ፡-68


ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና፥

ኅደገልና። "41 ጊዜ" ኪርያላይሶን .. በል።

ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ... በል። ገጽ፡-70

አብ ሰማያት እትነብር ኣቦና . በል። ገጽ፡-28

## ናይ ንስሓ ጸሎት

ኦ ጐይታ፥ ኣብዛ ምዓልቲ እዚኣ ኣብ ቅድሜኻ ብተግባር ይኹን ብቓል፥ ብሓሳብ ይኹን፥ ብኹሉ ህዋሳትና ዝኃጣእናዮ፥ ንሸኻ ርኅሩኅን መፍቀር ሰብን ስለ ዝኾንካ፥ ምእንቲ ቅዱስ ስምካ ኢልካ ተዓረቐናን ኅደገልናን። ኦ ኣምላኽ ብሰላም ክንኃድር ሰላማዊት ለይቲ ሃበና። ኣብዛ ናይ ድቃስ ግዜና፥ ካብ ኩሉ ጭንቀት ናጻ ግበረና። ካብ ኩሉ ክፍኣትን፥ ካብ ኩሉ ፈተና ጸላእን፥ ክሕልወና ክኣ፥ ናይ ሰላም መልኣኽካ ለኣኸልና። ብጸጋን ብርኅራኄን እቲ መፍቀር ሰብ ዝኾነ ሓደ ወድኻ፥ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፥ እቲ ብእኡን ምስኡን፥ ክብሪ ውዳሴን ግርማን ዘሎካ፥ ማዕሬኻ ምስ



ዛኸነ ወሃቢ ሕይወት መንፈስ ቅዱስን ምስጋና ይግብኣካ፥ ሕጂን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

## ድኅሪ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ዝጽለ ጸሎት።

ኦ ጐይታ መሓረና ምሕረትካውን

ኣብዝኃልና... ... በል። ገጽ፡-73



## መእተዊ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ሰዓታት

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና....በል ገጽ፡-28

ናይ ምስጋና ጸሎት.... ... በል ገጽ፡-29

ናይ ንስሓ መዝሙር 51.. በል ገጽ፡-31

## ይቅጽል

ናይ ሓለዋ ጸሎት ምስጋና፥ ንክርስቶስ ንጉሠይን ኣምላኸይን አቅርበሉ፥ ኃጢኣተይ ኪኃድገለይ ከኣ እልምኖ።

| ገጽ | መበል | መዝሙር |
|---|---|---|
| 39 | 4 ፡- | ኦ ኣምላኸ ጽድቀይ ክእዊ ከሎኹ መልሰለይ ብጸበባ ኣርሒብካለይ ኢኻ እሞ..፥ |
| 42 | 6 ፡- | ኦ እግዚኣብሔር ብቑራኻ ኣይትግናሓኒ፥ ብሓርቖትካ ድማ ኣይትቕጽዓኒ፥ |
| 45 | 13፡- | ኦ እግዚኣብሔር ክሳዕ መኣዝ ..። |



| ገጽ | መበል | መዝሙር |
|---|---|---|
| 46 | 16፡- | ኦ ኣምላኸ ብኣኻ እውከል ኣሎኹ..። |
| 49 | 25፡- | ኦ እግዚኣብሔር ነፍሰይ ናባኻ አልዕል ኣሎኹ። ኦ ኣምላኸይ ኣባኻ ተወኪለ እኔኹ |
| 51 | 27፡- | እግዚኣብሔር ብርሃነይን መድኃነይን እዩ ካብ መን ደአየ ዝፈርህ? |
| 55 | 67፡- | ኣምላኸ ይምሓረና ይባርኸና ...። |
| 55 | 70፡- | ኦ ኣምላኸ ንምንጋፈይ ...። |
| 77 | 23፡- | እግዚኣብሔር ጓሳይ እዩ ...። |
| 81 | 30፡- | ንላዕሊ ስሒብካኒ...። |
| 86 | 43፡- | ኦ ኣምላኸ በይነለይ ...። |
| 99 | 57፡- | ኦ ኣምላኸ መሓረኒ፥ |
| 107 | 86፡- | ኦ እግዚኣብሔር መስኪንን ድኻን እየ እሞ እዝንኻ ኣድንን መልሰለይውን። |
| 110 | 91፡- | ኣብ ጸግዒ እቲ ልዑል ዝኃድር...። |

ገጽ መበል መዝሙር

122 97፡- እግዚአብሔር ነጊሡ ምድሪ ተሐ ጕሳ፥ እቶም ብዙሓት ደሴታት ባህ ይበሎም

128 111፡- ሃሌ ሉያ። ንእግዚአብሔ ብም ኸሪ ቅኑዓት ማኅበርን ብምሉእ ልበይን ...።

131 116,1-9፡- ድምፀይን ምህላላይን ሰሚዑ እዩ ኣሞ፥ ንእግዚአብሔር ኣፍቅሮ እየ።

132 116,10-19፡- ኣመንኩ ስለዚ ተዛረብኩ..

145 121፡- ኣዕይንተይ ናብ ኣኽራን ኣልዕል ኣሎኹ፥ ረዲኤተይ ካበይ እዩ ዝመጽእ?

151 129፡- ካብ ንእስነተይ ጀሚሮም ...፥

158 130፡- ኦ እግዚአብሔር ካብ መዓሙቝ ናባኻ ኣእዊኸ፥ ጐይታየ ድምፀይ ስማዕ።

158 131፡- ኦ እግዚአብሔር ልበይ ኣይተ ዓበየን፥ ኣዕንተይ ከኣ ልዕል ኣይበላን፥

159 132፡- ኦ እግዚአብሔር ንዳዊት ...።



ገጽ መበል መዝሙር

161 133፡- እነሆ ኣኅዋት ብሓደ ሓቢሮም...።

161 134፡-እነሆ እምበኣር ኣቱም ብለይቲ..።

162 137፡- ኣብ ጥቓ ሩባታት ባቢሎን...

164 141፡- ጐይታየ ናባኻ ኣእዊ ኣሎኹ፥

166 146፡- ሃሌ ሉያ። ነፍሰየ ንእግዚአብሔር ኣመስግኒ። ብሕይወተይ እንከሎኹ...፥

207 119, ሬሽ፡- ሕግኻ ኣይረሳዕኩን እሞ፥...

## ወንጌል ዮሓንስ 6፡15-23።

ኢየሱስ ድማ፥ መጺኦም መንዚዖም ከን ግሥዎ ኸም ዝደለዩ ምስ ረኣየ፥ በይኑ ናብ እምባ ኣግለሰ። ምስ መሰየ ድማ፥ ደቀ መዛሙርቱ ናብ ባሕሪ ወረዱ። ኣብ ጃልባ ኣትዮም ከኣ ናብ ስግር ባሕሪ ናብ ቅፍር ናሆም ከዱ። ጸልሚቱ ነበረ፥ ኢየሱስውን ገና

ናብኣታቶም ኣይመጸን ነበረ። እቲ ባሕሪ ግና፥ ብርቱዕ ህቦብላ ስለ ዝነፈሰ፥ ይናወጽ ነበረ። ዕሥራን ሓሙሽተን ወይ ሠላሳ እስታድዮስ ምስ ረሓቑ ኸኣ፥ ኢየሱስ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ እናኸደ ናብታ ጃልባ ኪቐርብ ከሎ፥ ርእዮምዎ ፈርሁ። ንሱ ግና፥ ኣነ እየ፥ ኣይትፍርሁ፥ በሎም። ሽዑ ናብ ጃልባ ከእትውዎ ደለዩ፥ እታ ጃልባ ኸኣ ብኡብኡ ናብ ገምገም ባሕሪ እቲ ዚኸድዎ ዘለዉ ምድሪ በጽሐት። ንጽባሒቱ እቶም ኣብ ስግር ባሕሪ ደው ኢሎም ዘለዉ ሕዝቢ፥ ብጀካ እታ ደቀመዛሙርቱ ጥራይ ንበይኖም ዝተሰቕልዋ ሓንቲ ጃልባ፥ ኻልእ ጃልባ ኣብኡ ኸም ዘይነበረት ረኣዩ። ኢየሱስ ግና ናብታ ጃልባ ኣይኣተወን፥ ደቀመዛሙርቱ ንበይኖም እዮም ዝኸዱ። ካልኣት ጃላቡውን ካብ ጥብርያዶስ ናብ ጥቓ እታ ጐይታ ምስ ባረኸ እንጌራ ዝበልዕላ ቦታ መጻ።

ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ኣሜን።



ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና፥ ምስ ኄር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፥ ሎምን ኲሉ ሳዕን ንስግደልካ ኣሎና። ኣሜን።

## ክፍልታት ጸሎት

ኦ ጐይታ ንሸካ ንንቕሓት ጸላእተይ ትፌልጥ ኢኻ፥ ኦ ፈጣርየይ ድኽመት-ብህርየይውን ንሸካ ትፌልጥ ኢኻ። እንኹ መንፈሰይ ሕጂ ኣብ ኢድካ ኣማዕቊብ ኣሎኹ። ክሳዕ ናብ ሞት ዘበጽሕ ድቃስ ምእንቲ ከይድቅሲ፥ ብኽንፊ ርኅራኄኻ ጋርደኒ። በቲ ክቡር ቃልካ ኣዒንተይ ኣብርህ። ንሸካ በይንኻ ርኅሩኅን መፍቀር ሰብን ኢኻ እሞ፥ ኲሉ ግዜ ንምስጋናኻ ኣቑመኒ።

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

ኦ ጐይታ፥ ፍርድኻሲ ኣጸቢቑ ዘፍርህ እዩ። ሰባት ብብዝኂ ይጸቓቐጡ፥ መላእኽቲ ይቆሙ፥ ጽሑፋት ይግንጸል፥ ተግባር ይግለጽ፥ ሓሳባትውን ይምርመር። ኦ ጐይታይ፥

ኣየናይ ፍርዲ እዩ ኸን እቲ ፍርደይ?። ኣነ ብኃጢአት ዝተመለኸኩ እየ። መንከን እዩ ሃል ሃልታ ሓዊ ዘጥፋአለይ?። ኦ ጐይታ፥ ንደቂ ሰባት እትድንግጸሎም ንሸኻ ኢኻ። ንሸኻ እንተ ዘይምሒርካንስ መን ይምሕረኒ። መን እዩኸ ነቲ ጽልመተይ ከብርሀ ዚኽእል?።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኦ ወላዲተ ኣምላኽ ብኣኺ እንተ ተኣሚንና፥ ንድኀን እምበር ኣይነሓፍርን ኢና፥ ኦ ብፅዕ ትን ምልእተ ጸጋን ኣማላድነትክን ሓገዝክን እንተ ረኺብና ንጸላእትና ኣሳጒግና ንብትኖም እምበር ኣይንፈርህን ኢና። እቲ ኃያል ዝኾነ ሓገዝኪ፥ ከም ድርዒ ምእንቲ ክጋርደና፥ ኵሉ ግዜ ክንለብሶ ኢና። ብዓቢይ ድምፂ፥ ኦ ወላዲተ ኣምላኽ፥ ብኃይሊ እቲ ካብኺ ዝተሰገወ ኣምላኽ፥ ብኣማላድነትኪ ከተ ድኅንናን፥ ካብቲ ጸላም ዝኾነ ድቃስ ናብ ምስጋና ከተተንሥእናን ንሓትትን ንልምንን ኣሎና።



ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢአትና፥ ኀደገልና። "41 ጊዜ" ኪርያላይሶን .. በል።

ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ... ...በል። ገጽ፥-70

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና.. በል። ገጽ፥-28

## ናይ ንስሓ ጸሎት

ኦ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽና፥ ኣብ ድቃስና ልዋምI ኣብ ሥጋና ዕረፍቲI ኣብ ነፍስና ኸኣ ንጽሕና ሃበና። ካብ ጽልመት ኃጢአት ዓቅበና። ስቅያት ምርባጽ ኣርግኣልናI ዋዒ ሥጋና ኣዝሕ ለልና። ዘይተኣዛዝነት ሥጋና ኣቓርጸልና። ን ቑሕ ዝኾነ ኣዕምሮን ትሕትና ዝተሰነየ ሓሳብን ሃበና። ጸጋ ዝመልአ ታሪኽ፥ ድናስ ዘይብሉ መንጸፍ፥ ንጹሕ መደቀስን ሃበና። ኣብ ትእዛ ዛትካ ጸኒዕና፥ ኣብ ነፍስናውን ኵሉ ሳዕ፥ ዝኽሪ ፍርድኻ ዓቂብና፥ ለይትን ወጋሕታን

ኻብነመስግነካ፥ ኣተንሥኣና። ነቲ ኽብረትን ግርማን ዝመልአ ቅዱስ ስምካ፥ ምስ ርኅሩኅ ኣቦኻን ሕይወት ወሃቢ መንፈስ ቅዱስን፥ ምሉእ ለይቲ ውዳሴን ግርማን ከነብጽሕ ኣኽእለና። ሎምን ንዘልዓለም ዓለምን ኣሜን።

<u>ድኅሪ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ዝጽለ ጸሎት።</u>

ኦ ጐይታ መሓረና ምሕረትካውን

ኣብዝኅልና... ... በል። ገጽ፥-73





# ጸሎት ፍርቂ ለይቲ

## ቀዳማይ ኣገልግሎት

<u>መእተዊ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ሰዓታት</u>

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና.... በል ገጽ፥-28

ናይ ምስጋና ጸሎት.... ... በል ገጽ፥-29

ናይ ንስሓ መዝሙር 51.... በል ገጽ፥-31

ኣንቱም ደቂብርሃን፥ ኣምላኽ ኃይልታት፥ ብድንነት ነፍስና ከጸግወናሲ፥ ምስጋና ከነቕርበሉ ንተንሥእ።

ኣብ ቅድሜኻ ብሥጋ ምስ እንቐውም፥ ኻቢድ ድቃስ ካብ ኣዕምሮና ቀንጥጦ። ኦ ጐይታ፥ ኣብ ግዜ ጸሎት፥ ከመይ ኢልና ኣብ ቅድሜኻ ክንቀውም ከምዘለና ክንርዳእሲ፥ ንቕሓት ሃበና እሞ፥ ናባኻ ናብ ላዕሊ እቲ ግቡእ ምስጋና ኣቕሪብና፥ ብብዝኂ ኅድገት ኃጢኣትና ክንህብትም ኢና።

"ውዳሴ ነዓኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

<u>መዝሙር.134፡-</u>

እንሆ እምበአር፥ አንቱም ብለይቲ ኣብ ቤት-እግዚአብሔር እትቆሙ ኩልኹም ባሮት እግዚአብሔር፥ ንእግዚአብሔር ባርኽዎ። ኣእ ዳውኩም ኣብ መቅደሱ ኣልዕሉ። ንእግዚአብ ሔር ከአ ባርኽዎ። ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚአብሔር ካብ ጽዮን ይባርኽካ።

"ውዳሴ ነፃኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

ኦ ጐይታይ ከም ቃልካ ተራዳእኒ፥ ጸሎተይ ኣብ ቅድመኻ ቅብልቲ ትኹን። ኦ ጐይታይ ልመናይ ናብኻ ትብጻሕ፥ ከም ቃል ካ ሕያው ግበረኒ፥ ኦ ጐይታ መሰልካ እንተ ድአ ምሂርካኒ ከናፍረይ ምስጋናኻ ከጅርብብ እዩ። ኩሉ ትእዛዛትካ ስለ ዝተመናኹ ኢድካ ንሓገዘይ ድልውቲ ትኹን። ኦ ጐይታይ ናብ ድኅነትካ ናፈቕኩ ትእዛዝካ ዘረባይ እዩ።



ፍርድታትካ ይሓልያኒ እሞ ነፍሰይ ሕይወት ረኺባ ተመስግነካ። ከም ዝጠፍአ በጊዕ ተባረ ርኩ፥ ኣነ ባርያኻ እልምነካ ኣሎኹ ትእዛዛትካ ውን ኣይረሳዕኩን።

ምስጋና ንኣቦን ንወድን መንፈስ ቅዱስን ሕጂን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

ምስጋና ንኣቦን ንወድን መንፈስ ቅዱስን ካብ ሕጂን ክሳብ ዘለዓለም ኣሜን።

ምስጋና ንዓኻ ኦ ሥሉስ ቅዱስ መሓረና።

ምስጋና ንዓኻ ኦ ኄር መፍቀር ሰብ።

ሰላምታ ንማርያም ኣዴኻ ምስ ኩሎም ቅዱሳንካ።

ኣምላኸይ ይትንሥእ እሞ፥ ጸላእቱ ይብ ተኑ። ቅዱስ ስሙ ዝጸልኡ ሰባት፥ ካብ ቅድሚ ገጹ ይህደሙ። ፍቓድካ ዝገብሩ

ሕዝብኻ ግና፥ ኵሉ ጊዜ ብበረኸት እልፊ ኣእላፋትን፥ ትእልፊት ኣእላፋትን ብሩኻት ይኾኑ። ኦ ጐይታ፥ ክናፍረይ ክፈት፥ ኣፈይውን ምስጋናኻ ይዛረብ። ኣሜን፥ ሃሌ ሉያ።

ናይ ፍርቂ ለይቲ ምስጋና ንክርስቶስ ንጉሥይን ኣምላኸይን ኣቕርበሉ። ኃጢኣተይ ኸኃድገለይ ክአ እልምኖ ኣሎኹ።

| ገጽ | መበል | መዝሙር |
|---|---|---|
| 38 | 3፡- | ኦ እግዚኣብሔር ጠቓዕተይሲ ... ... |
| 42 | 6፡- | ኦ እግዚኣብሔር ብቑራኻ ... ...፥ |
| 45 | 13፡- | ኦ እግዚኣብሔር ክሳዕ መአስ ኢኻ.. |
| 55 | 70፡- | ኦ ኣምላኽ ንምንጋፈይ |
| 107 | 86፡- | ኦ እግዚኣብሔር መስኪንን ድኻን እየ እሞ.. ..፥ |



| ገጽ | መበል | መዝሙር |
|---|---|---|
| 110 | 91፡- | ኣብ ጸግዒ እቲ ልዑል ዝኃድር.. |
| 142 | 117፡- | ኵሉኹም ኣሕዛብ ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ፥ ኵልኹም ሕዝብታት ወድስዎ። |
| 142 | 118፡- | እግዚኣብሔር ሠናይ እዩ፥ |
| 151 | 129፡- | ካብ ንእስነተይ ጀሚሮም ...። |

## መበል 119 መዝሙር

### ኣሌፍ

ብመገዶም ፍጹማት ዝኾኑ፥ ብሕጊ እግዚ ኣብሔር ዝመላለሱ ብፁዓን እዮም። ንምስክ ራቱ ዝሕልው ብሙሉእ ልቢ ዚደልይዎ ብፁዓን እዮም። እከይ ኣይገብሩን ብመገድ ታቱ ኸአ ይመላለሱ። ኣጸቢቑ ምእንቲ ኽሕሎ ትእዛዛትካ ኣዘዝካ። ኣየ ሥርዓታትካ ክሕሉስ መገደይ እንተ ዚቐንዕ። ኻኵሉ ትእዛዛትካ

እንተዝቋመት ሸዑ ኣይምሓፈርኩን። ፍርዲ ጽድቕካ ምስ ተመሃርኩ ብቕንዕና ልቢ ከመስግነካ እየ። ሥርዓታትካ ኽሕሉ እየ ፈጺምካ ኣይትኅደገኒ።

"ውዳሴ ነዓኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

ቤት

ጐበዝ ንመገዱ ብምንታይ የንጽሓ? ከም ቃልካ ንነፍሱ ብምጥንቃቕ እዩ። ብምሉእ ልበይ እደልየካ ኣሎኹ ካብ ትእዛዛትካ ኽየልግስ ኣይትኅደገኒ። ንዓኻ ምእንቲ ኽይብድልሲ ንቓልካ ኣብ ልበይ ዓቚርኩዎ። ኦ እግዚኣብሔር ንስኻ ብሩኽ ኢኻ ሥርዓታትካ ምሃረኒ። ኹሎ ፍርድታት ኣፍካ ብኸናፍረይ ኣዘንቶኹ። ብመገዲ ምስክራትካ ከም ብኹሉ ሃብቲ ገይረ ተሓጐስኩ።

"ውዳሴ ነዓኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"



ጋሜል

ብሕይወት ክነብር ቃልካውን ክሕሉስ ንባርያኻ ሠናይ ግበረሉ። ኣብ ሕግኻ ትኣምራት ክርእስ ኣዒንተይ ክፈተለይ። ኣነ ኣብ ምድሪ ጋሻ እየ ትእዛዛትካ ኣይትሕባኣለይ። ነፍሰይ ኲሉ ጊዜ ንፍርድኻ ትናፍቕ። ነቶም ትዕቢተኛታት፣ ነቶም ካብ ትእዛዛትካ ዘልግሱ ርጉማት ገናሕካ። ምስክራትካ ሓልየ እየ እሞ፣ ጸርፍን ንዕቀትን ኣርሕቐለይ። መሳፍንቲ ተቐሚጦም እኳ እንተ ሓመዩኒ፣ ባርያኻስ ብሥርዓታትካ የስተንትን ኣሎ። ምስክራትካ ድማ ባህታይን መኸርተይን እዮም።

"ውዳሴ ነዓኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

ዳሌጥ

ነፍሰይ ኣብ ሓመድ ተጣበቐት፣ ከም ቃልካ ሕያው ግበረኒ። ነፍሰይ ብሓዘን ትነብዕ

ኣላ፥ ከምቃልካ ኣደልድለኒ። መገዲ ሓሶት
ኣርሕቐለይ ሕግኻ ብሣህልኻ ፍቐደለይ። መገዲ
ሓቂ መረጽኩ፥ ፍርድታትካ ኣብ ቅድመይ
ኣምበርኩ። ኣብ ምስክራትካ እጠብቕ፥ ኦ
እግዚኣብሔር ኣይተሕፍረኒ። ልበይ ምስ ኣግ
ፉሕካ ብመገዲ ትእዛዛትካ ኺጐዪ እየ።

## “ውዳሴ ነግኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ”

## ሄ

ኦ እግዚኣብሔር፥ መገድታትካ ምሃረኒ፥
ክሳዕ መወዳእታ እውን ክሕልዎ እየ። ምስ
ትውዓል መሃረኒ እሞ ንሕግኻ ክሕልዎ፥ ብ
ሙሉእ ልበይ ክገብሮ እየ። ብእኡ ባህ ኢሉኒ
እዩ እሞ፥ ብመገዲ ትእዛዛትካ ኣመላልሰኒ።
ንልበይ ናብ ምስክራትካ እምበር፥ ናብ ስሰዐ
ገንዘብ ኣይተዘምብሎ። ነዒንተይ ካብ ምርኣይ
ከንቱነት ክመልሰን ብመገድኻ ሕያው ግበረኒ።
ነቲ ናብ ፍርሃትካ ዝመርሕ ቃልካ፥ ኣብ



ርያኻ ኣጽንዓዮ። ፍርድታትካ ሠናይ እዩ
እሞ ነቲ ዝፈርሆ ጸርፊ ኣርሕቐለይ። እነሆ
ትእዛዛትካ እናፍቕ ኣሎኹ ብጽድቅኻ ሕያው
ግበረኒ።

## “ውዳሴ ነግኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ”

## ዋው

ኦ እግዚኣብሔር፥ ከምቲ ቓልካ፥ ምሕረት
ካን ምድኀንካን ይምጽኣኒ። ኣብ ቃልካ ተወ
ኪለ እየ እሞ፥ ነቲ ዝጻረፈኒ ምላሽ ክህቦ
እየ። ንፍርድታትካ እጽበ ኣሎኹ እሞ፥ ነቲ
ቓል ሓቂ ካብ ኣፈይ ፈጺምካ ኣይተግድፈኒ።
ኣነውን ንሕግኻ ኣዘውቲረ፥ ኵሉ ግዜ ንዘል
ዓለም ክሕልዎ እየ። ትእዛዛትካ ድማ ደልየ
እየ እሞ፥ ብገፊሕ ቦታ ኽመላለስ እየ። ኣብ
ቅድሚ ነገሥታት ከኣ፥ ምስክራትካ ኽዛረብ፥
ኣይክሓፍርን ድማ እየ። በቲ ዘፍቅሮ ትእዛ
ዛትካውን ክሕጐስ እየ። ኣእዳወይ ድማ ናብቲ

ዘፍቅሮ ትእዛዛትካ ኽልዕል፥ ሥርዓታትካ ኽአ
ኽስተንትን እየ።

"ውዳሴ ነፃኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

ዛይ

ነቲ ንባርያኻ ዘተስፈኻዮ ቓል ዘክር። ቃልካ
ሕያው ገይሩኒ እዩ እሞ፥ እዚ ኣብ መከራይ
መጸናንዕየይ እዩ። ትዕቢተኛታት ኣዝዩም ኣላ
ገጹለይ፥ ኣነ ግና ካብ ሕግኻ ኣየግለስኩን።
ጐይታየ፥ ናይ ጥንቲ ፍርድታትካ እናሓሰብ
ኩ፥ እጸናናዕ ኣሎኹ። ብሰሪ እቶም ሕግኻ
ዝሓደጉ ረሲኣን ብቑጠዓ ተቓጸልኩ። ኣብ
ቤት-ግሽነተይ ሥርዓታትካ መዝሙራተይ እዩ።

ኦ እግዚኣብሔር፥ ብለይቲ ስምካ ሓሰብኩ፥
ሕግኻውን ሓሎኹ። ትእዛዛትካ ሓልየ እየ እሞ
እዚ ዕድለይ ኮነ።

"ውዳሴ ነፃኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"



ሔት

ጐይታ ምሕላው ቃልካ፥ ግደይ እዩ በል
ኩ። ብሙሉእ ልበይ ናጣኻ እምህለል ኣሎኹ፥
ከም ቃልካ መሓረኒ። ንመገደይ ሓሰብኩ ኣእ
ጋረይውን ናብ ምስክራትካ መለስኩ። ትእዛ
ዛትካ ንምሕላው ቀልጠፍኩ እምበር ኣይደን
ጐኹን። ኣግማድ ረሲኣን ከበበኒ ሕግኻ ግና
ኣይረሳዕኩን። ስለቲ ጻድቕ ፍርድኻ ኽመስግነካ
ፍርቂ ለይቲ ኽትንሥእ እየ። ኣነ ብጸይ
እቶም ዝፈርሁኻ ኸሎምን ትእዛዛትካ ዝሕል
ውን እየ። ጐይታየ ምድሪ ብጸጋኻ መሊኣ
ኣላ ሥርዓታትካ ምሃረኒ።

"ውዳሴ ነፃኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

ጤት

ኦ እግዚኣብሔር ከም ቃልካ ንባርያኻ ሠና
ይ ገበርካሉ። ትእዛዛትካ ኣሚነ ኣሎኹ እሞ

ሠናይ ምስትውዓልን ፍልጠትን ሃበኒ። መቕ
ጻዕትኻ ቅድሚ ምቕባለይ እጋገ ነበርኩ፣ ሕጂ
ግና ቓልካ እሕሉ ኣሎኹ። ንሸኻ ሠናይ ኢኻ
እሞ ሠናይ ትገብር ኣሎኻ ሥርዓታትካ መሃ
ረኒ። ትዕቢተኛታት ሓሶት ይፍሕሱለይ ኣለዉ
ኣነ ግና ብሙሉእ ልበይ ትእዛዛትካ እሕሉ
ኣሎኹ። ልቦም ከም ሥብሒ ረጒደ፣ ኣነ
ግና ብሕግኻ ባህ ኢሉኒ ኣሎኹ። ሥርዓታትካ
ምእንቲ ክማሃር ውርደተይ ሠናይ ኰነለይ።
ካብ ኣእላፋት ወርቅን ብሩርንሲ ሕጊ ኣፍካ
ይሕሸኒ።

"ውዳሴ ነፃኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

ዩድ

ኣእዳውካ ገበራንን ሠርሓንን ትእዛዛትካ
ኽመሃርሲ ኣለብመኒ። ንቓልካ ተጸብየ እየ
እሞ እቶም ዚፈርሁኻ ርእዮምኒ ኺሕጐሱ እ
ዮም። ጐይታየ ፍርድኻ ጽድቂ ሙኳኑ ብሓቂ



እውን ከም ዘዋረድካኒ እፈልጥ ኣሎኹ። ከም
ቲ ንባርያኻ ዝበልካዮ ቓል ጸጋኻ መጸናንዒ
ይኹነኒ። ሕግኻ ደስታይ እዩ እሞ ብሕይወት
ክነብርሲ ምሕረትካ ይውረደኒ። ዕቡያት ብ
ትዕቢት ጠውዮምኒ እዮም እሞ፣ ይሕፈሩ ኣነ
ግና ትእዛዛትካ አስተንትን ኣሎኹ። እቶም ዚ
ፈርሁኻን ምስክራትካ ዚፈልጡን ናባይ ይመ
ለሱ። ምእንቲ ኸይሓፍርሲ ልበይ ብሥርዓ
ታትካ ፍጹም ይኹን።

"ውዳሴ ነፃኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

ካፍ

ነፍሰይ ንምድኃንካ ትናፍቕ ኣላ ንቓልካ
እጽበዮ ኣሎኹ። መዓስ ኢኻ እተጸናንዓኒ? እና
በልኩ ብናፍቖት ቃልካ ኣዒንተይ ሓመቓ።
ከም ኣብ ትኪ ዘሎ ሓርቢ ኾንኩ ሥርዓ
ታትካ ግና ኣይረሳዕኩን። መዓልትታት ባርያኻ
ክንደይ እየን? ንሰጐጕተይከ መዓስ ኢኻ እት

ፈርዶም? እቶም ከም ሕማኻ ዘይነብሩ ትዕቢተኛታት ጕድጓድ ኰዓቱለይ። ኵሉ ትእዛዛትካ ሓቂ እዩ ብዘይ ምኽንያት ይሰጕኒ ኣሎዉ ርድኣኒ። ካብ ምድሪ ኽጥፍኡኒ ቐሩብ ተረፎም ኣነ ግና ትእዛዛትካ ኣይኃደኩን። ከም ጸጋኻ ሕያው ግበረኒ ኣነውን ምስክር ኣፍካ ኽሕሉ እየ።

## "ውዳሴ ነፍሰ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

### ላሜድ

ኦ እግዚኣብሔር ቃልካ ንዘለዓለም ኣብ ሰማይ ጸኒዑ ኣሎ። ሓቅኻ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እዩ፡ ንምድሪ ኣጽናዕካያ ንሳውን ትነብር ኣላ። ብዘሎ ኵሉ ንኣኻ የገልግል እዩ እሞ፡ ክሳዕ ሎሚ ከም ሕጋጋትካ ቈይሙ ኣሎ። ሕማኻ ደስታይ እንተ ዘይነብርሲ፡ ዛጊት ብመከራ ምጠፋእኩ ነይረ። ብእኡ ሕያው ገይርካኒ ኢኻ እሞ፡ ንትእዛዛትካ ከቶ



ኣይክርስዖን እየ። ትእዛዛትካ ደልየ እየ እሞ፡ ናትካ እየ ኣድኅነኒ። ረሲኣን ምእንቲ ኽጥፍኡኒ ይጸናተዉኒ ኣለዉ፡ ኣነ ግና ንምስክራትካ ኣስተብህሎ ኣሎኹ። ንኹሉ ፍጹምነት መወዳእታኡ ርኤኹ፡ ትእዛዝካ ግና ኣዝዩ ርሒብ እዩ።

## "ውዳሴ ነፍሰ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

### ሜም

ንሕማኻ እምብዛ ኣፍቀርክዎ፡ ምሉእ መዓልቲ ኣስተንትኖ ኣሎኹ። ትእዛዛትካ ንሓዋሩ ምሳይ እዩ እሞ፡ ሓለፋ ጸላእተይ ኣለበመኒ። ምስክራትካ ምስትንታነይ እዩ እሞ፡ ሓለፋ ኵሎም መምህራነይ ለባም ኰንኩ። ትእዛዛትካ ሓልየ እየ እሞ፡ ሓለፋ እቶም ሽማግለታት ኣዕምሮ ኣሎኒ። ቃልካ ምእንቲ ኽሕሉስ፡ ኣእጋረይ ካብ ክፉእ ዘበለ መገዲ ኸልከልኩ። ንሰኻ ምሂርካኒ ኢኻ እሞ፡ ካብ ፍርድኻ

ኣይክርሕቅን እየ። ቃላትካ ንትንሓገይ ኢምብዛ ጥዑም እዩ፥ ንኣፈይ ካብ መዓር ዝበለጸ ፎይም ቅራ። ሳላ ትእዛዛትካ ኣዕምሮ ረኺብኩ፥ ስለዚ ኹሉ መገዲ ሓሶት ጸላእኩ።

## “ውዳሴ ነዓኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ”

### ኑን

ቃልካ ነእጋረይ መብራህቲ ንመገደይ ብር ሃን እዩ። ንፍርድታት ጽድቕኻ ኽሕሉ መሓል ኩ ኣጽናዕክዎ ኸኣ። ኣዝየ ተጨነቕኩ፥ ኦ እግዚኣብሔር ከም ቃልካ ሕያው ግበረኒ፥ እቲ ፈትየ ዘቕርበልካ መሥዋዕቲ ኣፈይ ባህ የብልካ። ነፍሰይ ኩሉ ግዜ ኣብ ኢደይ እያ፥ ኣነግና ሕግኻ ኣይርስዕን እየ። ረሲኣን መፈን ጠራ ኣጻወዱለይ፥ ኣነ ግና ካብ ትእዛዛትካ ኣየግለስኩን። ምስክራትካ ሓጐስ ልበይ እዩ እሞ፥ ንዘልዓለም ርስተይ ገበርክዎ።



ሥርዓታትካ ንሓዋሩ ኽሳዕ መወዳእታ ኽገብር፥ ልበይ ኣድነንኩ።

## “ውዳሴ ነዓኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ”

### ሳሜክ

ክልተ ዝልቦም ጸላእኩ፥ ሕግኻ ግና ፈተ ኹ። ንሽኻ መዕቆቢየይን ዋልታይን ኢኻ፥ ብቓልካ ተስፋ እገብር ኣሎኹ። ትእዛዛት ኣም ላኸይ ክሕሉስ፥ ኣቱም ሕሱማት ካባይ ርሓ ቑ። ብሕይወት ክነብርሲ ከም ቃልካ ደግፈኒ፥ ብተስፋይ ድማ ኣይተሕፍረኒ። ምእንቲ ኽድ ኅን ደግፈኒ፥ ንሥርዓታትካውን ኩሉ ግዜ ክቿመቶ እየ። ተንኮሎም ሓሶት እዩ እሞ፥ ነቶም ካብ ሥርዓታትካ ዘግልሱ ኹሎም ትረ ግጾም። ንሸኻ ኻኹሎም ረሲኣን ምድሪ ኽም ሓርኢ ሓጺን ትጕሕፎም፥ ስለዚ ንምስክራትካ ኣፍቀርኩ። ካብ ስምባድ እተላዕለ ሥጋይ ይርዕድ፥ ፍርድኻውን የሸብረኒ ኣሎ።

“ውዳሴ ነግኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ”

## ዓይን

ፍርድን ጽድቅን እገብር ኣሎኹ፥ ነቶም ጠቓዕተይ ኣሕሊፍካ ኣይትሃበኒ። ንባርያኻ ኣብ ሠናይ ጽንሓዮ፥ ዕቡያት ከጥቕዑኒ ኣይተፍቅ ደሎም። ኣዒንተይ ብናፍቖት ምድኃንካን ቃል ጽድቕኻን ሓመቓ። ከም ጸጋኻ ንባርያኻ ግበረሉ፥ ሥርዓታትካ ኸኣ ምሃረኒ። ኣነ ባር ያኻ እየ፥ ምስክራትካ ኪፈልጥሲ ኣዕምሮ ሃበኒ። ሕግኻ ኣፍሪሰም እዮም እሞ፥ እግዚ ኣብሔር ግብሩ ዝገብረሉ ግዜ እዩ። ስለዚ ንትእዛዛትካ ኻብ ወርቂ፥ እረ ኻብ ጹሩይ ወርቂ ኣብሊጸ እፈትዎ ኣሎኹ። ስለዚ ትእዛ ዛትካ ዘበለ ኹሉ ቕኑዕ ምዃኑ እቖጽሮ፥ መገዲ ሓሶት ዘበለ ኸኣ እጸልእ ኣሎኹ።

“ውዳሴ ነግኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ”



## ፌ

ምስክራትካ መስተንክር እዩ፥ ስለዚ ነፍሰይ ትሕልዎ። ምኽፋት ቃልካ የብርህ፥ ንገርህታት ኣዕምሮ ይህብ። ትእዛዛትካ ናፊቐ እየ እሞ፥ ኣፈይ ሃህ ኣቢለ እህህ እብል ኣሎኹ። ከምቲ ነቶም ስምካ ንዝፈትው እትገብረሎም፥ ተመ ለሰንን ምሓረንን። ንስጉምተይ ኣብ ቃልካ ኣጽንዓዮ፥ እከይ ድማ ከቶ ኣይምለኸኒ። ካብ መጥቃዕቲ ሰብ ተበጀወኒ፥ ኣነውን ትእዛዛትካ ክሕሉ እየ። ገጽካ ንባርያኻ ኣብራሃሉ፥ ሥርዓ ታትካ ኸኣ ምሃረኒ። ሕግኻ ኣይሕልዉን እዮም እሞ ኣዒንተይ ወሓዚ ማይ የፍስሳ ኣለዋ።

“ውዳሴ ነግኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ”

## ጻዴ

ኦ እግዚኣብሔር ንስኻ ጻድቕ ኢኻ፥ ፍር ድኻ ድማ ቕኑዕ እዩ። ብጽድቅን ብዕዙዝ

ሓቅን ምስክራትካ ኣዘዝካ። ተጻረርተይ ቃልካ ረሲዖም እዮም እሞ ቅንኣት ይበልዓኒ ኣሎ። ቃልካ ኣዝዩ ጹሩይ እዩ ባርያኻውን ኣፍቅሮ ኣሎ። ኣነ ንኡስን ንዑቕን እየ፣ ትእዛዛትካ ግና ኣይረሳዕኩን። ጽድቅኻ ናይ ዘለዓለም ጽድቂ እዩ፣ ሕግኻውን ሓቂ እዩ። መከራን ሽግርን ረኸበኒ፣ ትእዛዛትካ ግና ደስታይ እዩ። ምስክራትካ ንዘለዓለም ጽድቂ እዩ፣ ኣዕምሮ ሃበኒ እሞ ብሕይወት ክነብር እየ።

## "ውዳሴ ነግኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

### ቆፍ

ብምሉእ ልበይ እምህለል ኣሎኹ፣ ኦ እግዚኣብሔር መልሰለይ፣ ሥርዓታትካ ክሕሉ እየ። ናብኻ ተማህለልኩ ኣድኅነኒ፣ ምስክራትካ ውን ክሕሉ እየ። ቅድሚ ወጋሕታ መጺአ ኣእወኹ፣ ንቓልካ እጽበ እኔኹ። ንቓልካ ኸሰ ተንትንሲ፣ ኣዒንተይ ነቶም ናይ ለይቲ



ሓለውቲ ቐደማኦም። ከም ሣህልኻ ድምፀይ ስማዕ፣ ኦ እግዚኣብሔር ከም ፍርድኻ ሕያው ግበረኒ። ንሕሰም ዝስዕቡ ይቐርቡ ኣለዉ፣ ካብ ሕግኻ ረሓቑ። ኦ እግዚኣብሔር ቀረባ ኢኻ፣ ኩሉ ትእዛዛትካ ኸኣ ሓቂ እዩ። ንዘልዓለም ከምዝመሥረትካዮ፣ ካብ ጥንቲ ጀሚረ ብ ምስክራትካ ፈለጥኩ።

## "ውዳሴ ነግኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

### ሬሽ

ሕግኻ ኣይረሳዕኩን እሞ፣ መከራይ ርኢኻ ኣናግፈኒ። ጠበቓይ ኩን እሞ ተበጀወኒ፣ ከም ቃልካ ሕያው ግበረኒ። ረሲኣን ሥርዓታትካ ኣይደልዩን እዮም እሞ ምድኃንካ ካብኦም ረሓቐ። ኦ እግዚኣብሔር ርኅራኄኻ ዓቢይ እዩ፣ ከም ፍርድኻ ሕያው ግበረኒ። ሰጎግተይን ተጻረርተይን ብዙኃት እዮም እሞ፣ ንጠለምቲ ርእየ ፈንፈንክዎም። ኦ እግዚኣብሔር ንትእዛ

ዛትካ ከምዘፍቅሮ ርእቶ ከም ሣህልኻ ሕያው ግበረኒ። ብዘሎ ቓልካ ሓቂ እዩ፥ ኵሉ ፍርዲ ጽድቕኻ ድማ ንዘለዓለም ይነብር።

"ውዳሴ ነዓኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

ሲን

መሳፍንቲ ብዘይምኽንያት ሰጐጉኒ፥ ልበይ ግና ቃልካ እዩ ዝፈርሀ። ከም ብዙኅ ምርኮ ዝማረኸ ብቓልካ ባህ ይብለኒ ኣሎ። ንሓሰት እጸልእን እፍንፍኖን፥ ንሕግኻ ግና ኣፍቅሮ ኣሎኹ። ስለ ጽድቂ ፍርድኻ ኣብ መዓልቲ ሾብዓተ ሳዕ ኣመስግነካ ኣሎኹ። እቶም ሕግኻ ዘፍቅሩ ብዙኅ ሰላም ኣሎዎም፥ ዘዕንቅፎም ኸኣ የልቦን። ኦ እግዚኣብሔር ንምድኀንካ ተጸቢኽዎ፥ ትእዛዛትካ ድማ ገበርኩ። ነፍሰይ ንምስክራትካ ሓለወቶ፥ ኣዝየውን ኣፍቅሮ ኣሎኹ። ኵሉ መገደይ ኣብቅድሜኻ እዩ እሞ፥ ንትእዛዛትካን ምስክራትካን ሓሎኹ።



"ውዳሴ ነዓኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

ታው

ኦ እዚኣብሔር ኣውያተይ ኣብ ቅድሜኻ ይብጻሕ፥ ከም ቃልካ ኣእምሮ ሃበኒ። ምህል ላይ ኣብ ቅድሜኻ ይብጻሕ፥ ከም ቃልካ ኣናግፈኒ። ሥርዓታትካ ሚሂርካኒ ኢኻ እሞ፥ ከናፍረይ ምስጋናኻ ክፍልፍላ እየን። ኵሉ ትእዛዛትካ ጽድቂ እዩ እሞ፥ ልሳነይ ንቓልካ ኽትነግር እያ። ትእዛዛትካ ኃርየ እየ እሞ፥ ኢድካ ረዳኢተይ ትኹን። ጐይታየ ምድኀንካ እናፍቕ ኣሎኹ፥ ሕግኻ ደስታይ እዩ። ንነፍሰይ ሕያው ግበራ፥ ንሳ ኸኣ ከተመስግነካ እያ፥ ፍርድታትካውን ይርድኣኒ። ከም ጥፍእቲ በጊዕ ተባረርኩ፥ ትእዛዛትካ ኣይረሳዕኩን እሞ ንባርያኻ ድለዮ።

"ውዳሴ ነዓኻ ይኹን ኦ መፍቀርሰብ"

## ወንጌል ማቴዎስ 25፥1-13

ሽዑ መንግሥተ ሰማያት፥ ቀቀንዴለን ሒዘን መርዓዊ ኪቕበላ ዝወጻ ዓሠርተ ደናግል ትመስል። ሓሙሽተ ዓያሱን፥ ሓሙሽተ ለባማትን ነበራ። እተን ዓያሱ፥ ቀቀንዴለን ወሲደን ዘይቲ ኣይተማልኣን። እተን ለባማት ግና መምስ ቀንዴለን ዘይቲ ኣብ ጢናኣን ተማልኣ። መርዓዊ ምስ ደንጐየ ግና፥ ኩለን ትኽስ በላ፥ ደቀሳውን። ፍርቂ ለይቲ ግና፥ እንሆ መርዓዊ ይመጽእ ኣሎ፥ ኽትቅበላ ውፃ፥ ዝብል ጭራሕ ምራሕ ተሰምዐ። ሽዑ እተን ደናግል ኩለን ተንሲአን፥ ቀቀንዴለን ኣዳለዋ። እተን ዓይሱ ነተን ለባማት፥ ቀንዴልና ኺጠፍእ ኢሉ እሞ፥ ካብ ዘይትኽን ሃባና፥ በላኦን። እተን ለባማት ከኣ፥ ኣይፋልናን፥ ንዓናን ንዓኻትክንን እንተ ዘይኣኽለኽ። ናብቶም ዚሸጡ ደኣ ቐልጢፍክን ኪዳ እሞ ንርእሰኽን ዓድጋ፥ ኢለን መለሳለን። ኪዕድጋ ምስ ከዳ፥



እቲ መርዓዊ መጸ። እተን ተዳልየን ዝጸንሓ ምስኡ ናብ መርዓ ኣተዋ፥ ማዕጾ ድማ ተዓጽወ። ድኅር እተን ዝተረፋ ደናግል መጺአን፥ ጐይታይ፥ ጐይታይ ክፈተናኹልታ፥ በላ። ንሱ ግና መሊሱ፥ ብሓቂ እብለክን ኣሎኹ፥ ኣይፈልጠክንን እየ፥ በለን። እምበኣርሲ እታ ወዲሰብ ዝመጽኣላ መዓልትን ሰዓትን ኣይትፈልጡዋን ኢኹም እሞ፥ ንቕሑ።

ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ኣሜን።

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ምስ ኄር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፥ ሎምን ኩሉ ሳዕን ንሰግደልካ ኣሎና። ኣሜን።

## ክፍልታት ጸሎት

እንሆ መርዓዊ ፍርቂ ለይቲ ይኣቱ ኣሎ፥ እቲ ነቒሑ ዝጸንሖ ባርያ፥ ብፁዕ እዩ። ነቲ

ተታኺሱ ዝረኸቦ ግን፥ ምስኡ ክኸይድ ብቑዕ ኣይኮነን። ስለዚ ኣንቲ ነፍሰይ፥ ድቃስ ከይከብደኪ እሞ፥ ናብ ወፃኢ ከይትድርበዪ ተጠንቀቒ!። የግዳስ ንቕሒ፥ ከምዚ እናበልኪውን ዓው ኢልኪ ጸውዒ፥ ኦ ኣምላኽ ንሰኻ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ኢኻ። ኦ ኣምላኽ ምእንቲ ወላዲትካ ኢልካ ምሓረና።

“ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ”

ኦ ነፍሰይ ነቲ ዘፍርህ መዓልቲ ተረድእዮ ኢኺ፥ ንቕሒን ቀንዴልኪ ብዘይቲ ሓጐስ ኣብርህን። ምኽንያቱ እቲ “እንሆ እቲ መርዓዊ መጺኡ” ዝብል ድምፂ ናብኺ መኣዝ ከምዘመጽእ ኣይትፈልጥን ኢኺ። ኦ ነፍሰይ፥ ምእንቲ ከምተን ሓሙሽተ ዓያሱ ደናግል፥ ኣብ ደገ እናንኳሕኳሕኪ ደው ከይትብሊሲ፥ ኣስተውዕሊ ኣይትደቅሲ ኢኺ። ምእንቲ በቲ ክብሪ ዘለዎ ሓቀኛ ኣምላኻዊ መርዓ



ከጸግወኪ፥ ብቕዱይ ቅብኢ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክትቅበልዮ ንቕሕን ለምንን።

“ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን”

ኦ ድንግል ወላዲት ኣምላኽ፥ ከምቲ መከላኸሊ ዕርዲ ዘለዎ ማዕከን እሞ ዘይስረቕ፥ ንሸኺውን ሓጹር ድኅነትና ኢኺ። ናይ ተጻረርትና ምኽሪ በትንዮ። ሓዘን ባሮትኪ ናብ ሓጐስ ቀይርዮ። ንኸተማና ተኸላኸሊ ንነገሥታትናውን ተዋግእሎም። ምእንቲ ሰላም ዓለምውን ለምንልና ኢኺ። ኦ ወላዲተ ኣምላኽ ንሰኺ ተስፋ ድኅነትና ኢኺ።

“ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን”

ኦ ጐይታ ሰማይ መጸናንዒ፥ መንፈስ ሓቅን፥ ኣብ ኵሉ ቦታ ዝርከብን፥ ንኹሉ ዝመልእን፥ ማዕከን ሠናያት፥ ወሃቢ ሕይወት፥

ነዓ ኣባና መጺእካ ኅደር። እ ጌር፥ ካብ ኵሉ ደነስ ኣንጺሕካ ንነፍስና ኣድኅነና።

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

እ መድኃኒና ከምቲ ምስ ሓዋርያትካ ከሎኻ ሰላምካ ዝሃብካዮም፥ ሕጂውን ነዓ ምሳና ኵን እሞ ሰላምካ ሃበናንI ኣድኅነናን ርድኣናን።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኣብቲ ቅዱስ ቤት-መቕደስካ ምስ እንቐውም፥ ልክዕ ኣብ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ከምዝቖምና ይቝጸረልና። እ ወላዲተ ኣምላኽ ንሸኺ ኣፍደገ ሰማይ ኢኺ እሞ ብኣማላድነትኪ ኣፍደገ ምሕረት ክፈትልና።





እ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና፥ ኅደገልና። "41 ጊዜ" ኪርያላይሶን .. በል።

ውዳሴ ሥሉስ ቅዱስ ... በል። ገጽ፡-64

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና...በል። ገጽ፡-28



## ካልኣይ ኣገልግሎት ፍርቂ ለይቲ

ብዘይካ መዝሙር 117, 118,፥ ኩሉ ናይ ምሸት ጸሎት መዛሙራት ኣብጽሕ። ገጽ፥-142–151

## ወንጌል ሉቃስ 7፥36-50።

ሓደ ካብ ፈሪሳውያን ድማ ምስኡ ክበልዕ ለመኖ። ናብ ቤት እቲ ፈሪሳዊ ኣትዩ፥ ኣብ መኣዲ ተቐመጠ። እንሆ፥ ኣብታ ዓዲ ሓንቲ ኃጢኣተኛ ሰበይቲ ነበረት። ኣብ ቤት እቲ ፈሪሳዊ ምቕማጡ ምስ ፈለጠት፥ ቅዱይ ቅብኢ ዝመልአ ብልቃጥ ኣምጽአት። ብድኅሪኡ ኣብ ጥቓ እግሩ ደው ኢላ እናበኸየት፥ በቲ ንብዓታ እግሩ ከተጠልቅዮ ጀመረት፥ ብጸጕሪ ርእሳ እናደረዘት እግሩ ትስዕም፥ ቅዱይ ቅብኢውን ትለኽዮ ነበረት። እቲ ዝጸውዮ ፈሪሳዊ ድማ ነዚ ርእዩ፥ ብኅልንኡ እዚ ነቢይ እንተ ዝኸውንሲ፥ እዛ ዝተንከየቶ ሰበይቲ ሓጢኣተኛ እያ እሞ፥ መን ከመይ ዝበለትውን ምኃና ምፈለጣ ነይሩ፥ ኢሉ ሓሰበ። ኢየሱስ ከኣ፥ ስምዖን፥ ዝብለካ ኣሎኒ፥ ኢሉ መለሰሉ። ንሱ ኸኣ፥ በል መምህር፥ በለ። ንሓደ መለቅሒ ኽልተ ሰብ-ዕዳ ነበርዎ። ኣብቲ ሓደ ሓሙሽተ ሚእቲ፥ ኣብቲ ሓደ ድማ ሓምሳ ዲናር ነበሮ። ዝፈድይዎ ስለዘሰኣኑ ግና፥ ንኽልቲኦም ኃደገሎም፥ ካብ ኣታቶምሲ ኣዝዩ ዘፍቅሮ መኖም እዩ? ስምዖን ከኣ፥ እቲ ብዙኅ እተኅድገሉ ይመስለኒ፥ ኢሉ መለሰ። ንሱ ኸኣ፥ ቅኑዕ ፈረድካ፥ በሎ። ናብታ ሰበይቲ ግልጽ ኢሉ ኸኣ ንስምዖን በሎ፥ ነዛ ሰበይቲ እዚኣ ትርእያዶ ኣሎኻ? ናብ ቤትካ ኣተኹ እሞ ማይ ንእግረይኳ ኣይሃብካንን፥ እዚኣ ግና ብንብዓታ ኣእጋረይ ሓጺባ ብጸጕሪ ርእሳእውን ደረዘት። ንሰኻ ኣይ ተሳለምካንን፥ እዚኣ ግና ካብ ዝኣቱ ጀሚራ ካብ ምስዓም ኣእጋረይ ኣየዕረፈትን። ንሰኻ ርእሰይ ብዘይቲ ኣይለኸኻንን፥ እዚኣ ግና

ኣእጋረይ ብቕዱይ ቅብኢ ለኸየት። ስለዚ፥ ብዙኅ ስለ ዘፍቀረት፥ ንእኣ እቲ ብዙኅ ኃጢኣታ ተኃዲጉላ፥ እብለካ ኣሎኹ። እቲ ሒደት ዝኅደገሉ ኸኣ ሒደት እዩ ዘፍቅር። ንእኣ ድማ፥ ኃጢኣትኪ ተኃዲጉልኪ፥ በላ። እቶም ምስኡ ኣብ መኣዲ እተቐመጡ ኸኣ ብልቦም፥ እዚ፥ ኃጢኣት ድማ ዝኃድግሲ፥ መን እዩ? ኪብሉ ጀመሩ። ንሱ ግና ነታ ሰበይቲ፥ እም ነትኪ ኣድኂናትኪ፥ ብሰላም ኪዲ፥ በላ።

ምስጋና ንእዚኣብሔር ኣምላኽ፥ ኣሜን።

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ምስ ኄር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፥ ሎምን ኩሉ ሳዕን ንሰግ ደልካ ኣሎና። ኣሜን።

## ክፍልታት ጸሎት

ኦ ጐይታ ከምቲ ቐደም ነታ ኃጢኣተኛ ሰበይቲ ብዙኅ ፈልፋሊ ንብዓት ዝሃብካያ



ንዓይውን ሃበኒ። ነተን ካብ ናይ ጥፍኣት መገዲ ዝሕልዋኒ ኣእጋርካ፥ ሠናይ ቅዱይ ቅብኢ ኣዳልየ ክለኽየን፥ ብቑዕ ግበረኒ። ምእ ንቲ እቲ "እምነትካ ኣድኂናትካ" ዝብል ሓጐስ ዝመልእ ድምጺ ክሰምዕ፥ ብንስሓ ጽሩይ ሕይወት ክጥሪ፥ ሓግዘኒ።

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

ኦ መፍቀር ሰብ ኣምላኽ! ነቲ ብዙኅ ክፉእ ተግባረይ ምስ ዝጽብጽቦ፥ ሓሳብ እቲ ዘፍርሀ ፍርዲ ኣብ ልበይ ይኣቱ እሞ ራዕዲ ይኀዝኒ፥ ሹዑ ናጣኻ እሃድም። ገጽካ ኣይተርሕቐለይ። ኦ ጐይታ ንሸኻ ኢኻ በይንኻ ብዘይ ኃጢኣት እትነብር፥ ነዛ መስኪነይቲ ነፍሰይ ትሕትና ዓድላ። ቅድሚ እታ መወዳእታ ፍርዲ ምም ጸኣ ከኣ ኣድኅነኒ።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ሰማያት ብዕዕቲ ኢኺ ይብሉኺ። ኦ ጸጋ ዝተመላእኪ ሰማያዊት መርዓት። ኦ ወላዲተ

ኣምላኽ፥ ነቲ ዘይምርመር ልደት-ጐይታና ናኽ ብሮ። ኦ ኣደ ምሕረትን ድኅነትን፥ ምእንቲ ድኅነት ነፍስና ኣማልድልና።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኦ ጐይታ ሰማይ መጸናንዒ፥ መንፈስ ሓቂ ኣብ ኲሉ ቦታ ዝርከብን፥ ንኹሉ ዝመልእን፥ ማዕከን ሠናያት፥ ወሃቢ ሕይወት፥ ንዓ ኣባና መጺእካ ኅደር። ኦ ኄር፥ ካብ ኲሉ ደነስ ኣንጺሕካ ንነፍስና ኣድኅነና።

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

ኦ መድኃኒና ከምቲ ምስ ሓዋርያትካ ከሎኻ ሰላምካ ዝሃብካዮም፥ ሕጂውን ንዓ ምሳና ኸውን እሞ ሰላምካ ሃበና፥ ኣድኅነናን ርድኣናን።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኣብቲ ቅዱስ ቤት-መቕደስካ ምስ እንቖውም፥ ልክዕ ኣብ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም



ከምዝቖምና ይቈጸረልና። ኦ ወላዲተ ኣምላኽ ንሸኺ ኣፍደገ ሰማይ ኢኺ እሞ ብኣማላድነትኪ ኣፍደገ ምሕረት ክፈትልና።

ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና፥

ኅደገልና። "41 ጊዜ" ኪርያላይሶን .. በል።

ውዳሴ ሥሉስ ቅዱስ ... ... በል። ገጽ፡-64

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቡና... በል። ገጽ፡-28



## ማልሳይ ኣገልግሎት ፍርቂ ለይቲ

ኵሉ ናይ ጸሎተ ድቃስ መዛሙራት ጸሊ።

ገጽ፡- 158–170

## ወንጌል ሉቃስ 12፡32-46።

ኣቱም ሒደት መጓሰ፥ እታ መንግሥቲ ክህበኩም ፍቓድ ኣቦኹም እዩ እሞ፥ ኣይትፍርሁ። ኣብቲ ማዕከንኩም ዘለዎ ኣብኡ ድማ ልብኹም ደኸውን እዩ እሞ፥ ጥሪትኩም ሸጡ እሞ መጽዉትዎ፥ ዘይበሊ ማሕፉዳ፥ ነቐዝ ኣብ ዘየቖንቁኖን፥ ሰራቒ ኣብ ዘይቀርቦ፥ ዘይበርስ ማዕከን፥ ኣብ ሰማይ ግበሩ። ሓቘቕኹም ዕጡቕ፥ መብራህትኹም ብሩህ ይኹን። ንስኻትኩም፥ ጐይታኦም ካብ መርዓ ክሳዕ ዚምለስ ዚጽበይዎ እሞ፥ መጺኡ ኳሕኳሕ ምስ ኣበለ፥ ብኡብኡ ዚኸፍቱሉ ሰባት ምሰሉ። እቶም



ጐይታኦም ኪመጽእ ከሎ፥ ነቒሖም ዚረኽቦም ባሮት እቲኦም ብፁዓን እዮም። ተዓጢቑ ኣብ መኣዲ ኸም ዘቐምጦም፥ ተንሲኡውን ከም ዘገልግሎም፥ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ኣብ ካልኣይቲ ወይስ ሣልሰይቲ ሓልዋ ለይቲ መጺኡ ኸምዚ እንተ ረኸቦም፥ እቶም ባሮት እቲኦም ብፁዓን እዮም። ግናኸ እዚ ፍለጡ፥ ብዓል ቤት፥ ነታ ሰራቒ ዚመጸላ ሰዓት እንተ ዚፈልጣስ፥ ምነቕሐ፥ ቤቱ ክትከዓት ከላውን ሰኽ ኢሉ ኣይምረአየን ነይሩ። ንስኻትኩም ድማ፥ ወዲ ሰብ ብዘይ ትፈልጥዋ ሰዓት ኪመጽእ እዩ እሞ፥ እተዳለኹም ኩኑ። ጴጥሮስ ከኣ፥ ጐይታይ፥ እዚ ምስላዝስ ንዓና ዲኻ እትብሎ ዘለኻ ወይስ ንዅሉ ኢኻ፥ በሎ። ጐይታ ኸኣ በለ፥ እቲ እሙንን ጥበበኛን ወኪል፥ ቀለቦም በብግዜኡ ኺህቦም፥ ጐይታኡ ኣብ ባሮቱ ዚሸሞስ መን እዩ? እቲ ጐይታኡ ኪመጽእ ከሎ፥ ከምዚ እናገበረ ዚጸንሖ ባርያ ብፁዕ እዩ። ኣብ ብዘሎ ጥሪቱ ኸም ዚሸሞ፥ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። እቲ ክፉእ ባርያ

ብልቡ፣ ምእታው ጐይታይ ይድንጕ እዩ፣ እንተበለ ግና፣ ምግራፍ እቶም ገላውን ኣግራድን ምብላዕን ምስታይን ምስካርን ይጅምር፣ ጐይታ እቲ ባርያ እቲ፣ ንሱ ብዘይ ተጸበያ መዓልቲ፣ ብዘይፈልጣ ሰዓት ኪመጽእ፣ ካብ ማእከል ቈሪጹ ኸኣ ግዲኡ ምስቶም ዘይኣምኑ ኺገብሮ እዩ።

ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ፣ ኣሜን።

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ምስ ኄር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፣ ሎምን ኵሉ ሳዕን ንሰግደልካ ኣሎና። ኣሜን።

## ክፍልታት ጸሎት

ኦ ጐይታ ብርኅሩኅ ዓይኒ ንድኽመተይ ረአ። በብቑሩብ ሕይወተይ ትጠፍእ ኣላ፣ ብተግባረይ እውን ድኅነት የብለይን እሞ፣ ንዓይኒ ምሕረትካ እጥምት ኣሎኹ። ኦ ጐይታ



ናብ ድኽመተይ፣ ንውቕነተይ፣ መስኪንነተይን፣ ስደተይን ጠምት እሞ ርድኣኒ።

“ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ”

እቲ ፈራዲ ኪመጽእ እዩ እሞ ነፍሰይ ተገደስን ንቕሕን፣ ነታ እተፍርህ ሰዓት ኣስተብህልላ ኢኺ፣ ኣብ ፍርድስ፣ ነቲ ምሕረት ዘይገብር ምሕረት የልቦን። ኦ ጐይታይን መድኃኒየይን ንሸኻ በይንኻ መፍቀር ሰብ ኢኻ እሞ ራኅርኅለይ።

“ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ለዓለም ኣሜን”

ኦ ወላዲተ-ኣምላኽ፣ ኣፍደገ ኣዕምሮ-ሕይወት፣ ንድኅነት ነፍስና ነቲ ካብ ኵሉ ንጹሕ ዝኾነ ልደት-ጐይታና ከነመስግኖ፣ ነቶም ካብ ጭንቀት ብእምነት ናባኺ ዑቕባ ዝሓቱ ንኽድኅኑ ኣማልድሎም ኢኺ።

“ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን”

ኦ ጐይታ ሰማይ መጸናንዒ፣ መንፈስ ሓቂ ኣብ ኵሉ ቦታ ዝርከብን፣ ንኹሉ ዝመልእን፣ ማዕከን ሠናያት፣ ወሃቢ ሕይወት፣ ነዓ ኣባና መጺእካ ኅደር። ኦ ኄር፣ ካብ ኵሉ ደነስ ኣንጺሕካ ንነፍስና ኣድኅነና።

"ስብሓት ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ"

ኦ መድኃኒና ከምቲ ምስ ሓዋርያትካ ከሎኻ ሰላምካ ዝሃብካዮም፣ ሕጂውን ነዓ ምሳና ኵን እሞ ሰላምካ ሃበና፣ ኣድኅነናን ርድኣናን።

"ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለም ዓለም ኣሜን"

ኣብቲ ቅዱስ ቤት-መቕደስካ ምስ እንቐውም፣ ልክዕ ኣብ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ከም ዝቖምና ይቈጸረልና። ኦ ወላዲተ ኣምላኽ ንሸኺ ኣፍደገ ሰማይ ኢኺ እሞ ብኣማላድነትኪ ኣፍደገ ምሕረት ክፈትልና።

ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና፣



ኅደገልና። "41 ጊዜ" ኪርያላይሶን .. በል።
ውዳሴ ሥሉስ ቅዱስ ... ... በል። ገጽ፡-64

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና...በል። ገጽ፡-28

## ወንጌል ሉቃስ 2፡29-32።

ኦ ጐይታይ፣ ነቲ ንኣሕዛብ ምግላጽ ብርሃን፣ ንሕዝብኻ እስራኤልውን ክብረት ክኸውን፣ ኣብ ቅድሚ ኾሉ ሕዝቢ ዘዳለኻዮ ምድኅንካ ኣዒንተይ ካብ ረኣያስ፣ ሕጂ ኸምቲ ዘረብኻ ንባርያኻ ብሰላም ተፋንዎ ኢኻ፣ በለ።

ምስጋና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ፣ ኣሜን።

ኦ ጐይታ ጸሎትና ሰሚዕካ ኃጢኣትና፣

ኅደገልና። "41 ጊዜ" ኪርያላይሶን .. በል።

ውዳሴ ሥሉስ ቅዱስ ... በል። ገጽ፡-64

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና... በል። ገጽ፥-28

## ድኅሪ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ዝጽለ ጸሎት።

ኦ ጐይታ መሓረና ምሕረትካውን ኣብዝኀልና... ... በል። ገጽ፥-73

## ብ ክህነት ዘይብሉ ዝጽለ ጸሎተ ንስሓ

ኦ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ሕያው ኣምላኽ፥ ንዘለዓለም እትነብር፥ እቲ ሕይወት ዝህብ ቃልካ ክንርዳእ ኣዕምሮና ኣብርሃልና። ካብታ ንነፍሲ እትቐትል ጽልመትውን ኣተን ሥኣና። ብግብረ ሠናይ ብቑዓትን ቅኑዓትን ክንከውን ኣብቅዓና። ኣብቲ ንፍርዲ ዓለም እትመጸሉ እዋን፥ ነቲ ሓጐስ ዝመልኤ "ኣንቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት ንዑ ናባይ፥ እቲ ካብ ቅድሚ ምምሥራት ዓለም ዝተዳለ ወልኩም ውረሱ።" ዝብል ድምጺ ንኽንሰምዕ



ብቑዓት ግበረና። እወ ኦ ጐይታ፥ ኣብታ ሰዓት እቲኣ፥ ብዘይ ፍርሃትን ብዘይ ምርባጽን ብዘይ ኹነኔን ክንቀውም ፍቐደልና። ከምቲ ብዝኀ ገበንናውን ኣይትቕጻዓና። ንሸኻ ንበይንኻ መሓርን፥ በዓል ነዊሕ ትዕግስትን፥ ብዙኅ ርኅራኄን ኢኻ። ብኣማላድነት ኣዴና ወላዲት ኣምላኽ ቅድስቲ ማርያም ድንግልን፥ ኲሎም ቅዱሳንካን ንልምነካ ኣሜን።

## ድኅሪ ፍርቂ ለይቲ ብካህን ዝጽለ ናይ ንስሓ ጸሎት

ኦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዘለዓለማዊ፥ ሓደ ወዱ ንሕያው ኣምላኽ፥ ብርሃን ካብ ብርሃን፥ ቅድሚ ኲሉ ዘመናት ኣብ ብርሃን ዝነበርካ፥ ነመስግነካን ንልምነካን ኣሎና፥ ኦ ጐይታ ነቲ ሕያው ቃልካ ክንርዳእሲ ነዕምሮናን ልብናን ኣብርህ፥ ንምስትውዓልና ክሰት። ካብታ ንነፍስና እትቐትል ናይ ጽልመት ኃጢኣት ኣተንሥኣና። ንሠናይ ተግባርን

ርጎሩጎትን ቅኑዓት ኪንከውን ኣብቅዓና። ኣብ ቲ ዓለም ንምፍራድ ካልኣይ ግዜ እትመጽኣሉ ዘፍርህ እዋን፣ እቲ ሓጉስንI ደስታንI ምጽን ናዕንI ፍስሃንI ጸጋን ዝመልአ "ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻን ንዑ ናባይ፣ እቲ ቅድሚ ምም ሥራት ዓለም ዝተዳለወልኩም መንግስቲ ውረ ሱ።" ዝብል ድምፂ ኣምላኻዊ ቃልካ፣ ኣስምዓ ና። እወ ኦ እግዚኣብሔር ጐይታና፣ ኣብታ ሰዓት እቲኣን ኣብታ መዓልቲ እቲኣን ብዘይ ፍርሃትI ምርባጽንI ርኽሰትንI ውድቀትንI ምግጋይንI ኪንከውን ኣብቅዓና፣ ከም ብዝኒ ኃጢኣትና ኣይትፍረደና።

ኦ እግዚኣብሔር ኾኑሉ በደልና፣ ኾኑሉ ኃጢኣትናንI ኣበሳናንI ኅደገልና። ኦ ጐይታ ካብ ካልኣይ ሞትI ካብ ሕማምን ጥፍኣትንI ካብ ዘመተን ሰይፊ ጸላእትንI ካብ ምኽሪ ሰይጣውንቲI ባርዕ ሓዊI ካብ ምዕልቕላቕ ማይI ካብ ሕሱማት ተቓወምቲI ካብ ምጽ ባብ ገበርቲ እከይንI ባዕዳውያን ጨቆንቲን ምህጻጽ ዕዳጋንI ካባናን ካብ ኵሉ ዓለምን



ኣርሕቅ። ምኽሪ ተጻረርትና ኮንቱ ግበሮ። ኦ ኣምላኽ ንሸኻ ኣምላኽናን ጐይታናን ኢኻ እሞ ራኅርኃልና፣ ኣብ ናይ ጥፍኣት ባሕሪ ኣይተ ጥሕለና። ኣድኅነና ደኣ እምበር፣ ከም ተግባ ርና ኣይትቕጽዓና። ካብ ትህኪት ኣተንሥኣና፣ ካብ ምዕጥይጣይን፣ ሸለልትነትን፣ ስተረና። ጸላኢና ሰይጣንውን ብዘይብጸሕ ተሰፋታት ከስሕተና ኣይትግደፎ። ሠናይ ከይገበርና መዋዕልና ከይኃልፍሲ ነዕምሮና ኣፍልጦ፣ ንልብና ካብ ዘዳህልል ድቃስ ኣበራቢርካ ንቅሓት ዓድሎን።

ኦ ጐይታ ኣበሳና ኅደገልና፣ ንእከይና ይቕረ በለልና፣ ንኃጢኣትናን ኽፍኣትናን ኣይ ትዘክር፣ ኣይትቆጠዓና፣ ቁጠዐኻ ክሳዕ ዘለዓ ለም ኣይንበር፣ ኦ ጐይታ መሓረና ደጊምካ ውን መሓረና፣ ንሕና ድኹማትን መሳኪንን ኢና፣ ኣብ ባሕሪ ኃጢኣትውን ጥሒልና ንዘ ሎና ከተውፅኣና ናብኻ ንምህለልI ነዓኻ ንስግ ድI ነዓኻ ንኣምንI ነዓኻ ንምነ ኣሎና። ብጸ ጋኻ ኣድኅነና ደኣ እምበር፣ ተስፋ ምሕረትካ

ኣይትቑረጸልና፥ ኣፍደገ ምሕረትካ ኣይትዕጸ፥ ምሕረትካ ቀልጢፉ ትምጸኣና፥ ዘሐጉስ ድምፅ ኻ ኣስምዓና፥ ኦ ኣምላኽ ልብና ኣንጽሕ፥ ኦ ጐይታ ካብ ክፉእ ሓሳባትI ካብ ተንኮልንI ርኽሰትን፥ ኣንጽሓና።

ኦ ጐይታ ካባናን ካብ ኵሉ ሕዝብኻን ን ሃተውተውን፥ ጋህዲ ሕልምን፥ ሰይጣናዊ ክፉ እ ሓሳባትን ኣቛርጸልና። ኦ ኣምላኽ ካብኵሉ ውድቀትን ውርደትን ኣተንሥኣና። ኦ ኣምላኽ ትዕግስትን ተስፋን ፍቕርን ኦርቶዶክሳዊ እምነትን ኣጽንዓልና። ምስቶም ኣብ የማንካ ዘለው ኣባጊዕካ ቁጸረና። ኣብ ሰማያዊት መእ ድኻ ከእ ምስቶም ኣብ የማንካ ዝቕመጡ ኣቐምጠና። ኵሉ ክፍኣትናን ኣበሳናን ኃጢኣ ትን ኀደገልና። ብኽሊ ብርሃናውያን መላእኽ ትኻ ጋርደና፥ ብዘይምሕረትካ ድኅነት የብል ናን እሞ፥ ናብኻ ንውከልI ነዓኻ ንኣምንI ብኣኻ ንትስፎ ኣሎና።

ኦ ጐይታ ጸሎትና ዘወትር ተቐበል፥ ኣብ ጸሎትና ክንዝክሮም፥ ዝኣዘዙናንI ዝተወከሱና



ንI ኣብ ግዜ ቅዳሴናንI ቀንዴልናንI ንነፍ ሲ ወከፍም ንዘለዉን ዝሞቱን ኣብ እንዝክረሉ ግዜI ኦ ጐይታ ነዓናን ንዕኦምን ኣብ ሰማያ ዊት ኢየሩሳሌም መንግሥትኻ ብሠናያትካ ዘከ ረና። ኦ ጐይታ ክፍኣትና ምሓወልና። ኦ ጐይታ ነቶም ዝበደሉና ኀደገሎምን ኀደገል ናን። ኦ ጐይታ ብምሕረትካ ነፍስና ኣድኅን። ኦ ጐይታ ሕዝብኻ ኣድኅን፥ ርስትኻ ባርኽ፥ ንዘለዓለም ዓስዮምን ኣደልድሎምን።

ኦ ጐይታ ነቶም ኣብ ጭንቀት፥ ጸበባን ሓዘንን ዘለዉ ርዳእ። ነቶም ብማእሠር ሰይጣ ውንቲ ዝተኣሥሩ ናጻ ኣውጽኣዮም፥ ንዝጠ መዩ ካብ ሠናያትካ ኣጽግቦም፥ ነቶም ስቡራት ልብን ትሑታት መንፈስን ነፍስን ደግፎም፥ ነቶም ዝወደቑ ኣተንሣኣዮም፥ ነቶም ደው ዝበሉ ኣጽናዓዮም፥ ንዝጠፍኡ ምለሶም፥ ንመበለታትን ንዘኽታማትን ናብዮም፥ ንስኡ ናት ንረዲኢቶም ተቓላጠፍ፥ ንፍረ ምድሪ ባርኽ፥ ንንፋሳት ኣህድእ፥ ንኣእዋም ኣዕብ ዮም፥ ንሩባታትን ወሓይዝን ምልኣዮም፥

ንጠልን ዝናማትን ባርኮም፥ ንድኻታት ዕግበት ሃቦም፥ ንሰብ-ዕዳ ዕዳኦም ክፈል፥ ንብስደት ዝተበተኑ ጠርንፎም፥ ንተናሳሕቲ ንስሓኦም፥ ንዝምለሱ ምምላሶም ተቐበል፥ ንሓደስቲ ኣመንቲ ምስትውዓል ሃቦም። ኦ ጐይታ ንዝተወጽዑ ፍትሒ ኣውጽኣሎም። ምእንቲ ብዅሉ ነገር ዝኣኽለና ምስ ረኸብና፥ ደስ ዘብለካ ሠናይ ተግባር ክንገብር ክንክእልሲ ንልብና ሓጐስI ደስታI ምጽንናዕI ፍስሃI ጸጋን ምላእ። ኦ ጐይታ ንናህሪ ዕዳጋ ዕገት፥ ንዕዳጋና ብሰማያዊ በረኸትካ ምላእ። ኦ ጐይታ ነዛ ዓመት እዚኣ ብርኅራኄኻ ባርካ፥ ኦ ጐይታ ነዝርእትን ነትክልትን ፈልስን ፍረ ምድሪን፥ ልክዕ ከምቲ ንደቂ እስራኤል ኣብ ማእቶት ሻዱሸይቲ ዓመት ዝባረኽካ ብበረኸትካ ኣብዝኅ።

ኦ ጐይታ ንጉባዔናን ንዅሉ ኦርቶዶክሳዊ ጉባዔን ባርኽ፥ ንኣቦናን ጐይታናን ፓትሪያረክ ኣቡነ............ናይ እዚ ዘለናዮ ዘመን ፓትሪያረክ ብሕይወት ዕቐበልና ኣብ ልዕሌናውን



ኣሠልጥኖ። ኦ ጐይታ ንዕኡን ንሕዝቡን ካብ ኵሉ ውርደትንI ፈተናንI ሓዘንን ኣድኅኖ። ከምኡውን ኣብ ሓዋርያዊ ኣገልግሎቱ ደገፍቱ ኣቦታትና ጳጳሳትI ኣቦታትና ኢጲስቆጳሳትI ኣቦታትና ቆሞሳትI ኣቦታትና ካህናትI ኣኅዋትና ዲያቆናትI ኣቦታትና መነኮሳትI ኣኅዋትና መእመናንI ከምኡውን እዞም ሕጂ ኣብዚ ምሳና ተኣኪቦም ዝጽልዩ ዘለውን፥ ኹሉ ጸሎት ኦርቶዶክሳውያንን እንሆ ምእንቲ ኅድገት ኃጢኣቶምን ድኅነት ነፍሳቶምን ንል ምን። ባርኸናን ባርኮምን። ፍትሓናን ፍትሓዮምን። ብቐትርን ብጸላምን፥ ብጉሁድን ሕቡእን፥ ብገዛእ ፍቓድን ብግዴታን፥ ብዝሓለፈን ብዝመጽእን፥ ኃጢኣትናን ኃጢኣቶምን ኅዲግካ መሓረናን መሓሮምን። ኦ ጐይታ ንጉባዔታትን ቅድስቲ ቤተክርስትያንካን ዘለኣለማዊ ዕብየት ሃብ። ኦርቶዶክሳውያን ገዳማትና ሸማግለታተንን ኣገልገልታተን መራሕተንን ንኵሎም ኣብኣን ንዝነብሩንI ሰላምን ህድኣትን ፍቕርን ምትእምማንን ኣብኦም ኣኅድር፥

በታ ጽንዕቲ ኢድካን ኃያል ቅል ጽምካን ዕቀቦም። እቲ ክፉእ ጸላኤ-ሠናያት ብቐጥታን ይኹን ብኢደዙር ኣብ ልዕሌናን ኣብ ልዕሌኦምን ንኸወቅዕ ዕድል ኣይሃልዎ፣ ኣብ ትሕቲ ኣእጋርናን ኣእጋሮምን ርገጽ።

ኦ ጐይታ ካብቲ ዝርኣን ዘይርኣን ክፉእ ፈተናታት፣ ካብ ተንኮልን ውድቀትን ዕቐበና። ኦ ጐይታ ንኣቦታትናን፤ ኣዴታትናን፤ ኣኅዋትናን፤ ስድራናን፤ ኣዝማድናን፤ መምሃራናን፤ ሥጋውያንን መንፈሳውያንን ደቅናን፤ ንኹሎም ውሉደ ጥምቀትን ብሓበራ ተዘከር። ኦ ጐይታ ነቶም ካብ ግንዘቦምን ረሃጾምን ዝመገቡና፤ ኣብ ኣባይቶም ዝተቐበሉናን፤ ካብ ርካቦም ዝለገሡልናን ተዘከር። ኦ ጐይታ ነቲ ኃላፊ ብነባሪ፣ ነቲ ምድራዊ ብሰማያዊ ተክኣሎም፣ ኣባይቶምን ማዕከኖምን ብኹሉ ሠናያት ምላእ። ኦ ጐይታ ንሓንቲ፣ ብሠላሳን ሱሳን ሚእትን ኣኻዕብተሎም። ኦ ጐይታ ኃጢኣቶም ኃዲግካ ርስቲ መንግስተሰማያት ኣካፍሎም። ኦ ጐይታ ነቶም ስለፍቕርኻን ንኽ



ብሪ ስምካን ኢሎም፣ ብጽቡቕ ገጽ ነዓናን፣ ንመሳኪን ኣኅዋትናን ጸቡቕ ግብሪ ንዝገበሩ፣ ተዘከሮምን ባርኾምን። ኦ ጐይታ ብመባእን ብቑርባን ብመስዋዕቲን ብወይኒን ብዘይትን ብዕሽርን ጦኽራትን ብዕጣንን ብመጋረጃን ብመብጽዓን ብመጻሕፍቲ ንባባትን ኣቕሑ ቤተ መቕደስን ብምሃብ ንዝግደሱ ተዘከሮም። ኦ ጐይታ ንህያባቶም ብኅደገት ኃጢኣት ተክኣሎም። ኣብ ምድሪ ሕጉስ መዋዕል፣ ኣብቲ ዝመጽእ ከኣ ናይዘለዓለም ሕይወት ሃቦም።

ኦ ጐይታ ነቶም ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብቅኑዕ እምነት ነይሮም ቀዲሞምና ንዝዓረፉ ኣቦታትናን ኣኅዋትናን ተዘከር፣ ኦ ጐይታ ነፍሶም ብሓበራ ኣብ ሕቕፊ ኣቦና ኣብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን፣ ኣብ ገነት-ሰማይ ሃገረ-ሕያዋን ኣዕርፎም። ነቶም ብሕይወት ዘለና ኸኣ ነፍስና ንምድኅን ርድኣና። ንሕይወትናውን ከምቲ ሠናይ ፍቓድካ ምርሓያ። ኦ ጐይታ ኣነ ንዑቕን፤ ምግዱርን፤ ድኹምን፤ ኃጢኣተኛን መከረኛን፣ ኣብ ቅድሚኻ ኪቐውም ዘይብቑዕ እየ እሞ ዘክረኒ። ብምኽንያት ብዝኂ ኃጢኣተይን ገበነይን

ኣይትንጸገኒ። ኦ ጐይታ ንድኅነት ሕዝብኻ ኵሉ ግዜ ትእምርቲ መሕወዪ መስቀልካ ኣልዕል፣ ኦ ጐይታ ምሕረትካ ኣብ ጽዑራት፣ ደገፍካ ድማ ኣብ ግዙኣትን ግፉዓትን ኣውርድ። ኦ ጐይታ ነዓናን ንኵሎም ኣብ ጸበባ ዘለዉን ሕዝብኻ ኣድኅን። ንዝሓመሙ ኣሕውዮም፣ ኦ ጐይታ ንኹሉ ክርስትያን ሕዝብኻ ካብ ምብራቕ ፀሓይ ክሳዕ ምዕራብ፣ ካብ ሰሜን ክሳዕ ደቡብ፣ ኣብዚ ሕጂ ምሳና ንዘለዉን ንዘየለዉን ብኣምላኻዊ ቃልካ ንኽባረኹን ክፍትሑን ኣብቅዓዮም። ከምቲ ኑቲ ኣብ የማንካ ዝተሰቅለ ሰራቒ ኣብ ዕፀ መስቀል እንክሎኻ ልማኖኡ ተቐቢልካ ኣብ ሰማያዊት ገነት ዘእተኻዮ፣ ነዓናውን ተቐበለና።

ኦ ጐይታ ንዘኽታማት፤ ንመበለታት፤ ንዝተጨውዩ፤ ንስንኩላት፤ ንኹሎም እቶም ዘካሪ ዘይብሎምን ዘክር። ኦ ጐይታ ነዓናን ንዕኦምን ኣብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ተዘከረና። ኦ ጐይታ ደው ዝበሉን፤ ኮፍ ዝበሉን፤ ደቂሶም ንዘለዉን፤ ግምስስ ንዝበሉን፤ ብምድሪ፤ ብባሕርን ብኣየርን ንዝገሹ፤ ኣብ ጽንኩር መገዲ፤ ኣብ ቀሊል መገዲ፤ ኣብ ስንጭሮታት፤



ኣብ መገዲ ኣጋር፤ ኣብ ጎቦታት፤ ኩርባታትን በዓትታትን ዘለዉ፤ ኣብ ሓለዋ፤ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ፤ ኣብ ምርኮን ስደትን ዘለዉ፤ ብጽኑዕ ማእሠር ጸላኤ-ሠናያትን ብባዕዳውያን ገዛእትን ንዝተኣሠሩን ዝተቐየዱን ዘክር። ንኹሎም ከኣ ብጥዑያቶምን፤ ብዓወትን፤ ብረብሓን መኽሰብን፤ ብጥዕና ነፍስን ሥጋን መንፈስን፤ ምድኃንን ደስታን ሓጐስን ኣብ ዝርከቦ ወደብ ምለሶምን ኣእትዎምን። ኦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዛ ጸሎትና እዚኣ ኣብ ቅድሜኻ ብዘይ ተንኮል፤ ብዘይ ትዕቢት፤ ብዘይ ኵርዓት፤ ብዘይ ጃህራ፣ ብዘይ መንቅብ ቅብልቲ ንኽትከውን ግበር። ኦ ኣምላኽ ፍቓድካ ክንገብርን ብትእዛዛትካ ክንመላለስን ርድኣና። ካብቲ ቅድሚ ሞት፣ ኣብ ግዜ ሞትን፣ ድኅሪ ሞትን ዘሎ ስቅያት ኣድኅነና። ኦ ኣምላኽ ንሽኻ ርኅሩኅ፣ በዓል ነዊኅ ትዕግስትን ምሕረትን ኢኻ። ኦ ኣምላኽ ኣፍደገታት ቤተክርስትያንካ ኣብ ቅድሚ ገጽና

ንነዊሕ ዘመናትን መዋዕልን ክሳዕ ዘለዓለም ዓለም ርኅውቲ ግበራ።

እ ኣምላኽ ከምቲ ዓቢይ ምሕረትካ መሓረና። በታ ማዕከን ንጽሕናን ቀንዲ ወሃቢት በረኸትን ዝኾነት ኣማላድነት፥ ናይ ኣደ ኵልና ንግሥቲናን ኵርዓት ዘርእናን፥ ፍጽምቲ ድን ግል ምዕዝቲ ማርያምንI ብኣማላድነት ክቡር ሰማዕት ቅዱስ ማርቆስ ወንጌላዊ ናይ ሃገረ ግብጺ ሰባኺ ሓዋርያ፥ ብኣማላድነት ኵሎም መላእኽትን ኣቦታትን ነብያትን ሓዋርያትን ሰማዕታትን ቅዱሳንን፥ ብጸሎት እቶም ብጾም ን ጸሎትን ዝጋደሉ ስዉራንን ባሕታውያንን ኵሎም እቶም ካብ ኣዳም ኣትኂዞም ክሳዕ መወዳእታ ዘመናት ብሠናይ ተግባሮም ንዓኻ ዘሥመሩን ተዘከረና። እ ሥሉስ ቅዱስ፥ ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ንዓኻ ንሰግድ፥ ሎምን ኵሉ ሳዕን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።